ናይ ዕለታዊ ንባብ
"መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ንዓኽ"

ሕታም 1

ጥሪ - ለካቲት - መጋቢት
2025

ጥዑምብስራት

መዓልታዊ

ናጸ
ክሽየጥ ይብሉን
እቲ ናይ ዕለታዊ ንባብ
ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ
ብናጸ ትትዝርጋሕ አለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

Uebert & BeBe
ANGEL

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ንሓያሎ ዓመታት ኣብ ናይ ምሉእ ግዜ ኣገልግሎት ብምንጣፍ፣ ናብ መላእ ዓለም ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ብምብሳር፣ ከምኡውን ነቲ ኣብ መላእ ዓለም ዘሎ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ኣብ ምእዋጅ ፈለምትን መራሕትን ድምጺ ኰይኖም የገልግሉ ኣለዉ። ክልቲኦም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer ከምኡውን ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ብምድራስ፣ ኣዝዮም ህቡባት ደረስቲ ኢዮም።

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ተደለይቲ ዝኾኑ መደርቲ ዋዕላ (conference) እዮም። ከም ዓለምለኻዊ መራሕቲ መጠን ድማ በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ክብሪ ረኺቦም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy)) ምኂኖምን ናይ ነብዩ ኦፊስ ብምሓዞምን፣ ነፍሳት ንምድሓን ኣብ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ (ዩጌልዮን) ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቕጾጸሩ ሰባት ተንኪፉን ደሪኹን እዩ።

ብዛዕባ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዕለታዊ ንባብ

ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣ ንነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ናይ ዓመት መንፈሳዊ ሃብቲ ንምሃብ ብጥንቃቐ ዝተጻሕፈት ልዑል ክብሪ ዘለዋ ናይ ክርስትና ጸጋ እያ። ንኣንበብቲ ክርስቶስ ዘማእከለ ህይወት ንምምራሕ ዝዓለመ ዓሚቕ ርድኢታትን፣ ሓያል ምግላጻትን፣ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጃትን ተቕርብ። እዚ ድማ ኣብቲ ለውጢ ዘምጽእ ትምህርትን ምግላጽን ናይ ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝተሰረተ እዩ። ኣብ ረርብዒ ዓመት እናተሓትመት፣ እዛ መጽሓፍ ናብ መላእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጕማ ብናጸ ብምዝርጋሓን፣ ናይ ቋንቋ ዕንቅፋታት ብምስጋራን፣ ከምኡ ውን ነቲ ህይወት ዝልውጥ መልእኽትታታ ኣብ መላእ ዓለም ብምብጽሓ ጸብለል ዝበለት ኢላ ትርከብ።

ረቡዕ፣ 1 ጥሪ

ትዕቢት ቅድሚ ውድቀት ትመጽእ

1ይ ጴጥሮስ 5:5
ኣቱም መንእሰይ፡ ከምኡ ነቶም ዚዐብዩኹም ተገዝእዎም። ኣምላኽ ንዕቡያት ይመዓዐቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ እሞ፡ ኮላትኩም ንሓድሕድኩም ምእንቲ ኽትግዝኡ፡ ትሕትና ተዐጠቕ።

'ትዕቢት ቅድሚ ውድቀት ትመጽእ' ዝብል ምስላ ኣብ መንጎ ክርስትያናትን ዓለማውያን ማሕበረሰባት ኣዝያ ህብብቲ እያ፡ ከምኡ ውን ዝተፈላለዩ ስነ-ጽሑፋዊ ጽሑፋት፡ መደረታትን ካልእ ማዕከናት ባህልን ክውከስዋ ትግንዘብ ኢኻ። መበገስን ትርጉምን ናይዚ ምሳሌ ምሉእ ብምሉእ ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መትከላት ዝተመርኮሰ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ በረኸት ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ክትጭብጦ እንተደሊኻ ትዕቢተኛ ከምዘይኮንካ ከተረጋግጽ ከምዘለካ ይነግረና።

ብዙሓት ሰባት ሎሚ ብጭቡጥ ትዕቢት እንታይ ማለት ምኺኑ ብዘይምፍላጦም ብትዕቢት ይብልዑ ኣለዉ። ትዕቢት ምስ ዝህልወካ፣ ነቲ ኣብ ህይወትካ ዝሰርሕ ጸጋ ኣምላኽ ከየለለኻን ሽለል እንዳ በልካን ኣብ ዓቕምኻ ልዕሊ ዓቕን እምነት ይህልወካ። እዛ ኣብ ላዕሊ ዘለ ጥቕሲ፡እግዚኣብሄር ንዕቡያት ከም ዝቃወም፡ ብኣንጻሩ ግን ንትሑታት ጸጋ ከም ዝህቦም ተርእየና። ሓድሽ ዓመት ኣብ እንጅምረሉ ዘለና እዋን፡ እቲ ዝዓበየ ክስበር ዘለዎ ሰንሰለት፣ ሰንሰለት ናይ ትዕቢት እዩ። ሎሚ ዓመት፣ ምስክርነትካ ብሰንኪ ትዕቢት ክዕንቀፍ ኣይትፍቀደሉ። ኣብዚ ዓመት እዚኣ፣ ትሕትና ለቢስካ ምሉእ መግለጺ ዓመትካ ከም ሰባሪ ሰንሰለት ርኣ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ ሓድሽ ዓመት፣ ብሳላ ትሕትና ናብ በረኽቲ ክድይብ እዩ። ትዕቢት ክበልዓኒ ፈጺመ ኣይፈቅድን እዩ። ኣብ 2025 ንዓይ ንምዕንቃፍ ዝተፈጥረ ኩሉ ሰንሰለት ብስም የሱስ ተሰቢሩ ኣሎ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 16:18

ንናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ ክትጅምር ተዳሊኻ ኣለኻዶ፡
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 1-3

ሓሙስ፣ 2 ጥሪ

ንንግሆኻ ምእዛዝ

ኢዮብ 38: 12-13
ንወሰናት ምድሪ ኺሕዞ እሞ፡ እቶም ረሲኣን ተደርብዮም ምእንቲ ኺወጹ፡ ካብ እትውለድ ጀሚርካስ፡ ንንግሆ ኣዚዝካዮ፡ ወይስ ንወጋሕታ ሰፍራኡ ሐቢርካሉዶ ትፈልጥ ኢኻ፣

ንንግሆኻ ክትእዝዝ ከም እትኽእል ትፈልጥ ዲኻ፣ ንብዙሓት ክርስትያናት ነዚ ሕቶ እዚ ብቕንዕና ዝህብዎ መልሲ፡ 'ኣይፋልን!' እዩ። ዋላ እኳ ቃል ኣምላኽ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣገዳስነት ንመዓልትኻ ምእዛዝ እንተገለጸ። ብዙሓት ግን ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ሓይሊ ከይተረድኡ ብዑረት እዮም ኣብ ህይወቶም ዝመላለሱ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን፣ ንመጻኢኻ ጌና ከይ በጻሕካያ ከለኻ ንኽትቀርጻ ኣምላኽ ሓይሊ ሂቡካ ኣሎ። እዚ ሓይሊ እዚ ግን፡ ኣብ ክንዲ ንንግሆኻ ምእዛዝ፡ ኣብታ ዝተበራበርካሉ ህሞት ናብ ስልክኻ መልእኽቲ እንተሃልዩካ ምፍታሽ ቀዳምነት ክትህቦ ከለኻ፡ ምሉእ ብምሉእ ኣይጭበጥን እዩ።

ካብዚ መዓልቲ እዚ ጀሚርካ ነዚ ኣምላኽ ዝሃበካ ክእለት፣ ኣገዳሲ ባእታ ናይ ንግሆ ልምድኻ ግበሮ። መዓልትታትካ ክትእዝዝ ከለኻ፡ ንመጻኢኻ ዝኸውን መስመር ትሕንጽጽ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንሰንሰለታትን መደባትን ጸላኢ እውን ከይተረፉ ክጎድኡኻ ዕድል ከይረኽቡ ኸለዉ ትሰብሮምን ተፍሽሎምን ኣለኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

መዓልተይ፣ ሎሚ ዕዉት መዓልቲ ንክህልወኒ ምድላዋት ግበሪ። መዓልተይ፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወተይ ዘለዉ ሰንሰለታት ዝሰባበሩላ መዓልቲ ከም እትኸውን እእውጅ ኣለኹ። ኣነ ኣብ 2025 ርጉጽ ዓወት እየ። ሃሌሉያ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 5:3

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 4-7

ዓርቢ፣ 3 ጥሪ

ጸላኢ ኣብ ብርኩ ተምበርኪኹ

ፊልጲ 2: 9-11
ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ብርኪ ብስም የሱስ ምእንቲ ኺምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምኻኑ ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ኹሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኩሉ ስም ልዕል ዝበለ ስምውን ዝሃቦ።

ኣብ ህይወትካ ዘጋጥመካ ኩሉ ኩነታት ኣብ ሰማይ ይኹን ኣብ ትሕቲ እዛ ምድሪ፣ ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክምብርከኽ ከም ዘለዎ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና። ይኹን እምበር፡ ብዙሓት ክርስትያናት ግን ስም የሱስ ኣብ እተጠቕሙሉ እዋናት ኩነታቶም ዘይተቐየረሉ ወይ እውን በንጻሩ ዝገደደሉ ሓያሎ ኣጋጣሚታት ኪጠቕሱ ይከኣሎም እዮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ፍሉጥ እዩ፣ ኣብቲ መበቈላዊ ኣተረጓጉማኣ፡ እታ ‘ስም’ እትብል ቃል፣ ናብ “ኣኖማ” (anoma) እያ ትትርጐም። ንሱ ድማ ባህርይ ወይ ጠባይ ማለት እዩ። ብዙሓት ሰባት ስም ኣምላኽ ይጽውዑ እዮም፣ ህይወቶም ግን ብዝኾነ ይኹን መገዲ ኣምላኻዊ ባህርይ ዘንጸባርቕ ኣይኮነን።

ስም የሱስ ክርስቶስ፣ ሰንሰለት ንምስባር ጥራይ እትጥቀመሉ ፓስዎርድ (password) ዘይኮነስ፣ ህይወትካ መስትያት ናይቲ ክትረኽበ እትደልይ ዘለኻ ሓይሊ ክትከውን ዝሕግዝ ነገር እዩ። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ንባህርይ ክርስቶስ ተንጸባርቕ ከም ዘለኻ ኣረጋግጽ እሞ ኣብ ህይወትካ ጸላኢ ተምበርኪኹ ክትርእዮ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ነጻብራቕ ናይቲ ኣባይ ዘሎ ህያው ኣምላኽ እያ። ሎሚ ንባህሪኡን ጠባዩን እንዳ ወነንኩ፣ ስም እግዚኣብሄር እጽውዕ ኣለኹ። ኩሉ ክስበር ዘድልዮ ሰንሰለታት ሎሚ ክስበር እዩ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ሮሜ 14፡11

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 8፡1-11፡9

ቀዳም፣ 4 ጥሪ

ብጌጋ ኣይኮንካን ተፈጢርካ

ትንቢት ኤርምያስ 1: 5
ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሀነጽኩኻ ፈለጥኩኻ፡ ካብ ማሕጸን ከይወጻእካ ኸኣ ቀደስኩኻ፡ ነህዛብ ነብዪ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ፡ በለ።

ንስኻ ብጌጋ ዝተፈጠርካ ኣይኮንካን። ብዙሓት ሰባት መዓልታዊ ህይወቶም ውድኢት ናይ ድሕረ ባይታኦምን ሕሉፍ ኩነታቶምን ዝነበርዎ ኣከባቢን ገይሮም እዮም ዝሓስቡ። እንተኾነ ግን ቃል ኣምላኽ ቅድሚ ምፍጣርካ እውን ከይተረፈ ኣብ ህይወትካ ዝወረስካዮ ክቡር ነገር ከም ዝነበረ ይሕብረና። ኣብታ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፣ ኣምላኽ ንኤርምያስ ኣብ ማህጸን ቅድሚ ምምስራቱ እውን ከይተረፈ ነህዛብ ነብዪ ገይሩ ኸም ዝሸሞ ኪገልጸሉ ኸሎ ኢና ንርኢ ። ብተመሳሳሊ መንገዲ፣ ኣምላኽ ብኣካላዊ መዳይ ቅድሚ ምምጻእካ እውን ከይተረፈ ኣብ ህይወትካ ክብሪ ኸም ዘቐመጠ ብቓሉ ኣቢሉ ገሊጹ ኣሎ ።

ከም ውሉድ ኣምላኽ ምኺንካ መጠን፣ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ዘንበሮ ዋጋ ኣለሊኻ ብኡኡ ኽትመላለስ ሓላፍነት እዩ። ንስኻ ሰባሪ ሰንሰለትን ዘየቋርጽ ምንጪ ሓይልን ኢኻ። በቲ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ተተባባዕ፣ በረኽት ኣምላኽ ድማ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ተራእዩ ብዘይፈልጥ መገዲ ኽትርኢ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብጌጋ ኣይኮንኩን ተፈጢረ። እግዚኣብሄር ከም ፍሉይ ህያብ ምስ ዘልኣለማውን ኣገዳስን ዋጋታት እዩ ፈጢሩኒ። ኣነ ፍርሒ የብለይን። እግዚኣብሄር ኣባይ እዩ ዝነብር፣ ነዚ ድማ ሎሚ ንዕድለይ ክጥቀመሉ እየ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 139፡14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 11፡10-14፡13

ሰንበት፣ 5 ጥሪ

ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ ሃቦ

ወንጌል ሉቃስ 22:53-54
ኣብ ቤተ መቕደስ ኮሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም ነይረ፡ ኣእዳውኩም እኳ ወስ ኣየበልኩምለይን። እዚኣ ግና ጊዜኹምን ስልጣን ጸልማትን እያ፡ በሎም። ሒዞም ከኣ ወሰድዎ፡ ናብ ቤት ሊቀ ኻህናትውን ኣእተውዎ። ጴጥሮስ ከኣ ርሕቕ ኢሉ ይስዕቦ ነበረ።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ድሕሪ ክሕደት የሱስ ክርስቶስን ስዒቡ ዝመጸ ምእሳሩን እያ ትስዕብ። ኣብዛ ህሞት እዚኣ፣ ሓደ መንፈሳዊ ክውንነት እዩ ተገሊጹ። ጎይታ የሱስ "እዚኣ ግና ግዜኹምን ስልጣን ጸልማትን እያ" ይብል። ነታ ጸላኢ ዝተዓወተላ ዝመሰለቶ ህሞት ጎይታ የሱስ ኣፍልጦ ብምሃቡ ዶ ኣይገርምን፡ ግናኸ፣ ኣብ መለኮታዊ መደብ ኣምላኽ ተራኦም ይጸወቱ ከም ዝነበሩ ኣይፈለጡን። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ መዓልቲ ጥራይ፡ እቲ ካብ ሞት ዝተንስኣ፡ ዝኸበረ ወዲ ኣምላኽ፡ ኮሎም፣ ነቶም ኣንጸሩ ውጥን ዝሓንጸጹ ውን ሓዊስካ፡ ንክርእይዎ ተገልጸ።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ህይወትካ ጸላኢ ዝተዓወተሉ ኣብ ዝመስለሉ ኩነታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ምስናይዚ ግን እታ ሰዓትን ሓይሊ ጸልማትን፣ ኣካል ናይቲ ንዕቤትካ ዝተወጠነ መደብ እያ። ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ተኣምመን፣ ንህይወትካ ድማ ምሉእ ብምሉእ ናብ ዝሓሸ ከሰጋግሮ ክሎ ክትርእን ክትምስክርን ኢኻ። ኣብቲ ንሞት ገጽ ንገጽ ኣተኩሩ ዝረኣየን ዝሰዓረን ኣምላኽ ተኣማመን። ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብ ህይወትካ ከም ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ገይሮም ሰንሰለታት ክስበሩ ከለዉ ክትዕዘብ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከም'ቲ ሃልሃልታ ሓዊ ንላዕሊ ኣቢሉ ዝድይብ፡ ኣነ'ውን ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ሓድሽ ጥርዚ ይበጽሕ ኣለኹ። ዝኾነ ይኹን መጻኢየይ ንከፍሽል ዝዓለመ ውጥን ጸላኢ ካብ ሎሚ ጸጥ ኢሉ ኣሎ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 30፡11-12

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 14:14-18:8

ሰኑይ፣ 6 ጥሪ

ዘሰምብድ የለን

መዝሙር ዳዊት 91:11-12
አብ ኵሉ መገድኻ ኺሕልዉኻ፣ ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ እሞ፣ እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍሲ፣ ኣብ ልዕሊ ኣእዳዎም ኪጸሩኻ እዮም።

ኣምላኽ፡ ዝኾነ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ጸላኢ ክረኽበካ ዘይክእለሉ ዓይነት ህይወት ክትነብር ከም ዝመደበልካ እንተዝነግረካ እንታይ ምበልካ፡ ከም ክርስትያን መጠን ብመጥቃዕቲ ዲያብሎስ ክትስንብድ ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ። እግዚኣብሄር መላእኽቱ ኣብ ልዕሌኻ ሓላፍነት ሂብዎም ኣሎ፣ እዚ ማለት ካብ ጉድኣት ንክከላኸሉልካ ኩሉ ግዜ፣ ብዘይ ምቁራጽ ኣብ ስራሕ እዮም ዝርከቡ።

ከም ውላድ ህያው ኣምላኽ መጠን፡ ፍርሒ ወይ ጭንቀት ዝኣመሰሉ ነገራት ንመዓልትኻ ከበላሽዉ ፈጺምካ ክትፈቅድ የብልካን። ምኽንያቱ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ንህይወትካ ዝምልከት ናይ ድሕነት ሓለዋ ኣቐሚጡ ስለ ዘሎ። ናይ ፍርሒ ህይወት ክትነብር ከለኻ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ብክርስቶስ ዘለካ ሓለዋ ኢኻ ተቋናጽቦ ዘለኻ። ንዲያብሎስ ድማ ክረብሓልካ ተፍቅደሉ ኣለኻ። ኣብ ትንቢት እተተንበየላ ዓመት ኢና ዘለና። ሰንሰለታት ንስኻ ምስ ኣዘዝካዮም ካብ ምውዳቕ ሓሊፎም ካልእ ኣማራጺ የብሎምን። ነቲ ካብ ዝበርትዐ ስርዓተ ጸጥታ ንላዕሊ፣ ንቜሕ ዝኾነ ኣምላኽ ከም እተገልግል ዘለኻ እንዳ ተረዳእካ፣ ቀጻሊ በዚ ክውንነት ተመላለስ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ፈጺሙ ክስንብድ ኣይክእልን እዩ። ፍርሕን ጭንቀትን ድማ ንህይወተይ ፈጺሙ ኣይከሰቕያን እዩ። ኣምላኽ 24/7 ብዘይ ምቁራጽ ዘገልግሉኒ መላእኽቲ ኣለዉዎ። ኩሉ ግዜ ንቜሕ ዝኾነ ኣምላኽ እዮ ዘገልግል። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 3:3

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘፍጥረት 18:9-21:21

ሰሉስ ፣ 7 ጥሪ

ጨናፍር ኣታኽልቲ ወይኒ

ዮሃ 15:5
እቲ ጕንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ።

ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኗንካ መጠን ምስ ሓንቲ ፍጽምቲ ተኽሊ ወይኒ እተተሓሓዘ ጨንፈር ኢኻ፡- ብዛዕባ ኣትክልትን ኣከባብን ኣብ እተገብረ ምርምር ሓደ ተኽሊ ወይኒ ንጨናፍሩ ማይን ምግብን ከም ዝህብ እሞ እዚ ድማ ኣብ ዕቤት እቲ ተኽሊ ግደ ከም ዘለዎ ተጸኒው ። ጨናፍር እቲ ዘለኣለማዊ ወይኒ ዝኾነ፣ የሱስ ክርስቶስ ከም ምኗና መጠን ንደቁ ማይ ሂወትን ኣካላዊ ጥዕናን የውሕዘልና ኢዩ። ናይ መን ወይኒ ምኗንካ ምስ ፈለጥካ ሕማም ወይ ፌራ ንኣካላትካ ኽወቕፆ ኣይትፈቅድን ኢኻ። ህይወት ክርስቶስ ኣባና ከም ዘላ መጽሓፍ ቅዱስና ይገልጽ ኢዩ፣ ስለዚ ጸላኢ ክገብረካ ዝፍትን ነገር ኣይትፍራሓዮ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሃዋርያ ጳውሎስ ነዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ኣራጕድዋ ኣሎ፣ በቲ ዝህበኒ ሓይሊ ብክርስቶስ ኩሉ እኽእል እየ። ከም ጨንፈር መጠን፡ ብሰንኪ እቲ ኣምላኽ ዝሃበ ሓይሊ፡ ፍጹም ዝኾነ ነገር ናይ ምግባር ክእለት ከም ዘለዎ ኣስተውዓለ። ምስ መን ከም ዝተኣሳሰርካ ኣለልይ፣

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብታ ዘለኣለማዊት ተኽሊ ወይኒ ኣምላኽ ጨንፈር እየ፣ ምንጪ ሓይለይ ካብኡ እዩ ዚመጽእ። ሎሚ ብዛዕባ እቲ ክመጻኒ ዚኽእል ዝኹነ ይኹን ብድሆ ኣይክጭነቕን እየ። ምስቲ ብሉጽ ወይኒ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ተኣሳሲረ ውን ኣለኹ፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጲ 4:13

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 21:22-24:27

ረቡዕ ፣ 8 ጥሪ

ኩሉ ንኽብሩ

1ቆረ 10:31
እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፡ ወይስ እንተ ሰቴኹም፡ ወይስ ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርኩም፡ ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ።

እዛ ጥቕሲ እዚኣ ኣብቶም ኣብ መላእ ዓለም ዚርከቡ ክርስትያናት ኣዝያ እትፍቶ እኳ እንተ ኹነት ብዙሓት ግን ኣይጥቀሙላን ኢዮም። እዛ ጥቕሲ እዚኣ ፈኪስ እኳ እንተ መሰለት ግናኸ ሓያልን ዓሚቕን መልእኽቲ ሒዛ ኣላ፣ ኮሉ ዘለካ ንኽብሩ ከተግዝኦ ብሓቂዶ ወሲንካ ኢኻ? ህይወትካ ምእንቲ ኽብሪ ኣምላኽ ምንባር ማለት ልዕሊ እቲ ናብ ቤተ-ክርስትያን ፕሮግራማት ክትካፈል ኢልካ ሰንበት ሰንበት ምኻድን ናይ ቤተክርስትያን ኣገልግሎት ምስታፍን ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ ንኹሉ መዳይ ህይወትካ ብክርስቶስ ክትመሓደር ምምራጽ ማለት ኢዩ!

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት እቲ ንኣምላኽ ዘይተወፈየ ዘበለ፣ድያብሎስ ክጥቀመሉን ንጥፍኣትካ ከቅንዖ ክፍትን ከሎን ኢና እንርእይ። ኣብ ኩሉ ጉዳያትካ፣ ሓዳርካ ስራሕካ ከምኡውን ንዓኻ ዝምልከት ዝኹነ ይኹን ነገር ንምግባር ንኣምላኽ ከተማእክሎን ንዕኡ ክትውፍዮን ተለማመድ። ከምኡ እንተ ጌርካ ንኹሉ ዓይነት ሰንሰለታት ንክትሰብሮን፣ ከምኡ ድማ ጸላኢኻ ንኽብርሰካን ንከጥቅዓካን ምኽንያት ኣይክትህቦን ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ምሉእ ህይወተይ ንኣምላኽ ክግዛእ መሪጸ ኣለኹ። ካብ ሕጂ ንደሓር ኮሉ እቲ ዝገብሮ ነገራት ንኽብሩ ጥራይ ኪኸውን እዩ። መደበት ሂወተይ ንኣምላኽ ግሉጽ ብምግባር ዓወት ኸም ዝረኽብኩ ርግጸኛ እየ ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 16፣ 3

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 24:28-26:35

ሓሙስ ፣ 9 ጥሪ

ንልብኻ ስምዓዮ

ኤር 17:9
ልቢ ኻብ ኩሉ ጐራሕን ኣዝዩ ሕሱምን እዩ፡ መንከ የስተውዕሎ

ከም ልብኻ ስምዓዮ ወይ ልብኻ ስዓቦ ዝኣመሰሉ ሓረጋት ብሰፊሑ ተፈተውቲ ክኾኑ እንከለዉ፡ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ከምዘይኮኑ ዘይምፍላጥካ ውን ክገርመካ ይኽእል እኸውን፡ ምስ ክርስቶስ ኣብ እትኸይድ ምጉዓዝ እውን ኣይሕግዘካን እዩ፡- ከምዚ ዝኣመሰለ ኣበሃህላታት ነቲ ኣምላኽ ኣባኻ ዘቐመጦ ሓይሊ ንምንካይ ኣብ ከም ስነ፡ጽሑፍ፡ ደርፊ ወይ ንባብ ዝኣመሰሉ ዓለማዊ መራኸቢታት ይድፋእ እዩ። ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ፣ ልዕሊ ኩሉ ነገር እዩ ዝብል ዘሎ፥ ካልእ ገለ ዘይኮነስ፣ ዝበዝሑ ዘይኮነስ፣ ልዕሊ ኩሉ ነገር ግን ልቢ መታለሊ ምኺኑ ትሕብር።

ከም ውሉድ ኣምላኽ ምኺንካ መጠን፣ ልብኻ ኺውስን ከይትፈቕደሉ፤ እትገብሮ ምርጫታት ወይ ጸገማት ኬስዕበልካ ዝኽእል ርዝነት ኣብ ህይወትካ ኣለዎ። ልቢ ኣዝዩ እኩይ ኢዩ፣ እንተድኣ ሰሚዕካዮ ኸኣ ከይተፈለጠካ ኣብ ኢድ ጸላኢ ከማርኸካ እዩ። ኣብ ክንዳኡስ በቲ ኣባኻትኩም ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ተመርሑ ፣ እዚ ኸኣ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ንኽትጓዓዙ ኺመርሓኩም እዩ። ብስምዒት ወይ ስምዒታት ልቢ ዘይዕብለል ህይወት ክትመርሑ፣ ተማሃሩ፡-

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ተንከል ነጺገ፣ በቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ ጥራይ ክምራሕ እመርጽ። ሎሚ ኣብ መንገደይ ደው ክብል ዝደፈረ እምባ ኩሉ ብሓይሊ ኢየሱስ ይደምሰስ። ንነፍሲ ወከፍ ዕንቅፋትን መደብ ጸላእን እናጨፍለቕኩ ብመለኮታዊ መምርሒ እየ ዝኸይድ። ዓወት ናተይ እዩ በቲ ሓያል ስም የሱስ፡- ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 32:8

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 27-29

ዓርቢ ፣ 10 ጥሪ

መስጎግቲ እምበር ጣቅዒት ዘይረኸቡ

ገላትያ 1:10
ሕጂኸ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ እየ ባህ ዘብል ዘሎኹ፡ ወይስ ንሰብ ከሐጕስ ድየ ዝደሊ ዘሎኹ፡ ገና ንሰብ ከተሐጕስ አንተ ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ ኣይምኾንኩን ነይረ።

ሎሚ ብዙሓት ሰባት ብኻልኦት ሰባት ህቡባት ወይ ፍቱዋት ንኽኾኑ ድሌት ኣለዎም። ኰይኑ ግና፡ ብግዜ ጥንቲ፡ መብዛሕትኦም ሃዋርያትን ነብያትን፡ኣብ ክርስትና ብኽብሪ ዓበይቲ ዚነበሩ ሰባት፣ ብሰንኪ ኣብ ኣምላኽ ምእማኖም ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈሉ እዮም።

ሃዋርያ ጳውሎስ፡ ኣብ ትሕቲ ማሕፀር ሮሜ፡ ኣብ ዝነበረሉ እዋን መጽሓፍ ሓድሽ ኪዳን ጸሓፈ። ኤርምያስ በቶም ዝቐርብዎ እውን ከይተረፈ ብቐጻሊ ይጥቃን ይጽላእን ነይሩ። ዮሃንስ ድማ ኣብ ደሴት ጳጥሞስ ተኣሲሩ ኸሎ ንመጽሓፍ ራእይ ጸሓፈ። እዞም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም ዘለዉ፡ ጀጋኑ ጸገማት እኳ እንተ ኣጋጠሞም፡ ጽልዋኦም ግን ኣሽሓት ዓመታት እዩ ጸኒሑ፡- ምስ ኣምላኽ ምጉዓዝካ ውድድር ንህቡብነት ኣይኮነን። ኣብ ማሕበረሰብካ፡ ኣብ ናይ ስራሕ በታኻን ከምኡ ውን ኣብ ቤት ትምህርትኻ፣ ሰንሰለታት ስበር። ሎሚ ንኽብሪ የሱስ ክርስቶስ ለውጢ ኸተምጽእ ምረጽ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወት ሰባት ክቕይርን ሰንሰለታት ንኽሰብርን እየ ተመዲበ ። ነቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ዓለማት ክምስክራ እየን፣ ኣነ ኣብ ሰማይ ውሩይ እየ። ብጸጋኡ ኣብ ልዕሊ ጸበባ እዕወት ንብዙሓት ከኣ ናብ ድሕነት እመርሖም ኣለኹ። ንኽብሪ መንግስቱ ዓወት ጽልዋን እእውጅ ኣለኹ።ብስም የሱስ ። ኣሜን!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ተሰሎንቄ 2:4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 30:1-31:42

ቀዳም ፣ 11 ጥሪ

ብዘይካ ሓቂ ካልእ የለን

ወንጌል ዮሃንስ 17:17 (NIV)
በቲ ሓቂ ቐድሶም፡ ቃልካ ሓቂ እዩ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ህላውነት ናይ ኣምላኽ ከተረጋግጽ እትፍትን ዋላ ሓንቲ ጥቕሲ የለን ፡- እንተዘይኣሚንካ ግን ነዚ ዝብሎ ዘለኹ ከተረጋግጾ ሓላፍነት ኣለካ። ብኣምላኽ ወይ ብመገዱ ክትነብር እንከለኻ፡ ነቲ ሓቕነት ቃሉ ክትፍትኖ ዘይኮነ ክትነብረሉ ወይ ክትገብሮ ምኺኑ ቀልጢፍካ ተምሃር፤ ናብ ጀምናዝየም ክትኣቱ ከለኻ፡ ክብደት ምልዓልን ምንቅስቓስ ኣካላት ምግባርን ጭዋዳታትካ ዘማዕብል እንተኾይኑ ክትፍትን ኣይትሓስብን ኢኻ። ከም ዝኸውን ፈሊጥካ ኢኻ ትኣቱ፡- ነቲ ክብደታት ክትፍትኖ ኢልካ ዘይኩንካስ፡ ነቲ እትፈልጦ ክትጥቀመሉ ኢልካ ኢኻ ትኸይድ።

እምላኽ ኣምላኽ እንተኾይኑ ክፍውሰኒ እዩ፡ ወይ እግዚኣብሄር ክገብሮ ድዩ ወይ ከይገብሮ ይጸሊ ኣለኹ ዝብሉ ሓረጋት ኣብ ቤተ ክርስቲያን ኣዝዮም ልሙዳት ይኾኑ ኣለዉ። ቃል ኣምላኽ ብዘይካ ሓቂ ካልእ ከም ዘይኮነ፡ ምስ ተረዳእካ ጥራይ ኢዩ ጥርጣረ ዝነድል፡- ሎሚ ሓቂ ቃል ኣምላኽ ክትኣምን ምረጽ፡ እቶም ከሸግሩኻ ዝጸንሑ ዓበይቲ ሰንሰለታት ድማ ከም ብዝረሰነ ካራ ዝተቕርጸ ጠስሚ፣ ክወድቁ ክትዕዘብ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ፍጹም ሓቂ እዩ። በዚ ዘይቅየር ቃል፡ ኩሉ ሰንሰለታት ሕጂ ብስም የሱስ ክስበር እእዝዝ ኣለኹ። ካብ ኩሉ ባርነት ሓርነት እእውጅ ኣለኹ፤ ፈውሲ ብኣካላተይ ይውሕዝ ኣሎ። ኣንጻረይ ዝተሰርሐ ዕጥቂ ኣይክዕወትንዩ፡ ንፍርዲ ዚለዓል ዘበለ መልሓስ ከኣ ይስዕሮ ኣለኹ። ብሞገስን ብዝሒ በረኸትን ልዕለ ብተኣምራትን ኢየ ዝመላለስ። ነዚ ድማ ከምስክር ኢየ፣ ብስም የሱስ ኣሜን

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ዮሃንስ 14:6

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 31:43-34:31

ሰንበት፣ 12 ጥሪ

ናይ ኣምላኽ ዕጭ-ባ ኣብ ልዕሊ መሳኻኽሩ

ዘፍ 12:3
ንዚባርኹኻ ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት ኩላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም።

ኣብ ገበናዊ ፍትሕን ኣብ ምኽባር ሕጊን ዕጭ-ባ ወይ ድማ ድሕነት መሰኻኽር ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓንቀጽ ኣሎ! ኣብ ኣመሪካ WITSEC ተባሂሉ ዝጸውዕ ኮይኑ ነቶም ኣብ ሓደጋ ዘለዉ መሰኻኽር ዘዕጭ-ቦምን ዝከላኸልን እዩ ። ኣብዚ ፕሮግራም እዚ ካብ ቅድሚ ንጸላኢ ምእንቲ ከይትቃላዕ ሓድሽ መንነት ይወሃበካ ኢዩ፣ እዚ ኸኣ መሰኻኽር ሕነ ኸይፈደዩ ወይ ከይጐድኡ ኸይፈርሁ ምስክርነት ኪህቡ የተባብዖም ።

ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኗንካ መጠን ናይ ክብሩ ምስክር ኢኻ! ህይወትካ ንዕኡ ምስ ሃብካዮ ሓድሽ መንነት ተቀቢልካ ኢኻ፣ እቲ ናባኻ ኣቅኒው ዝነበረ ታርጌት ጸላኢኻ ተለዊጡ ኢዩ። ነቶም ምስ ኣብርሃም እተዋግኡ ሰባት፣ ከም ምስክር ክብሪ ኣምላኽ መጠን፣ መለኮታዊ መቕጸዕቲ ወሪድዎም ኢዩ እቶም ዝባረኽዎ ኸኣ ተባሪኾም ኢዮም ። ንስኻ እውን ብተመሳሳሊ ካብ መንግስቲ ሰማይ 24/7 ኣብ ትሕቲ ሓለዋ ኢኻ ዘለኻ። ዋላ ሓደ ኺጐድኣካ ኸም ዘይክእል ፈሊጥካ ብዛዕባ ጸጋ ኣምላኽ ብናጻ መስክር። ካብ ፍርሂ ናጻ ኢኻ። ካብ ኩሉ ናይ ፍርሒ ሰንሰለት ናጻ ውጻእ፣ ሕጂ ድያብሎስ ክሕዘካ ኣይክእልን እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብቲ ናይ እግዚኣቢሄር ናይ መሰኻኽር ዕጭ-ባ መደብ ኣትዩ ኢዩ ። እንታይ እዩ ዘፍርሃኒ ? እቲ ናይ ቀደም መንነተይ ተደርብዩ ኣዒንቲ ጸላኢ ድማ ካብ ህይወተይ ኣንፈተን ተለዊጡ ኢዩ! ኣብ ትሕቲ መለኮታዊ ዕጭ-ባ ኣምላኽ ክትንከፍ ኣይክእልን እዩ ። መላእኽቱ ኸቢቦምኒ ሞገሱ ኸኣ ኣብ ቅድሜይ ኣሎ። ዋላ ሓንቲ ጉድኣት ከም ዘይወርደኒ ፈሊጠ ብዛዕባ ሰናይት ኣምላኽ ብትብዓት ክምስክር ኢዩ ። ብሰላምን ብዓወትን ብምትእምማንን እዩ ዝመላለስ ። ካብ ሕጂ ኣትሒዘ ህይወተይ ብዘይ ጸገም እያ እተንሳፍፍ። ሃሌሉያ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ሮሜ 8፣ 31

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 35:1-37:24

ሰኑይ፣ 13 ጥሪ

ሕሉፍ ተደምሲሱ ኢዩ

ትንቢት ኢሳይያስ 43:18-19
ነቲ ቐደም ዝነበረ ኣይትዘክሩ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ኽኣ ኣይትሕሰቡ። እንሆ፡ ሓድሽ ነገር ክገብር እየ፡ ሕጂ ትበቑል ኣላ፡ ኣይተለልይዎንዶ ኢኹም፡ እወ፡ መገዲ ኣብ በረኻ፡ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድረ በዳ ኽገብር እየ።

ንትማሊ ኽትልወጣ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ሎሚ ግን ንድባሕካ ክቕይር ዝኽእል ነገር ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡- ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዝገበርካዮ ጌጋታት ክትልውጦ ዘይትኽእል እኳ እንተ ኾንካ፣ ኣብ መጻኢ ሓድሽ ኣጋጣሚታት ንምምጻእ ግን ሎሚ ከተተዓራሪ ትኽእል ኢኻ። ኣምላኽ ሓድሽ ነገር ይገብር ኣሎ እሞ ንድምጹ ምስማዕ ከኣ ግዴታኻ እዩ፡- ኣምላኽ ንህይወትካ ዕላማ ኸም ዘለዎ እመን፡- ንወለዲኻ ሓደጋ ኔርካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ፡ ንኣምላኽ ግን ሓደጋ ኣይኮንካን። ብሰብ ተገሊልካን ተነጺግካን ትኸውን፡ ኣምላኽ ግን ፈጺሙ ኣይነጸገካን ኣይክነጽገካን እዩ። ቅድሚ ምውላድካ እውን፣ ኩሉ ዘድሊ ኣዳሊልካ እዩ።

ዝሓለፈ ኣብ ዝሓለፈ ምግዳፍ ተማሃር፡-ጌጋታትካ መንነትካ ኺገልጽ ኣይትፍቀድ ። ኣብ ክርስቶስ ሓድሽ ፍጡር ኢኻ፤ ኣረጊት ነገር ሓሊፉ፡ ኩሉ ድማ ሓድሽ ኮይኑ። ምስ ሕሉፍ ታሪኽካ ዘተሓህዘካ ዝነበረ ሰንሰለት፣ ሕጂ ስበሮ። ንስኻ ሰባሪ ሰንሰለት ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ሓድሽ ነገር ገይሩለይ እዩ፡-ሕሉፍ ህይወተይ ደጊም የልቦን፣ ትማሊ ተደምሲሳ ኢያ። ሃሌሉያ፡- መወዳድርቲ ዘይብሉ፡ ዕቤትን፡ ብዙሕ በረኻታትን፡ እየ ዝዘረብ። 2025፡ ብስም ብሩህ መጻኢ ኢያ ትስሕበለይ፡- ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ቆረንቶስ 5:17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 37:25-40:8

ሰሉስ ፣ 14 ጥሪ

ኣብ ፍልጠት ዚርከብ ሓይሊ

ትንቢት ሆሴእ 4:6
ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ሰለ ዝኣቤኻ፣ ኣነ ድማ ካህን ከይትኹነኒ ኽኣብየካ እየ። ሕጊ ኣምላኽካ ስለ ዝረሳዕካ፣ ኣነ ኸኣ ንደቅኻ ኽርስዖም እየ።

መብዛሕትኦም ክርስትያናት እቲ ክርስቶስ ኣብ ቃሉ ዝገበረሎም ገና ብኸፊል እኮ እንተኾነ ኣይተረድኦምን ዘሎ። እቲ ምኽንያት ግሉጽ እዩ፤ ብዙሓት ንቃል ኣምላኽ ፈጺሞም ኣየንብቡዎን እዮም፡- ሚኢ ካብ ሚእቲ መልሲ ናይቲ ሎሚ ዘጋጥመካ ዘሎ ኩሉ ጸገማት ኣብ ቃሉ እዩ ዝርከብ፡ እንተዘየንቢብካዮ ግን ከም ዝኾነ ዘይኣማኒ ጸገማት ክገጥመካ እዩ። ህዝቢ እግዚኣብሄር፡ ዝጠፍእ ብሰንኪ ስእነት ፍልጠት እምበር፡ ዲያብሎስ ሓያል ስለ ዝኾነ ወይ ውን ደቁ ሓጢኣት ስለ ዝገብሩ ኣይኮነን፡ ብሰንኪ መንፈሳዊ ሓቅታት ዘይምፍላጥ ጥራይ እዩ።

እዘ ዓመት፣ ሰንሰለት እትሰብረላ ዓመት እኳ እንተ ኾነትት፡ እዚ ሓቂ ንኺፍጸም ቃል ኣምላኽ ኣድላዩ እዩ። ሎሚ ቓል ኣምላኽ መዓልታዊ ንኽተንብቦ ወስን። ከምዚ ምስ ገበርካ ድማ፡ እቲ ክልውጠካ ዝኽእል ኣብ ኩሉ እቲ ቃሉ ዘሎ ሓይሊ ኣብ ሂወትካ ክግለጽ ኢዩ ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ፍቕሪ ቓል ኣምላኽ ኣለኒ፡- ኣብዚ ዓመት እዚ ዝረኸብክዎ ኣሳልጡ፣ ኣብቲ ብዛዕባ ቓል ኣምላኽ ዘሎኒ ዓሚቕ ፍልጠት እዩ ዚምርኮስ። ኣብ ህይወተይ፡ ካብ ቃል ኣምላኽ ዓሚቕ፡ ምርዳእን፡ ጥበብን ምግላጽን ኣብ ሂወተይ እእውጅ ኣለኹ። ልዕለ ባህርያዊ ዝኾነ ሓይሊን፡ ዘይንቕነቕ እምነትን፡ ደረት ኣልቦ ጸጋን ተቀቢለ ኢየ። መብጽዓታት ኣምላኽ እንዳተመኮርኩ፣ ድማ ኣብ ህይወተይ ሰናይነቱን ሓይሉን እምስክር ኣለኹ፡- ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራዉያን 4:12

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት 40:9-42:28

ረቡዕ ፣ 15 ጥሪ

ንስኻ ሃዳኒ ሕልሚ ኣይኮንካን

ገላትያ 2:20
ግናኽ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር ዘሎኹ ድማ፡ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘለኹ።

የሱስ ክርስቶስ ሕልምታትና ንኽፈጽም ኣይኮነን ዝመጸ፡- ድሌታት ብዙሓት ሰባት ስለ ዘዕገበ ንሕቶታና ውን ስለ ዝመለሰ፡ ንውድሶን ነመስግኖን እኳ እንተኾንና፡ እዚ ግን ድሩት ዝኾነ ምርዳእ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ግደ ጐይታና ኣብ ህይወትና ከምኡ ኣይኮነን። ኣምላኽ ንዓኻ ከዕግብ ዘይኰነን፣ ንዕኡ ንምዕጋብ ኢኻ እትነብር ዘለኻ ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኗንካ መጠን ንጐይትነቱ ኣብ ልዕሌኻ ኣላልዮ።

ኩሉ ድሌታትካ ምስቲ ፍቓድ ኣምላኽ ንህይወትካ ፍጹም ኣብ ዝሰማማዕ ደረጃ በጻሕ። ሃዋርያ ጳውሎስ ኣነ ኣይኮንኩን ክርስቶስ ኢዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ ኣብ ዝብል ደረጃ በጺሑ ነይሩ።ጐይትነት ክርስቶስ ኣብ ሂወቱ ስለ ዝተረድኣ፣ክርስቶስ ብእኡ ኣቢሉ ዕላማኡን ንድሌታቱ ይፍጽም ከምዝነበረ ኣስተውዒሉ። ንስኻ ውን ሎሚ ሃዳኒ ሕልሚ ኣይኮንካን። ነቲ ካብ መፈንጠሪያ ጸላኢ፡ ዘድሓነካ ከተዕግብ፡ ኢኻ ትነብር ዘለኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወተይ ጐይታ እዩ፡- ኩሉ ትምኒተይ ናቱ ትምኒት እዩ። ፍቃዱ ንኽፈጽም፡ ስልጣን ዝረኽብኩ ሰብ ብምኗነይ ኸኣ ተባሪኽ እየ። ንዕላማኡ የንቀሳቅሰኒ ብመንፈሱ ይመርሓኒ፡ ብፍቅሩ ድማ ድግፈኒ ኣሎ። ኣብ ኩሉ እቲ ዝገብሮ ነገራት፡ ንዕኡ ኽብሪ ንምሃብ እየ ዝነብር፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ቆሎሴ 3:3-4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘፍጥረት: Genesis 42:29-45:15

ሓሙስ 16, ጥሪ

ኣብ ጸሎት ዝተዓቐረ ሓይሊ ኣሎ

ፊሊ 2:12
... እቲ ምእንቲ ጽቡቅ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ...

ኣብ መላእ ዓለም ንዚርከቡ ብሚልዮናት ዚቕጾሩ ክርስትያናት፣ ጸሎት ቅድሚ ምድቃስካን ወይ ድራር ቅድሚ ምብላዕካን ጥራይ ዝግበር ትርጉም ዘይብሉ ጽምብል ኮይኑዎም ኣሎ። እዚ ኻብ ሓሳብ ኣምላኽ ኣዝዩ ዝረሓቐ እዩ! ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጸሎት ኣብ ኩሉ ክፍልታት ናይ መዓልቲ ኺግበር ከም ዚከኣል እዩ ዚገልጽ ። ናብ ስራሕ ክትከይድ ከለኻ ድዩ ምሳሕ ክትበልዕ ከለኻ ወይ ተለቪዥን ክትርኢ ኸለኻ ንጸሎት ግጉይ ግዜ የሎን።

እዛ ሎሚ ዘላ ፍቕዲ ብዛዕባ እቲ ንኣምላኽ ዝበለጸ ንኽትከውን ዜኽእለካ ኣብ ልዕሌኻ ዚግበር ዘሎ 'ዕዮ' እያ እትገልጽ። ነዚ ንኽትጽሊ ዚደፍኣካ ዘሎ ሓይሊ እምላኽ ዕሽሽ ኣይትበሎ። ዕሽሽ ክትብሎ ኸለኻ ካብ ጸሎት ዜርሕቕካ ሓይሊ ኸም ዘሎ ፍለጥ ። ድያብሎስ ምስ ኣምላኽ ብምዝርራብ ዝርከብ ሓይሊ ኸም ዘሎ ይፈልጥ እዩ፣ ስለዚ ኸኣ እዩ ኸምኡ ንኸይትገብር ዚዓግተካ! ኣብ ጸሎት ዘሎ ሓይሊ ኣለልዮ እሞ ሰንሰለታት ክብተኽ ከሎ ክትርእይን ምስክር ክትከውንን ኢኻ!

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ እዋን እዚ ኽጽሊ ኸለኹ፣ ሰንሰለታት ሓደ ብሓደ ይብተኹ ኣለዉ፣ ነፍሳት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ይምርሻ ኣለዋ፣ መራሕቲ ሃገራት ከኣ ናብ እምነት ይመጹ ኣለዉ። ኣብ ጸሎተይ ሓይሊ ኣሎ ኮሉ እቲ ዝእውጆ ድማ ተፈጺሙ እዩ! ፍቓድ ኣምላኽ ብኣይ ይግለጽ ኣሎ እቲ ሰናይ ሓሳቡ ድማ ኣብ ኮሉ መዳይ ህይወተይ ይፍጸም ኣሎ ። ሃሌሉያ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ያእቆብ 5 ፣14-16

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘፍጥረት 45 16-48 7

ዓርቢ 17, ጥሪ

ትጽቢት እቲ ባርያ

ኢሰያስ 54:16 – 17
እንሆ፡ ነቲ ንሕመት ነፊሑ ዜጐህሮ መሳርያ ዕዮኡ ኸላ ዚገብር ኣንጠረኛ ኣነ እየ ዝፈጠርክዎ። ኣነውን እየ ነቲ መጥፍኢ፡ ኬብርስ ኢለ፡ ዝፈጠርክዎ። ንኣኺ ኺወግኡሉ እተሰርሔ ኣጽዋር ኩሉ ኣይኪጠቅምን እዩ፡ ነቲ ንፍርዲ ዚትንስኣኪ ኹሉ ልሳን ድማ ክትረትዕዮ ኢኺ። እዚ እዩ ርስቲ ባሮት እግዚኣብሄር፡ ጽድቆምውን ካባይ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣገልገለቱ ኣብዚ ህይወት እዚ እንታይ ኪጽበዩ ኸም ዘለዎም ብዝርዝር ይዛረብ እዩ ። ይኹን እምበር ብዙሓት ክርስትያናት ነዚ ኹሉ ረብሓታት እዚ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ኣይረኽቡን እዮም ዘለዉ ። ጠንቂ እዚ ፍሉጥ እዩ፣ ብዙሓት ሰባት ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለዎም ርስቲ ኽፈልጥሉ ዘኽእሎም መንገዲ ማለት ቓሉ ኣየንብቡን ኢዮም! ኩሉ እቲ ክርስቶስ ከም ብሓድሽ ኣብ እተወለድካሉ እዋን ዝሃበካ ነገራት ኣብ ቃሉ ብንጹር ተጻሒፉ ኣሎ ። ሎሚ ኣዕሚቕካ ብምምርማር ኣብቲ ክርስቶስ ዝሃበካ መንነት ተመላለስ ።

ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ዝኹነ ዝተማህሀዘ ኣጽዋር ኪጐድኣካ ኣይክእልን እዩ፣ ዝኾነ ብፍርዲ ዚኽስሰካ ዘበለ ኸኣ ከም ሓሳዊ ኮይኑ ክንጸግ ኢዩ። እዚ ኢዩ ትጽቢት ኣገልጋሊ ኣምላኽ ኪኸውን ዘለዎ ። ኣብዘ ዓመት እዚኣ ተራ ዘይኮነስ ዓቢ ነገር ትጽቢት ግበር! ንስኻ ሰባሪ ሰንሰለት ኢኻ፤ ኣብዘ ዓመት እዚኣ ተራ ዘይኮነስ ዓቢ ነገር ትጽቢት ግበር፡፡ ሎሚ ዓመት ድማ ናይ ዘይተለምደን ዘገርምን ህይወት ምንባር ጀምር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንዓይ ኮነ ንስድራ ቤተይ ኪጐድኣና ዚኽእል ኣጽዋር የለበን! እቶም ዚኽሱኒ ኸም ሓሰውቲ ኮይኖም ኺንጸጉ እዮም። ኣብቲ ኣሉ ዘይበሃሎ ቓል ኣምላኽ እየ ተሰሪተ፣ ብመለኮታዊ ዕጭባኡ ኸኣ ንዝኹነ ይኹን መጥቃዕቲ ኽስዕሮ ይኽእል እዩ። መብጽዓታት ኣምላኽ ዋልታይ እዩ፣ እምነተይ ዕርደይ እዩ፣ ኩሉ ውጥን ጸላኢ እውን ተዓናቒፉ እዩ! ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዮሃንስ 10፣ 28-30

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘፍጥረት 48 8-50 26፣ ዘጸኣት 1

ቀዳም ፣ 18 ጥሪ

እገዳስነት መአረምታ ወይ ተግሳጽ

ኣብራውያን 12:6
እግዚኣብሄር ነቲ ዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ፡ ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ፡ ስለዚ ቅጽዓት ጐይታ ኣይትንዓቕ፡

ካብቲ ተግሳጽ ዝጸልእ ሰብ ዝኸፍእ በጋንንቲ ዝተታሕዘ የሎን። እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጽሑፍ ግን፡ እግዚኣብሄር ነቶም ዘፍቅሮም ይቀጽዖም ትብል። ኣገልጋሊኻ፡ ሃዋርያኻ ይኹን ፡ ነብዪ ይኹን፡ ወይ ዝኹነ ይኹን ብእምነት እተኽብሮ ሰብ ከይግስዘካ እንተ ፈሪሁ፣ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛን ዘይርጉእን ኵነታት ኢኻ ዘለኻ። መአረምታ ወይ ተግሳጽ በቶም ነቲ ቃል ብዝያዳ ዝተረድእዎን ዝፈልጥውን ሰባት ብልክዕ ጸገማት ናይ ህይወትካ ኣለሊኻ ንኽትፈልጦን ኵነታትካ ክትልውጦን የኽእለካ።

ኣምላኽ ኣብ ሂወትካ መራሕቲ ከቀምጥ ከሎ ምእንቲ ኺሕግዘካ ኢሉ ኢዩ። ትዕቢት ንጌጋታትካ ከይተለልን ሂወትካ ከይተማሓይሽን ይኽልክለካ ኢዩ። ኣብ ክንዲ ምቕያም ተግሳጽ ተቐበል፡ ምስ ኣምላኽ ጉዕዞኻ ውን ኣዝዩ ክመሓየሽ እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

መአረምታ ብሓጎስ ይቕበል ኣለኹ። ኣገልገልትን መራሕትን ንጥቕመይ ኢሎም ኣብ ቦታኦም ተቐሚጦም ኣለዉ ። መራሕተይ ኣብ ዝጋገየሉ ግዜ ምስ ዝእርሙኒ ወይ ዝገንሑኒ ኣይቅየምን እየ። ጥበብን መምርሕን ናብ ዓበይቲ ነገራት ከም ዝመርሕ ስለ ዝፈልጥ እቕበሎ ኣለኹ። በቲ ዝትኣረምክዎ መአረምታ፡ በርቲዕን ተኾሊዕን ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተሰማሚዐ ኽነብርን ክኢለ ኣለኹ። ነፍሲ ወከፍ ዝረኽበ መአረምታ ናብ ዝለዓለ ደረጃን፡ ብሉጽነትን ምስ ኣምላኽ ዝዓሞቐ ዝምድና ክገብርን ከም ዝድርኽኒ እእውጅ ኣለኹ። ሃሌሉያ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መጽሓፍ ምሳሌ 12:1

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 2:1-5:9

ሰንበት፣ 19 ጥሪ

ንነብሰይ አተባብዓ

1ይ ሳሙኤል 30:6
ነፍሲ ኹሉ እቲ ህዝቢ፡ ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ኣዋልዱን ስለ እተመረረ፡ ንዳዊት ብዳርባ እምኒ ኪቐትልዎ ይብሉ ነበሩ እሞ፡ ኣዝዩ ጨነቐ። ዳዊት ግና ብእግዚኣብሄር ኣምላኹ ጸንዔ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ንጉስ ዳዊት መንፈሳውን ኣካላውን መጥቃዕቲ የጋጥሞ ከም ዝነበረ ነንብብ ኢና። እዚ ኹሉ ኪኸውን ከሎ ካብ ኣምላኽ ጥራይ እምበር ካብ ሰባት ምትብባዕ ኣይደልን ነይሩ። ኣብ ገሊኡ መዝሙራቱ፡እቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ ኹነታት ናብ መንግስቱን ናብ ህይወቱን ናብ ዓቢ ውድቀት ክመርሕ ከም ዝኽእል ብንጹር ንርእዮ። እንተኾነ ግን ኩሉ ሳዕ በቲ ንኣምላኽ ዝነበሮ ፍቕርን ተወፋይነትን ይተባባዕን ይድረኽን ነበረ።

ከም ክርስትያን መጠን ኩሉ ዘድልየካ ኣብ ኣምላኽ እዩ ዘሎ። ኣብ ህይወትካ ውግኣት ምስ ዝገጥመካ፡ ኣብ ክንዲ ረዳኢ የብለይን ምባል፡ ከም ዳዊት ኩን፡ ምሳይ ስለ ዘለኻ፡ ክፉእ ኣይፈርሕን እየ በል። ጸላኢ ሰላምካ ክዘርግ ምስ ዝፍትን፡ ሰንሰለት ክሰብር ዝኽእል ሓይሊ ኣብ ዘርእኻ ከም ዘሎ ፈሊጥካ ኣጽኒዕካ ደው በል። ንነብስኻ ብኣምላኽ እንዳ ኣተባባዕካ ንቕድሚት ጥራይ ድፋእ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ደመይ DNA እፈልጦ እየ። ኣነ ናይቲ ልዑልን ክቡርን እግዚኣብሆር እየ፣ መንፈሱ ኸኣ ንሓዋሩ ኣባይ እዩ። ኣቲ ኩሉ ዘጋጥመኒ ብድሆታት፡ ኣብ ህይወተይ ሓይሊ ንኽግለጽ ዘተባብዕ ኣጋጣሚ ምኺኑ ኣሚነ ካብ ጐይታ ብርታዐን ትብዓትን እቅበል ኣለኹ። መዓልተይ ከኣ ብስም የሱስ ዝበለጸት ክትከውን እያ፡- ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 13:1-6

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 5:10-8:15

ሰኑይ፣ 20 ጥሪ

ክትገብሮ ዘለካ ምሕታት ጥራይ እዩ

ወንጌል ዮሃንስ 14:13-14
ኣቦ ኣብ ወዲ መእንቲ ኪኸብርሲ፡ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኹሉ ኽገብረልኩም አየ። ብስመይ ገለ አንተ ለመንኩም፡ ክገብረልኩም እየ።

ኣብዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ዘሎ መቕረት ኣብቲ ዝዓሞቕ ትርጉማ እዩ ዝርከብ። እታ ለምን እትብል ቃል ንኣምላኽ ስጉምቲ ንኽወስድ ምጽላይ ማለት ኣይኮነን። የግዳስ ነቲ ክፍጸም እትደልዮ ዘለኻ ምሕታት፣ ምጥላብ ወይ ምእዛዝ ፣ምውሳድ፡ ምቕባል ማለት እዩ፡- ሕማም ኣብ ዝገጥመካ እዋን ኣይትጨነቕ፤ “ብስም የሱስ ፈውሰይ ይእውጅ ኣለኹ” በል። ወይ ገንዘብ ኣብ ዝጎደለካ እዋን ከምቶም ዘይኣመንቲ ኣይትበከ። የግዳስ “ብስም ኢየሱስ ሃብተይ ይቕበል ኣለኹ” በል።

ልክዕ ከምቲ ሓደ ቆልዓ ብዘይ ፍርሒ፡ ኣብ መስኮት ድኳን ሓድሽ መጻወቲ ክወሃበ ንወለዱ ዝሓትት፡ ናብ ኣምላኽ ቀሪብካ ኸኣ ዘድልየካ ዘበለ ኽህበካ ሕተቶ። ካብቲ ኣዝዩ ውሱይን ምኩርን ወላዲ ንላዕሊ ዝያዳ ፈቃርን ብቕዕን እዩ። ኣምላኽ ክሕግዘካ እዩ ዝደሊ፤ ክትሓትት ጥራይ እዩ ዘለካ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ኹሉ ክሕጎሰሉ ዘለኒ ነገራት ስለ ዝሃበኒ፡ ኣብ ኩሉ መገዲ ህይወተይ ምስትኽኻል እእውጅ ኣለኹ ። ብስም የሱስ ገይረ ንኹሉ እቲ ኣብ ህይወተይ ዘድልየኒ ነገራት ከማልአን ኩሉ እቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ነገራት ኣብ ሂወተይ ክፍጸምን እእዝዝ ኣለኹ፡- ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ቆረንቶስ 3:21–23

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 8:16-11:10

ሰሉስ ፣ 21 ጥሪ

ኣብ የሱስ ተቐመጥ

ወንጌል ዮሃንስ 15:4
ኣባይ ጽንዑ ኣነውን ኣባኻትኩም። ጨንፈር ኣብቲ ጕንዲ ወይኒ እንተ ዘይጸንዔ፡ ካብ ርእሱ ኺፈሪ ኸም ዘይክእል፡ ንስኻትኩምውን ኣባይ እንተ ዘይጸናዕኩም፡ ከምኡ ኢኹም።

ኣብ ህይወትካ ብቐጻሊ ተኣምራት ንኽፍጸም ኣብ ክርስቶስ ክትነብር ኣለካ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣብ መላእ ዓለም ይፍለጥ እዩ፣ ብተደጋጋሚ እውን ይዝረብ እዩ፣ ኩይኑ ግና ብዙሓት ሰባት እዚ ስለምንታይ ወይ ብኸመይ ከም ዚፍጸም ኣይርድኦምን እዩ። ናይዚ ምኽንያት ፍሉጥ እዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ስለ ዝኩንካ ዕዉት ንምኳን ኢኻ ተሃኒጽካ። መጽሓፍ ቅዱስ ነቶም ኣብኡ ዚውከሉ ኩሉ ነገር ንሰናይም ከም ዝኸውን ውን ይነግረና ኢዩ።

እዚ ማለት ኣብ ህይወትካ ካብ ድምጺ እግዚኣብሔር ክትወጽእ ከለኻ፡ ካብቲ ዳግማይ ክትውልውድ ከለኻ ኣብ ልዕሌኻ ዝወረደ ማእለያ ዘይብሉ ሞገስ ኢኻ እትርሕቕ ዘለኻ። ፍረ ክትፈሪ ኢኻ ተፈጢርካ፦ ካብ መንግስቲ ጸልማት ምስ ወጻእካ ናብራኻ ናብ ቐሊልን ጥዕሙን እዩ ተቀይሩ። ኣብ ኣምላኽካ ጽናዕ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ መዓልቲ ፍረ እትፈሪ መዓልቲ ኽትከውን እያ። ክርስቶስ ኣባይ ይነብር ስለዘሎ ፤ ከመይ ዘይፈርን ዘይበዝሕን፣ ኩሉ ህይወተይ ሰማያዊ ብዝኾነ ፍረ ምሉእ እዩ። ሓሳባተይን፡ ተግባራተይን፡ ቃላተይን፡ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዚሰማማዕ ብዙሕ ፍረ የፍሪ ኣለኹ። ብስም የሱስ ፍረይ ሕጂ ይገለጽ፦ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ናብ ሰብ ሮሜ 8:28

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 12:1-14:20

ረቡዕ ፣ 22 ጥሪ

እቲ መብራህቲ ወልዓዮ

መዝሙር ዳዊት 119:105
ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ።

እዚኣ ዓለም ብዓቢ ጸልማት ዝተኸበበት ስለዝኾነት፡ ኣብ መሉእ ዓለም ንዝርከቡ ሰባት ናይ ተስፋ ምቕራጽ ስምዒት ክሓድሮም ኣዝዩ ቀሊል እዩ። ኣብ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ከም ብርሃን ተገሊጹ ኣሎ፣ እዚ ማለት ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ኣብ ናብራኻ ብስግኣት ፍርህን ክትሳቐ የብልካን። ህይወትካ ኣንፈት ዝኾደሎ ኾይኑ ክስምዐካ ኩሎ ወይ ከም ዕውር ኮለል ክትብል እንተ ጀሚርካ፡ ነቲ መብራህቲ ጥራይ ወልዓዮ።

ካብቶም መብዛሕትኡ ግዜ ዘጋጥመካ ጸገማት፡ ብርሃን ቃል ኣምላኽ ንኽመርሓካ ግዜ ብዘይምሃብ እዩ ዚመጽእ። ነቲ ኣብ ህይወት ዘጋጥም ጸገማት ንምፍታሕ ቃል ኣምላኽ መራሒኻ ግበር። እቲ ለውጢ ከምጽእ ዝኽእል ሓይሊ ቃሉ፡ ናይ መጻኢኻ ካርታ ክሕንጽጽ ፍቀደሉ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ኣንፈት ኣለዎ፤ ፈጺመ ክጠፍእ ኣይክእልን እዩ፡- ንቓል ኣምላኽ ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ብርሃኑ ኣብ ህይወተይ እጥቀመሉ ኣለኹ። ስጉምተይ ብጥበብ ኣምላኽ ከም ዚምራሕን መገደይ ከኣ ብናይ ኣምላኽ ሓቂ ኸም ትበርህ እእውጅ ኣለኹ። ነፍሲ ወከፍ ብድሆ ብመለከታዊ ፍታሕ ይገጥሞ፣ ነፍሲ ወከፍ ምድንጋር ድማ ብምስትውዓል ይትካእ። ቃል ኣምላኽ ወትሩ ኸም ዚመርሓኒ ብምፍላጠይ ብምትእምማን እየ ዝጐዓዝ። ንቤተይ ዘስግእ ኩሉ ዓይነት ጸልማት ብስም የሱስ ይሰግሮ፡- ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 18:28

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 14:21-17:16

ሓሙስ ፣ 23 ጥሪ

ጽቡቕ ሙዚቃ

ወንጌል ሉቃስ 22:32
ኣነ ግና፡ እምነትካ ኸይትጠፍእ፡ ምእንታኻ ለመንኩ። ንስኻ ድማ ምስ ተመለስካ፡ ነሕዋትካ ኣጸናንዓዮም።

ኦርኬስትራ ማለት ልዕሊ ሚእቲ ዝኾኑ ሙዚቀኛታት ብሓደ ኪተሓባበሩሉ ብዚኽእሉ፡ ዝተፈላለዩ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት ብምውቃዕ ዝቕመ ዓቢ ምርኢት ኮይኑ ነፍሲ ወከፍ መሳርሒ ሙዚቃ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይ ድምጽን ቃናን ወላ እንተ እለዎ፡ ተኣኪቦም ግን ጽቡቕ ሲምፎኒ ይቕርጹ፡- ልክዕ ከምቲ ኦርኬስትራ፡ ኣብ ውሽጢ ክርስትና ውን፡ ከም ሓድነት ዘለዎ ግንባር ኰይንና ኣንጻር ሓይልታት እከይ ክንጐዓዝ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ነቲ እግዚኣብሄር ንህይወትካ ዘለዎ መደብ ጥራይ ዘይኮነስ ነቶም ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ ክርስትያናት ዝሓንጸጸ መደብ እውን ኣለሊ። እዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ምእንቲ እቶም ኣብ ክርስቶስ ዘለዉ ኣሕዋትካን ኣሓትካን ክትጽሊ ኸለኻ ዘበራትዕ ሓይሊ ኸም እትረክብ ትሕብረና። ኣብዚ መወዳእታ ግዜ ንኻልኦት ብእምነቶም ከተተባብዖም ከም ዘሎካ ኣይትረስዕ። ሎሚ ምስቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ብዘየቋርጽ መንፈስ ሓድነትን ፍቕርን ተጓዓዝ፣ ዋላ'ኳ ውልቃዊ ተልእኾኦም ካብ ናትካ ዝፍለይ እንተኾነ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብዚ ባህ ዜብል ሲምፎኒ ዘሎኒ ግደይ ተረዲኡኒ ኣሎ፡- ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ክርስትያናት ምስቲ ኣምላኽ ንመላእ ህዝበ ክርስትያን ዝሃቦ መደብ ብስም የሱስ ብዘይምቁራጽ ክንቀሳቐሱ እጽሊ፡- ዕላማ ኣምላኽ ንምፍጻም ሓቢርና፡ ብሓይልን ጽንዓትን ክንሰርሕ እእውጅ ኣለኹ። ብሓባር ድማ ክብሩ ነዕብዮን ብርሃኑ ናብቲ ዝጸልመተ ኩርናዓት ዓለም ነብጽሖን ኢና። ሃሌሉያ፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ቆረንቶስ 12:12-13

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 18:1-21:21

ዓርቢ፣ 24 ጥሪ

ንዕቤት ዝኸውን ብርሃን ምቕባል

መዝሙር ዳዊት 119:130
ምክፋት ቃልካ የብርሀ፣ ንገርሀታት ኣእምሮ ይሀብ።

ንዕብየት ሓደ ተኽሊ መሰረታዊ ባእታ ብርሃን እዩ፡-ሓደ ተኽሊ ካብ ኣየር ካርቦን ዳይኦክሳይድ፡ ካብ ሓመድ ድማ ማይ ይስሕብ፤ ብሓገዝ ጸሓይ ብርሃን ከኣ፣ ነዘም ባእታታት እዚኣቶም ናብ ሽኮርን ኦክስጅንን ይቕይሮም እዩ። እቲ ሽኮር ነቲ ተኽሊ ይምግቦ፣ ንዕብየቱ ነዳዲ ይሀቦ፣ እቲ ኦክስጅን ድማ ተመሊሱ ናብ ኣየር ይቕየር፣ እዚ ድማ ትንፋስ ይህበና።

ሕይወትካ ንክርስቶስ ምሃብ ንዓወት መሰረትን ዘርእን ምቕማጥ እዩ፣ ልክዕ ከም ተኽሊ ድማ ናይ ዕብየት ዕድልካ ብርሃን ምቕባል ጥራይ እዩ፡- መጽሓፍ ቅዱስ እናንበብካ፡ ብርሃን ቃሉ ናብ መንፈስካ ይኣቱ ኣሎ፡ ከም ክርስትያን መጠን ሎሚ ነቲ ህይወት ዝቕይር ሓይሊ ቃል ኣምላኽ ብልብኻ ተቐበሎ፣ ካብ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ መገዲ ድማ ዕቤት ክትረክብ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

እዛ ዓመት ናይ ሰባሪ ሰንሰለት እዚኣ ፍሉይ ዝኾነ ናይ መንፈሳዊ ዕቤት ዝገብረላ ዓመት እያ። ዝለዓለ ደረጃ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ብስም የሱስ ይንቢ ኣለኹ፡- ቃሉ ንመገደይ ከም ዘብርህ እእዝዞን እእውጅን፣ ብጥበብን፡ ብርታዕን፡ ግርማን፡ ድማ እዓቢ ኣለኹ። መንፈሰይ ይምገብ፡ ህይወተይ ድማ ብርሃኑ ተቐየርኩ። ሃሌሉያ፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 119:105

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 21:22-25:9

ቀዳም፣ 25 ጥሪ

ምድንጓይ ምቁራጽ ይወልድ

እያቆብ 4:17
እምበኣርስኽ እቲ ሰናይ ምግባር ዚፈልጥ እሞ ዘይገብሮ፡ ንእኡ ሓጢኣት ይኾኖ እዩ።

ምድንጓይ ንበረኽትካ ይኽልክል፡- ንሓደ ናይ ተግባር ኣምላኽ ኢኻ እተገልግል፡ ከም ውሉዱ መጠን ከኣ ኣምላኽ ስጉምቲ ኽትወስድ ምስ ጸውዓካ ስጉምቲ እንተ ዘይወሰድካ፡ ብመጥቃዕቲ ጸላኢ ኽትወድቕ ኢኻ፡- ኣብዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ይየግረና ኣሎ፡ ጽቡቅ ምግባር ፍልጠት ከለካ ዘይምግባርካ፡ ሓጢኣት እዩ።

ኩሎም እቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጾም ዘለዉ ጀነራል፡ ነቲ ኣምላኽ ዝበሎም ኪገብሩ ስለ ዝመረጹ ጥራይ እዮም ኣብ ሰማያት ዚፍለጡ። ዳዊት ንጎልያድ ቅድሚ ምቕታሉ እቲ ዘደናጉዩ ዝስዕቦ ሳዕቤን ክትግምቶዶ ትኽእልዶ፡ ወይስ ሙሴ ንእስራኤላውያን ኣብ ባርነት ንነዊሕ ግዜ ገዲፍዎም ካብ ግብጺ ፈጺሙ እንተ ዘይወጸኽ፡ ዘይምግባርካ ንዓኻ ጥራይ ዘይኮነስ ንማሕበረሰብካ እውን ደው ክብል ይኽእል እዩ፡- እግዚኣብሄር ኣብ ዝበለጸ ቦታ ኣቕሚጥካ ኣሎ ክትዕወት፤ ክትዋሳእ ትውስን ዶ ኣይትውስን ናትካ ውሳነ እዩ። ኣብዛ ናይ ሎሚ ዓመት ትንቢት ክንዋሳእ ግዜኡ ኣኺሉ እዩ፤ ሰንሰለት ምድንጓይ ስበር እሞ ኩሉ ደውታን ምድንጓያትን ክጠፍእ እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ንኹሉ እቲ ኣምላኽ ክገብሮ ዝነገረኒ ነገራት ናብ ግብሪ ኣውዕል ኣለኹ። ብጸጋኡ ወሳኒ ስጉምቲ ኽወስድ ሓይሊ ኣሎኒ። ስለዚ ኩሉ ሰንሰለታት ናይ ምድንጓይ ሰቢረ ብትብዓትን ብእምነትን ንቕድሚት እስጉም ኣለኹ። ሰናይ ካብ ምግባር ኣይድሕርንየ፣ ኩሉ ምድንጓያት ድማ ሕጂ ካብ ህይወተይ እብትኖ ኣለኹ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መጽሓፍ እዝራ 10:4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 25:10-27:21

ሰንበት፣ 26 ጥሪ

ስለምንታይ ትበኪ ኣለኻ፣

ኦሪት ዘጸአት 14:15-16
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ስለምንታይ ናባይ እትምህለ፣ ንደቂ እስራኤል ኪጕዞሑ ንገሮም። ንስኻ ድማ በትሮኻ ኣልዒልካ፡ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ ምቐሎ፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ ማእከል ባሕሪ ናብቲ ንቐጽ ይእተዉ።

እቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ ክርስትያናት፡ ንኣምላኽ ገለ ነገር ክገብር ይጽበዩ ምህላዎም እዩ። ኣምላኽ ግን ንቃሉ ኣብ ህይወቶም ንኽዋስኡ ኩሉ ጸጋታት ገዲፉሎም ኣሎ። ኩነታት ክጋገ ከሎ ብዙሓት “ኣንታ ጎይታ እሽገር ኣለኹ”፣ “በጃኻ ነዚ መቐሕ ስበር” እዮም ዝብሉ። ኣምላኽ ግን ስለምንታይ ኢኻ ነቲ ነዛ ዓመት ኢሉ ዝሃበካ ትንቢት ኣብ ግብሪ ዘይተውዕሎን ዘይትረብሓሉን ዘለኻ ኢሉ እዩ ዝሓተካ።

ሙሴ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ በጺሑ ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ ማያትን ብድሕሪኡ ዝነበሩ ግብጻውያንን ርእዩ ናብ እግዚኣብሄር ክበኪ ጀመረ። እግዚኣብሄር ድማ ንምንታይ ትበኼኒ ኣለኻ፣ ባሕሪ መቓቕል፡- እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሙሴ ዘንበሮ ሓይሊ ነቲ ዓወት ንምርግጋጽ እኹል ምኺኑ ይፈልጥ ነበረ። ሙሴ ግን ሓይሉ ኣይፈለጠን ነይሩ። ኣምላኽ ስጉምቲ ክወስድ ኣይትጸበ፤ ብቃሉ ክትዋሳእ ይጽበየካ ኣሎ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብትብዓት ኣብ ስልጣነይ ረጊጸ ሎሚ እመዓልቲ መጋቢት ንቕድሚትእ እእውጅ። ኣብ ውሽጠይ ሓይሊ እግዚኣብሔር ስለዘለኒ ኩሉ ዕንቅፋት ብዓወት ሰጊረ። ጸወታ ይጅመር ኣለኹ፡ ኣነ ኸኣ ንጹር ዕውቲ ኾይነኤ ዝዛረብ ዘለኹ፡- ሃሌሉያ ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ሉቃስ 10:19

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 28-29

ሰኑይ፣ 27 ጥሪ

እቲ ፈጺሙ ዘይቅየር ዕጫ ዝቕየር

እያቆብ 1:17
ጽቡቕ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ እዩ፡ ካብቲ ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዜብሉ ኣቦ ብርሃናት እዩ ዚወርድ።

ከም ውሉድ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ቁጽሪ ቀንዲ ውሕስና ጸጋኡን ፍቕሩን እዩ፡- ዲያብሎስ ሰባት ካብ መንግስቲ ጸልማት ወጺኦም ናብ መንግስቲ ብርሃን ከይኣትዉ ንምፍታንን ንምክልኻልን ከይተሓለለ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን ኢና እንነብር ዘለና። ሕጂ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዓለምና ኣብ ቀጻሊ ናይ ዘይምርግጋእ ኩነታት እያ ዘላ፣ ካብ ቁጠባታት ናብ ምሉእ መንግስታት ምፍራስ።

እዚ እናሃለወ ግን እቲ እነገልግሎ ኣምላኽ ፈጺሙ ዘይቅየር ዕጫ ዝቕይር ምኺኑ፣ ጽሑፍዩ። ኣብዛ ኣብ ላዕሊ ዘላ ጥቕሲ ዘይልወጥ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ይገልጽ ኣሎ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኺንካ መጠን ኣምላኽ ኣብ ጽኑዕ ቦታ ኸም ዘቕመጠካ ፍለጥ፡ እዛ ዘይርግእቲ ዓለም እዚኣ፡ ባህርይካ ኣይኮነትን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ፈጺሙ ዘይቅየር ዕጫ ዝቕይር እዩ፡- ብክርስቶስ ጽኑዕ እየ፡ ኣብ ጽድቂ ዝተሰረተ እየ። ዓለም ዘጋጥማ ዕግርግር ንዓይ ይኹን ንስድራይ ዝጎድእ ሓያል ኣይኮነን። ህይወተይ ኣብቲ ኣምላኽ ዝኣተዎ ዘይልወጥ መብጽዓታት ከም እተሰረተተት እእውጅን፡ ብርግኣትን ሰላምን ድማ ይጐዓዝ ። ሃሌሉያ፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ትንቢት ኢሳይያስ 54:14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 30-32

ሰሉስ፣ 28 ጥሪ

ጥይት ዘየሕልፍ

ትንቢት ኢሳይያስ 43:2
ብማያት ምስ እትሐልፍ፡ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ብውሒዝ ምስ እትሳገር ከኣ፡ ኣይኬጥሕለካን እዩ፡ ብሓዊ ምስ እትኸይድ፡ ኣይክትነድድን ኢኻ፡ ሃልሃልታውን ኣይኪህምኹካን እዩ።

ከም ውላድ ህያው ኣምላኽ መጠን፡ ጥይት ዘየሕልፍ ጥራይ ኣይኩንካን፡- ካብ ሓደጋታት እዛ ዓለም ተፈሊኻ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ክጎድኣካ ኣብ ዘይግባእ ቦታ ተቐሚጥካ ኣለኻ። ኣብዚ ኩንነት ክትመላለስ ከለኻ፡ ፍርሒ ነቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ህይወትካ ዘንበሮ ሓይሊ ፈጺሙ ክበልዖ ወይ ከጉድሎ ኣይክእልን እዩ። እዚ ንመከላኸሊኹም ዝሃበኩም መረጋገጺ ኣምላኽ እዩ፡-

ኣብ ቍጠባዊ ቕልውላው እዋን ድኽነት ኪትንክፈካ ኣይክእልን እዩ። ኣብ ማእከል እቲ ዝቐተለ ፌራ ወይ ሕማም እውን ከይተረፈ፡ ካብ ሕማም ናጻ ኢኻ። እቶም ዝኸበዱ ሰንሰለታት እውን ከይተረፉ ነቲ ሰንሰለት ናይ ምብታኽ ክእለትካ ክጸወርዎ ኣይክእሉን እዮም። ኣምላኽ ካብ ኩነታት ንላዕሊ ህይወት ኪህልወካ እዩ ዚደልየካ። ኣምላኽ ወትሩ ምሳኻ እዩ፣ ሎሚ እውን ከምኡ ኽትገብር ኢኻ፣ ንስኻ ኻብ ጥይት መከላኸሊ ንላዕሊ ኢኻ፡-

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ካብ ጥይት ንላዕሊ እየ፡- እግዚኣብሄር ንሓለዋይን ጥዕናይን ብልጽግናይን ዝሃበኒ መረጋገጺ ኣብቲ ፍጹም ቃሉ እዩ። እቲ ህያው ኣምላኽ ምሳይ ስለ ዘሎ ዝጎድኣኒ ዕጥቂ የለን። ብናድነት ይኸይድ ፣ ኣብ ልዕለይ ዝፍጸም ኩሉ ምፍርራሕ ድማ ባዶ ይኸውን። ኣብ ኩሉ ኹነታት እሰስ፣ መወዳእታ ዘይብሉ ሞገስ ኣምላኽ ድማ ከቢቡኒ ኣሎ። ሃሌሉያ፡-

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት 23:4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘጸአት 33:1-35:29

ረቡዕ፣ 29 ጥሪ

ንዝበለጸ ክዳን ተኸዲኑ

ገላትያ 3፡26-27
ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለበስኩምዎ እሞ፥ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ ኩላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።

ኣብዚ ናይ ዲዛይነር መሸጢ ቦታታት፡ ፋንሳዊ ክዳውንቲ፡ ከምኡ'ውን ሎሚ ፋሽን ኣብ ፖፕ ባህሊ ዘለዎ ርኡይ ጽልዋ ዘለዎ ዓለም፡ ከም ውላድ ኣምላኽ መጠን፡ ኣብዚ ምድሪ ካብ ዋርድሮብካ ንላዕሊ ኣብ 'ናይ እምነት ዋርድሮብካ' ትሰርሕ ኣለኻ ክትብል ብዓርሰ እምነት ክትዛረብ ትኽእል ዲኻ? ናይ ሎሚ ጥቕሲ ንዓበይቲ ናይ እምነት ልብሲ ተኸዲንካ ከም ዘለኻ ትገልጽ- ህይወት ክርስቶስ! ከም ኣማኒ መጠን ዝተቐደሰ ሕይወት ክትነብር ኣለካ። ብሓቂ ጽድቂ ክትለብስ ከለኻ፡ ኣብ ኣከዳድናኻ ወይ ንኻልኦት ኣብ እትረኣየሉ ኣገባብን ኣብ ኣካይዳኻ፡ ኣብ ዕላላትካ፡ ኣብ እትዛረቦ ቃላትን ዝዕዘበሉ ሰብ ኣብ ዘይብሉ እዋን እንታይ ከም እትገብርን ርኡይ እዩ። ናይ ክርስቶስ ሕይወት ምስ ተኸድካ ኩሉ ናትካ ናይ ክርስቶስ እዩ!

ዳግማይ ምስ ተወለድካ እቲ ናይ ቀደም ህይወትካ በቲ ኣባኻ ዘሎ ህይወት ኣቦ ተተኪኡ። ኩሉ ፍጡርካ ብህይወት ኣምላኽ ተሓዊሱ። ክትመላለስ ከለኻ ክርስቶስ ዝኸይድ ክኸውን ይግባእ። ክትዛረብ ከለኻ ክርስቶስ ዝዛረብ ክኸውን ይግባእ። ንምንታይ፧ ምኽንያቱ ኣብ ሕይወቱ ተኸዲንካ!

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጽድቂ ተኸዲነ ኣለኹ! ህይወተይ ናይ ክርስቶስ እያ። ኩሉ መዳያት ሂወተይ ምስቲ ህያው ኣምላኽ ሓድሽ ህይወት ተሓዊሱ ኣሎ። ፍቕሩን ጥበቡን ሓይሉን እናኣንጸባረቕኩ ከም ክርስቶስ እመላለስን እዛረብን እየ። ህያው ምስክር ጸጋኡ እየ! ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ሮሜ 13፡14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፥ ኦሪት ዘጸኣት 35:30-37:2

ሓሙስ፣ 30 ጥሪ

ኩሉ ተኣምራት ምድሪ

መዝሙር ዳዊት 139:14
መስተንክርን ድንቅን ጌርካ ፈጢርካኒ ኢኻ እሞ፣ ከማስወካ እየ፣ግብርታትካ መስተንክር እዩ፣ነፍሰይውን ኣጸቢቓ ትፈልጦ።

እቶም ዝነውሑ ኣኽራን፡ ኣምላኽ ዝዓበየ መዋቕራት ናይ ምፍጣር ክእለት ከምዘለዎ ዘርኢ እዩ። እምባ ኤቨረስት ልዕሊ ዕስራን ትሽዓተን ሽሕ ጫማ ይበጽሕ። እቲ ብዙሕነት ህይወትን ዝተሓላለኸ ነገራትን ዝመልአ ጫካ ኣማዘን፡ ሓያሎ ኣሽሓት እንስሳታት ዝሓዘ ኮይኑ፡ ንሓደ ነገር ብብዝሒ ክስስን ናይ ምግባር ዓቕሙ ዘርኢ እዩ። ሓንሳል ወዲ ሰብ ንባዕሉ ብትሪልዮናት ሲናፕስ ዝተኣሳሰሩ ሰማንያን ሽዱሽተን ቢልዮን ኒውሮናት ዝሓዘ እዩ። እዚ ንሓይሊ ኣምላኽ እዩ ዜርኢ፡ ማለት እቲ ዝበለጸ ሳይንቲስት እውን ከይተረፈ ኺደግሞ ዘይክእል ኣዝዩ ድሙቕ ሓይሊ እዩ!

ህይወትካ ባዕላ መርትዖ ስሉጥ ፈጣሪ እያ። እግዚኣብሄር ኣብ ህይወትካ ውሽጣዊ ዋጋ ሂቡካ እዩ፤ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍርሕን ብዘደንቕን ዝተሰርሐ እዩ ዝጽውዓካ! ከም ውላዱ መጠን ከም ትሑት ርእሰ-ምትእምማን ዝኣመሰሉ ነገራት መን ክትከውን ዝጸውዓካ ክቕይሩ ፈጺምካ ኣይትፍቀደሉ። ኩሉ ተኣምራት ምድሪ ምስቲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ዝሃበካ ዋጋ ኣይመጣጠንን እዩ። ሎሚ ኣብቲ ብክርስቶስ መን ምኺንካ ዘሎ ክውንነት ምምልላስ ተላመድ እሞ፣ እቲ ኣባኻ ዘሎ ሰባሪ ሰንሰለት ክስስን ክትሪኦ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብቶም ዓበይቲ ተኣምራት ዓለም፡ ኣነ ዝበለጸ ናይ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ህይወተይ ዘቕመጦ ዋጋ እፈልጥ እየ፤ ስለዚ ሎሚ ዓወተይ ርጉጽ እዩ። ውድቀት ኣብ ሂወተይ ቦታ የብሉን። ብመለከታዊ ሞገስ ደው ዘይብል በረኸትን እየ ዝኸይድ። ኣነ ናይ ኣምላኽ ብሉጽ ስራሕ እየ፡ ኣብ ኩሉ ዝገብሮ ድማ ክብሩ ዘንጸባርቕ እየ። ስለዚ ኣባይ ውድቀት የለን!! ሃሌሉያ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤርምያስ 32:17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ኦሪት ዘጸኣት 38:1-40:16

ዓርቢ፣ 31 ጥሪ

ብጸጋ ዝተሸፈነ

2ይ ጢሞቴዎስ 1፡9
ኣምላኽ ብፍቓድ ርእሱን በቲ ብክርስቶስ የሱስ ቅድሚ ዘመናት ዓለም እተዋህበና ጸጋን ኣድሐነና ብቅዱስ ጽውዓውን ጸውዓና እምበር፡ ብግብርና ኣይኮነን።

ጸጋ ኣምላኽ ፍሉይ ይገብረካ! ኣብ ህይወትካ ክብርን ክብርን ሓርነትን የምጽኣልካ። ተጠቃሚ ጸጋ ኣምላኽ ምስ ኮንካ ካብ ባርነት ሓጢኣትን በደልን ነጻ ትኸውን! ካብ መንግስቲ ጸልማት ወጺእካ ብክርስቶስ የሱስ ዘለኣለማዊ ዕረፍቲ ክትኣቱ ኣብ ዝወሰንካሉ ህሞት ብጸጋ ተሸፈንካ! ጸጋ ኣምላኽ እኹል ምኺኑ ምስ ፈለጥካ፡ ብናይ ህይወት ብድሆታት ክትብስብስ ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ጸጋ ንዓኻን ኣብ ከባቢኻን ንዘለዉ ውሕስነት ዘለዎ ዓወት ንምርግጋጽ ዝተዳለወ ብመንፈስ ዝተዳለወ ቴክኖሎጂ እዩ። እዚ ጸጋ እዚ ኣባኻ ድልዱል ኮይኑ ሰንሰለት ሕማም፡ ሰንሰለት ድኽነት፡ ሰንሰለት ኣሉታዊነት፡ ሰንሰለት ጭንቀት፡ ፍትሕ ወዘተ ብስም የሱስ ክስበር ክገብር እዩ! እዛ ዓመት ከም ሰባሪ ሰንሰለት ብፍሉይ ንዓኻ ዝተዳለወት ዓመት ምኺና ኣይትረስዕ፡ ወጺእካ ተዓወት።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸጋ ኣምላኽ ተዓጢቕ ሎሚ ካብ ገዛይ ዝዓበየን ዝሓሸን ሰረት ገዛእ ርእሰይ እየ ዝወጽእ ዘለኹ። ጸጋ ኣምላኽ ናብ ሓድሽ ብራኽ ይድርኽኒን ማዕጾ ዕድል ይኸፍትን። ኣነ ንኹሉ ሓጹር ሰቢረ ነቲ ዘይተለምደ ዝበጽሕ መዝገብ ሓይሊ እየ። ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ብስም የሱስ ንመንግስቲ ዝኸውን ቅያታት ክገብር እየ! ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራውያን 4፡16

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ ኦሪት ዘጸኣት 40፡17-38፤ ዘሌዋውያን 1-4

ቀዳም፣ 1 ለካቲት

ኣጠማምታኻ ክውንነትካ እዩ

ምሳሌ 23:7
ብላዕ ስተ፡ ይብለካ፡ ኣብ ውሽጡ ግና ተጸባጸቢ እዩ እሞ፡ ልቡ ምሳኻ ኣይኮነን።

"ኣረዳድኣኻ ወይ ኣጠማምታኻ ክውንነትካ እዩ" ክብሃል ምናልባት ሰሚዕኩም ትኾኑ ኢኹም። ኣብ ህይወት፣ ኣብ ዝኾነ ነገር ዘለካ ኣረኣእያ እንታይ ዓይነት ግብረ መልሲ ከም እትህብ ይውስን። ግብረ መልስኻ ድማ ኣብ ሂወት ክሳዕ ክንደይ ከም ትዕወት ይውስን። ዓለም ኣብ ቁጠባዊ ምንቁልቁል ክትህሉ ትኽእል እያ፡ ኩሉ ሰብ ድማ በቲ ከቢድ እዋን ክሓዝን ይኽእል እዩ። ንስኻ ግን ወይ ምስኦም ክትበኪ ወይ ድማ ካብቶም ውሑዳት ኣብቲ ኩነታት ዕድላት ዘናድዩን ብዝበለጸ ዝጥቀሙሉን ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ እዋን "ለበዳ" ኮቪድ-19 ገለ ሰባት ብርክት ዝበለ ፋይናንሳዊ ክሳራ ኣጋጢሞምዎም። ገሊኦም ግና መሊሶም እዮም ወሲኾምን ዓብዮምን። ንስኻኸ ከመይ ነይሩ ኣጠማምታኻ፡

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጥቅሲ ከምዚ ይብል፡ ሰብ ከምቲ ኣብልቡ ዝሓስቦ፡ ከምኡ እዩ። ህይወትካ ልክዕ መግለጺ ኣእምሮኻ እዩ። ሂወትካ እንተ ደኣ ዘይፈቲኾዮ፣ ካብ ሎሚ ከምቲ ነታ እትደልያ ዓይነት ሂወት ክትሓስብ ጀምር። ናይ ገዛእ ርእስኻ ህይወት ሃንዳሲ ንስኻ ኢኻ። ንበረኽት ዘቶኩርን ዝግንዘብን ኣእምሮ ይሃልወካ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ድማ ንነፍስኻ ኣብኡ ክትመላለስ ክትረኽብ ኢኻ። ካልኦት ክርእይዎ ዘይክእሉ ዕድላት ክትግንዘብ ክትጅምር ኢኻ። ከዋርዱኻ ክሓስቡ ከለዉ ብስም የሱስ ናብ ዝበረኽ ክትድይብ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ዕዉት እዩ። ልክዕ ከምቲ ንስሪ ኣብ ልዕሊ ደበናታት እትበሮ ኣነ ውን ኣብ ልዕሊ ኩሉ ብድሆታት እበርር እለኹ። ንኹሉ ዝርእዮ ዕድላት ክጥቀመሉ እየ! ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ወንጌል ማቴዎስ 19:26

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 5-7

ሰንበት፣ 2 ለካቲት

ንኽተምልኽ ናጻ ኢኻ

ወንጌል ዮሐንስ 4: 23-24
ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዚሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባኦም። ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ እሞ፡ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ።

ብዙሕ ግዜ ንኣምላኽ እዝን እቲን ክገብረልና ንሓትቶ ኢና፡ ከምኡ ከይኑ ግና ከምቲ ኣብዚ ጽሑፍ ንርእዮ ከም ዘለና ኣምላኽ ሓደ ዝደልዮ ነገር ኣሎ። ኣምላኽ እቲ ንኹሉ ዝፈልጥ፡ ንኹሉ ዝኽእል ኣምላኽ እዩ፡ ኣልፋን ኦሜጋን እዩ፡ ምስናይዚ ግን ብኣምልኾኻ ጥራይ ክምላእ ዝኽእል ባዶነት ኣብ ገዛእ ርእሱ ገዲፉ። ብዘይ ኣምልኾ ክትመጸ ከለኻ ድሌታትካ ከማልእ እናተጸበኻ ከለኻ ነቲ ንሱ ዝምነዮ ግን ትኽልኦ ኣለኻ።

ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምእንታና ምስ ሞተ፡ እቲ ካብ ቅዱሰ ቅዱሳን ዝፈልየና መጋረጃ ኣብ ክልተ እዩ ተተርቲሩ፡ ናብ ኣቦ ቀጥታዊ መእተዊ ከም እንረክብ ድማ ገይሩ። ኣቲና ምስ ልቡ ፍቕራዊ ሕብረት ክህልወና ኣኽእሉ።

ሓልዮትን ዕግርግርን ናይዛ ዓለም ንጎኒ ገዲፍካ ነቲ ንጉስ ነገስታት ኣምልኽ። ምስኡ ብዙሕ ግዜ ኣሕልፍ። ንነገራት ደሊኻ ዘይኮነስ፣ ንኣምላኽ ደሊኻ ግበር። ኣበይ ኣለኻ ብዘየገድስ፡ መንፈስካ ንኣምልኾ ኩሉ ግዜ ድሉው እዩ። እዚ ብኣምላኽ እተዋህበካ ሓለፋ እንዳተጠቀምካ ንኣምላኽ ኣምልኮ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣዒንተይ ናብ ዝፋን ኣምላኽ ኣቕኒዐ፡ ንእግዚኣብሄር ወትሩ ስለቲ ዝገበረለይ ኩሉ ከመስግኖ እየ። ኣብ ህይወተይ ብዛዕባኡ ዘለኒ ኣረኣእያ ዓብዪ እዩ። ካብ ዝኾነ ዘጓንፈኒ ብድሆ ድማ ይዓቢ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራያን 4:16

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 8:1 - 11:8

ሰኑይ፣ 3 ጥቅምቲ

ናብ ዕረፍቱ እቶ

እብራውያን 4: 11
ስለዚ ሓደ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ወሲዱ ኸይወድቅ፡ ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ክንኣቱ ንጋደል።

መጽሓፍ ቅዱስ ከተንብብ ከለኻ ኣይትጻየ። ኣባኻ ንኽኣትዉ ግዜ ሃበም። ናይ ሎሚ ጥቕሲ እቲ እንኮ ክንገብሮ ዝግበኣና ስራሕ ናብ ክርስቶስ ምእታው ጥራይ ምኳኑ ይነግረና። ኣብኡ ምስ ኣተኻ፡ እቲ ንኹሉ ብመጠን እምነትካ ክትገብር ሓይሊ ዝህበካ ህያብ ጸጋ ኣሎ። ድሕሪ ደጊም ጸዕርኻ ዘይኮነስ ጸጋ ኣምላኽ ኣባኻ ስለ ዝሰርሕ ። ምቅላስ ኣየድልየካን እዩ። እቲ እንሰብኮ ጥዑም ብስራት እዚ እዩ! ጳውሎስ ካብ ኩሎም ሃዋርያት ንላዕሊ ከም ዝደኸመ ይዛረብ፡ ግናኸ ንሱ ዘይኮነስ ጸጋ ኣምላኽ ብእኡ ይሰርሕ ከም ዝነበረ ይነግረና (1ይ ቆሮ 15፡10)።

ኀይታ የሱስ ጸርኩም ናባይ ኣምጽእዎ እሞ ኣነ ከዕርፈኩም እየ ኢሉ (ማቴ 11፡28)። ምቅላስ ኣቋርጽ። ነገራት ብዓቕምኻ ክትገብር ምፍታን ኣቋርጽ። ናብ ዕረፍቱ እንተ ዘይኣቲና ከም'ቶም ብሰንኪ ኣምላኽ ኩሉ ከማልኣሎም ከም ዝኽእል ብዘይ ምእማኖም ኣብ በረኻ ዝጠፍኡ ክንከውን ከም እንኽእል መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና ። ኣብነቶም ምስዓብ እበ። ጸርካ ናብኡ ኣቅድቆ፤ ኣብኡ እመንን ንሓልዮቱ ድማ ተቐበልን። ኣጥቢቕ ሒዝካ ኣሎ እሞ ስለዚ ዕረፍ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

በይነይ ክገብሮ ምፍታን ኣቋሪጸ ኣለኹ። ጸረይ ኣብ ቅድሚ ኀይታ የሱስ ክርስቶስ የቐምጦም ኣለኹ። ናብ ዕረፍቱ ኣትየ እየ፣ ኩሉ ዝገብሮ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተደገፈን ዝተበራትዐን እዩ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ቆሮንቶስ 3፡5

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 11፡9 - 13፡39

ሰሉስ፣ 4 ለካቲት

እቲ ዝበለጸን እዋናውን ሶፍትዌር (software)

ናብ ሰብ ሮሜ 12: 2
እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምኳኑ ምእንቲ ኽትምርምሩ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።

እቲ ናይ ዓለም እዋናውን ዝበለጸን ሶፍትዌር ወኒንኩምዋ ዶ፡ ከም በርቂ ቅልጡፍን ቀጥታዊ ናብ ማእከላይ ኣገልገሎት ዘራኽብ እዩ። ብክፉት መስመር ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ብመንገዲ እቲ ምስጢራዊ መስመር (ቋንቋታት ወይ ልሳን) ዝያዳ ውጽኢታውን ስሉጥን እዩ።

2ይ ቆረንቶስ 5፡17 ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ ኢሉ ይነግረና። እዚ ሓሳብ እዚ ከም ንኮምፒተርካ ምሉእ ብምሉእ ደምሲስካ ምስ ኣጽረኻያ ክመሳሰል ይከኣል። እዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ልክዕ ከምቲ ሓደ ኣባጨጎራ ናብ ጽምብላሊዕ ዝልወጥ፣ ልክዕ ንዕኡ ዝመስል ለውጢ ክመጽእ ከም ዘለዎ ትሕብረና። እዚ ድማ ብምሕዳስ ኣእምሮኻ እዩ ዝፍጸም። ኣብታ ዳግማይ ዝተወለድካላ ህሞት፡ መንፈስካ፡ እቲ ሓድሽ ፍጡር፡ እቲ ዘበለጸን ዘመናውን ዝኾነ ሶፍትዌር ኣለዎ። ዝኾነ ኮይኑ ግን፣ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኮምፒተር፣ ነቲ ዝወረደ ሶፍትዌር ንኽሰርሕ ኢንስቶል (install) ክግበር ዘለዎ፣ እዚ ናይ ኢንስቶል መስርሕ ድማ ምሕዳስ ኣእምሮኻ ኮይኑ፡ እቲ ለውጢ ብኣእምሮኻ ኣቢሉ ዝመጽእ እዩ። ነቲ ናይ ኣሰራርሓኻ መምርሒ ማለት መጽሓፍ ቅዱስ ብዝያዳ ብዝኣጽናዕካዮ መጠን ድማ፡ እቲ ናይ ምሕዳስ መስርሕ ይቀላጠፍ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ ናብቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘሎ ሓድሽ ክውንነትን ክእለትን ይቕይረኒን የበራብረኒን ኣሎ። ብስም የሱስ ክወድቕ ፈጺም ኣይክእልን እየ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ቆሮንቶስ 3፡18

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 13፡40 - 14፡57

ረቡዕ፣ 5 ለካቲት

ህድእ በል

ወንጌል ማርቆስ 4:39
ተንሲኡ ንንፋስ ገንሖ፡ ንባሕሪ ድማ፡ ስቕ በሊ፡ ህድኢ በላ። እቲ ንፋስ ዝግ በለ፡ ዓብዩ ህድኣትውን ኮነ።"

ዝተፈላለዩ ዓይነት ህቦብላታት ኣብ ህይወት ደጋጊሞም ይለዓሉ እዮም። እቲ ሓኪም ኣባኻ ካንሰር ረኺብና ኣለና ዝበሉኻ ጸብጻብ ይኹን፡ ወይውን ካብ ስራሕ ምፍናውኻ። ኣብ ነብሰ ድንገጻን ጭንቀትን ንኽትኣቱ ቀሊል እዩ። ምስኡ ውን ንኣምላኽ ከይተረፈ "ገዲፍካኒ ኢኻ" ኢልካ ምውቃስ ቀሊል እዩ።

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ከመይ ጌርና ምላሽ ከም እንህብ ፍጹም ኣብነት ሂቡና እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ማዕበል ነታ መርከብ ክሳብ እትመልእ ከም ዘጥቃዓ ይነግረና፣ ግናኽ ጐይታ ክሳብ ዘበራብሩዎ ኣብ ጥውም ድቃስ ከም ዝነበ ድማ ነንብብ። ተንሲኡ፡ ብህድኣትን ርግኣትን ኣፉ ከፊቱ ነቲ ክርእዮ ዝደለየ ኣዘዘ። ኣብ ክንዲ ምድሕርሓርን ምብካይን ንኩሉ ልዕሊ ፍልጠት ኣምላኽ ንርእሱ ልዕል ከብል ዝፍትን ኩነታት ተንሲእካ ክትገጥሞ ኣለካ። በቲ ብክርስቶስ ዘለካ ስልጣን ተዛረብ እሞ ኣብ ህይወትካ ሰላምን ስርዓትን ክምለስ ኣዘዝ። ብክርስቶስ መን ምኺንካ ፈሊጥካ፡ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ህቦብላታት ብዘየገድስ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጥኻ ሰላም ክህልወካ እዩ፡ እዚ ድማ ንዝኾነ ኣብ ህይወትካ ዝመጽእ ህቦብላ ሰላም ንክትእዝዝ የኽእለካ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ተንሲኢ ኣለኹ። ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ልዕለይ ዝነፍስ ንፋስ እገንሖ። ኣብ ኩሉ ኩነታተይ ሰላም ይእዝዝ ኣለኹ። ህይወተይ ብሰላም ዝተመልአት እያ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጵ. 4:6-7

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 15:1 - 18:18

ሓሙስ፣ 6 ለካቲት

መንፈሳዊ ሳይማቲክስ (SPIRITUAL CYMATICS)

1ይ ቆረንቶስ 14:10
ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኹነ ብዙሕ ቋንቋታት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን።

ትርጉም ዘይብሉ ድምጺ የለን። ኩሉ እትዛረቦ ቃል ሳዕቤን ኣለዎ፡ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ፡ ማለትካ ይኹን ኣይኹን፤ ቃላትካ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ንነገራት የንቀሳቅሱን ኣብ ህይወትካ ድማ ከም ዝግለጹ ይገብሩን። እዚ ዘለኻዮ ደረጃ ናይ ሂወትካ ውጽኢት ናይቶም ትዛረቦም ዝነበርካ ቃላት እዩ።

ብዛዕባ ሳይማቲክስ (cymatics) ክንዛረብ ከለና፡ መጽናዕቲ ርኡይ ምግላጽ ናይ ድምጽን ምንቅጥቃጥን እዩ። ንሓደ ቆፎ መዓር ርኣዩ፤ ንጽቡቕ ፍርያት ኢሉ ዝተሰርሐ ብሉጽ ኣሰራርዓ ዘለዎ 6 ዝመኣዝኑ ቅርጺ (hexagon) ኣለዎ። ወላ'ኳ ንህቢ መሰርሒታት ኣይሃልዎም፡ ክሰርሕዎ ግን ክኢሎም ኢዮም። ሳይማቲክስ ከም ዘመልክቶ፡ ምንቅጥቃጥ ድምጺ ፍሉይ ቅዲ ከም ዘምጽእ ይሕብር። ንህቢ ክነፍሩ ኸለዉ፡ ኩላቶም ነቲ ዝዝ ዝብል ድምጺ የውጽኡ፣ እዚ ኸኣ ብሓደ ዓይነት ፍሪኩወንሲ (frequency) ይድመጽ፣ እዚ ኸኣ ብግዲኡ ነቲ 6 ዝመኣዝኑ ቅርጺ የፍሪዮ። ንህቢ እኳ በቲ ዘፍርይዎ ድምጺ ቤቶም ክሃንጹ ዝኽኣሉ፡ ንስኻ እቲ ዳግማይ ዝተወለድካ፣ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመላእካ፣ ብቋንቋታት እትዛረብን ቃል ኣምላኽ እትጠቅስን ክርስትያን ደኣ ክንደይ ኣጸቢቕካ ዘይትኽእሎ፡ ሃንዳሲ ህይወትካ ንስኻ ኢኻ። ሂወትካ ትመስሎ ዘላ እንተ ደኣ ዘይፈቲኽዮ፣ ነቲ እትደልዮ ህይወት ዝህንድስ ቃላት ምጥቃም ጀምር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ገዛእ ህይወተይ ሃንዳሲ እየ። ኩሉ ዝተዛረብኩዎ ዘበለ ይፍጠር። ኣብ ኣካለይ መለኮታዊ ጥዕና እዛረብ ኣለኹ፤ ብልጽግና እዛረብ ኣለኹ፤ ሰላምን ሓጎስን እዛረብ ኣለኩ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 18:21

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 18:19- 21:24

ዓርቢ፣ 7 ለካቲት

ኣብ መንጎ ከውሕን ንቁጽ ቦታን

ግብረ ሐዋርያት 16፡25-26
ፍርቂ ለይቲ ምስ ኩነ ድማ፡ ጳውሎስን ሲላስን ንኣምላኽ እናለመኑ ብዜማ የመስግኑ ነበሩ። እቶም እሱራት ከኣ ይሰምዕዎም ነበሩ። ብድንገት ድማ፡ መሰረት እታ ቤት ማእሰርቲ ኽሳዕ ዚናወጽ፡ ብርቱዕ ምንድቕዳቕ ምድሪ ኼነ። ብኡብኡ ኽኣ ኩሉ እቲ መዓጹ ተኸፍተ፡ ናይ ኩላቶም መቓውሕውን ተፈትሑ።

ንነፍስኻ ኣብ መንጎ ከውሕን ንቁጽ ቦታን ተታሒዛ እንተ ደኣ ረኺብካያ፡ መውጽኢ ድማ ክትርእይ ምስ ዘይትኽእል፡ ኩሉ ፈቲንካ እንተ ደኣ ኣብይካ፡ ወይ ውን ሓካይም ካልእ ክገብርዎ ዝኽእሉ ነገር የለን ምስ ዝብሉኻ፡ ከምኡ ውን እቶም ዝዓደዩኻ ኣብ ኣፍደገ ገዛኻ ይኩሕኩሑ ኣንተ ደኣ ኣልዮም፡ ኩሉ ተስፋኻ ዝጠፈአ ክመስል ይኽእል እዩ።

ጳውሎስን ሲላስን ዕርቃኖም ተቐንጢጦም፡ ብኸቢድ ተሃሪሞም፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ተደርበዩ፡ ብሓጺን ድማ እግሮም ምስ ተኣሰሩ፡ ምላሾም እንታይ ከም ዝነበረ ተዓዘብ። ብስንኪ ናይ እግዚኣብሄር ዕዮ ምስራሕ እዮም ናብዚ እስሪቤት ኣትዮም። ኣብ ክንዲ ምምራር ግና ንእግዚኣብሔር ይጽልዩን መዝሙር ውዳሴ ይዝምሩን ነይሮም። ዝኾነ ሽግር እንተ ደኣ ኣጋኒፍካ፣ ክትስሕቕን ኣብ ቅድሚ ጸበባኻ ክትሕጎስን ንእግዚኣብሄር ልዑል ውዳሴ ክትዝምርን ጥራይ እዩ ዘለካ። መናድቕ ያሪኮ ከይተረፈ ብውዳሴ እዩ ዝወደቕ። ስለዚ ተሓጎስ፡ ተደሰት፡ ንድያብሎስ ኣባርሮ፡ ተዘናጋዕን ባህ ይበልካን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ፈጺመ ክስዓር ኣይክእልን እዩ። ክወድቕ እውን ኣይክእልን እዩ። እግዚኣብሄር ምሳይ ስለ ዝኾነ ኣብ ግዜ መከራ ውን ክስሕቕ ኢዩ፡ ብስም የሱስ ድማ ክትንስእ እዩ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እያሱ 6፡20-21

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 22-23

ቀዳም፣ 8 ለካቲት

ምንቅጥቃጥ ዝብሃል የለን

1ይ ጴጥሮስ 5: 8
ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚጓዝም ኣንበሳ ኾይኑ ይዘውር አሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ።

ኣብ ክርስቶስ መን ምኗንካ እኹል ፍልጠት ብዘይ ምእካብካ፣ ጸላኢንረብሕኡ ይምዝምዘ ኢዩ። ቄልዓ ከለኹ፡ ንሓድሕድና ንራኸብ እሞ ነቲ ካልእ ሰብ ከነሰንብዶ እንፍትነሉ ጸወታታት ክንጸወት እዝክር። ዲያብሎስውን ከምኡ እዩ ዝገብር። ትፈርሕ ዶ ኣይትፈርሕን ንምርኣይ ከም ኣንበሳ ተመሲሉ ይቕርብ። ሓንሳብ ብመልክዕ ናይ ሕክምና ጸብጻብን መጺኡ እቲ ኣብ ማህጸንካ ዘሎ ውሉድ ክነብር ከም ዘይክእል ይነግረካ። ካልእ ግዜ ውን መጺኡ ቪዛኻ ተነጺጉ እዩ ይብለካ። ከመይ ጌርካ ከም እትምልስ ጥራይ እዩ ዝዕዘብ ዘሎ። እቲ ቃል ብዛዕባ እቲ ኩነታት እንታይ ከም ዝብል ዘይትፈልጥ እንተ ኮይንካ ግና፣ መጻወቲኡ ክገብረካ እዩ።

ስለዚ ድማ ኢዩ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠንቀቑን ንቕሑን ዝብል። ዕድል ፈጺምካ ከይትህቦ ኩሉ ግዜ ክትጥንቀቕ ኣለካ። እሱ ድማ ቃል ኣምላኽ ብምምጋብ ኢኻ እትገብሮ። ካብ ሎሚ ንቃል ኣምላኽ ከም መግቢ ብልዓዮ። ከምኡ ውን ንናይ ጸሎት ግዜኻ ሽለል ኣይትበሎ። ሽዑ ድማ ጸላኢ ዝበለጸ ኣጽዋሩ ክድርብየካ ከሎ፡ እንዳ ሰሓቕካ ኣቦኻ ኣምላኽ ዝጸሓፈልካ ቸክ ሒዝካ ናብ ባንክ ክትከይድ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብቲ ጽኑዕ ከውሒ ዝኾነ ክርስቶስ ኣጽኒዐ ተተኺለ ኣለኹ። ኣብ ቅድሚ መከራ ፈጺመ ኣየንቀጥቀጥን ኣይርበሽን እየ! ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ጢሞቴዎስ 1:7

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 24:1-26:13

ሰንበት፣ 9 ለካቲት

እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ ኣበራብሮ

ሮሜ 8: 18-19
ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ እሞ፡ ከምኡ ኸኣ ኣነ ንስቓይ እዚ ዘመንዚ ነቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረዮ፡ እእምን ኣሎኹ።

ኣብ ዘሁልቅ 13፡23 “ ናብ ርባ ኤሽኮል ከኣ መጹ፡ ካብኣ ድማ ሓደ ጨንፈር ምስ ሓደ ኣስካል ወይኒ ቼሪጸም፡ ክልተ ኹይኖም ብመሰላ ጾርዎ። ካብ ሮማንን ካብ በለስን ከኣ ተማልኡ” ይብል። ደቂ ዓናቅ፡ እቶም ንጉዓት፡ ከመይ ጌሮም ንኽንድኡ ዝኣክል ብኽልተ ሰብ ክትስከሞ ዘለካ ዘለላ ወይኒ ዘድልዮ ፣ዓይነት ምንጪ ማይ ሰሪሖም ዶ ኣይገርምን፤ እቲ ዝነበሩሉ ቦታ ኣዝዩ ንቐጽ እዩ ነይሩ።

እታ ናይ ሎሚ ጥቕስና ኩሉ ፍጥረት ናብቲ ኣባኻ ዘሎ ናይ ፈጠራዊ ሓይሊ ክትበራበር ጥራይ ይጽበየካ ከምዘሎ ይነግረና። ከመይ ጌርካ ከም እትሰርሕን ምቹእነት ናይ ኩነታት ብዘየገድስ ብኽመይ ኣከባቢኻ ንጥቅምኻ ትልውጦ አተጽንዕ ኣለካ። ኩሉ ፍጥረት ድምጽኻ ክሰምዕ ድሮ መምርሒ ተዋሂብዎ ኣሎ። ሰለዚ ድማ ትእዛዝካ ይጽበ ኣሎ። ስለዚ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ሓያል ሰብ ኣበራቢርካ ኣፍካ ከፈትካ ንነገራት ተዛረቦም። ብኽምኡ ድማ ነቲ እትደልዮ ከተፍሪ ኢኻ። መላእኽቲ ከይተረፉ ትእዛዛትካ ይጽበዩ ኣለዉ ምኽንያቱ ብመሰረት እብራውያን 1፡14 ንዓኻ ከገልግሉ ስለዝተላእኩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

እቲ ኣባይ ዘሎ ሓያሊ ንቐሕ እዩ። ምድሪ ንዓይ ተፍርየለይ ኣላ። ኩነታት ዝኾነ ይኹን ፍሉይን ብሉጽን ዝኾነ ውጽኢት ኣለኒ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ቆሮንቶስ 5፡17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሌዋውያን 26:14- 27:34, ኦሪት ዘሁልቅ 1፡1-41

ሰኑይ፣ 10 ለካቲት

እቲ ብሉጽ ሂወት

ወንጌል ዮሐንስ 10:10
ሰራቒ፡ ብጀካ ኪሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ።

ነዚ ጥቕሲ ርኣዩ፤ ጎይታ የሱስ ካብዚ ንላዕሊ ንጹር ስእሊ ከርእየና ኣይክእልን እዩ። ዲያብሎስ ንኩሉ ነገራትካ ከጥፍእን ክቕትለካን እዩ ዝደሊ። እንተኾነ ግን ህይወት ጥራይ ዘይኮነስ ህይወት ምስ ተረፉ መታን ክህልወና፣ ኣብ ክንድና ጎይታ ብመከራ ተሳቐዩ። ጎይታ ኣዝዩ ብሉጽ ዝኾነ ህይወት እዩ ክንነብር ዝደልየና።

ጎይታ ኣብ ህይወት እቲ ዝበለጸ ክህልወካ ከም ዝደሊ ክትርዳእ ኣለካ። ነዚ ብሉጽ ነገር ኣዚ ድማ ድሮ ዋጋ ከፈልሉ ምህላዉ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ " እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ ዘይተሐስበ፡ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳለወሎም" ይብል (1ቆሮ 2፡9)። ስለዚ ናብ ቃል ኣምላኽ ኬድካ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘለካ ሃብቲ ክትረኽቦ ጀምር። ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም ይብል ቃል ኣምላኽ። ልክዕ ከም ሃድን ሃብቲ እዩ፣ ቃል ኣምላኽ ድማ እቲ ሃብቲ ኣበይ ከም ዘሎ እትሕብር ካርታ እያ። ካብ ሎሚ መዓልታዊ ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣቲኻ ኣምላኽ ብኹሉ ንህይወትን ንኣምልኾን ዝምልከት ከም ዝባረኽካ ኣስተውዕል፣ ስለዚ ድማ ዝኾነ ጽቡቕ ነገር ክጎድለካ የብሉን። ብስም የሱስ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ዕዉት እየ። ኣብ ደስ ዘብል ቦታታት ዕጫ በጺሑኒ፡ እወ ጽቡቕ ርስቲ ኣለኒ! ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 10፡22

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 1፡42-3፡32

ሰሉስ፣ 11 ለካቲት

መከራ ኣየበርትዓካን ኢዩ

ወንጌል ማቴዎስ 7፡ 24-27
...ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ከኣ ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን። ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ ኸኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሔ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል። ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ደፍእዋ፡ ወደቐት፡ ኣዋዳድቓኣ ድማ ዓብዪ ኹነ።

መብዛሕትኡ ግዜ ሰባትመከራ ከም ዘሐይለካ ይዛረቡ። እዚ ግን ልክዕ ኣይኮነን። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ንፋስ መጺኡ እቲ ህቡብላ መጺኡ ነታ ኣብ ከውሒ ዝተሃንጸት ገዛን ነታ ኣብ ሑጻ ዝተሃንጸት ገዛን ከም ዝደፈኣን ነንብብ። ዕላማ ናይቲ ንፋስ ንከሐይለን እንተዝነብር፣ክልቲኣን ገዛውቲ ብድሕሪ እቲ ንፋስ ደው ምበላ ነይረን። ኮይኑ ግን እታ ኣብ ሑጻ ተሃኒጻ ዝነበረት ገዛ ከም ዝዓነወት ነንብብ።

ህቡብላታት ናብ ሂወትካ ክመጹ ከለዉ ንኸበርትዑኻ ኢሎም ኣይኮኑን ዝመጹ። ኣብ ክሩስቶስ ሰረትካ ክሳብ ክንደይ ድልዱል ምኺኑ ንምፍታን እዮም ዝመጹ። ካብ ስራሕካ እንተ ደኣ ተባሪርካ፣ ወይ ውን ካብ ገዛኻ እንተተሰጊግካ፡ ወይስ እትፈትዎ ሰብ እንተ መይቱካ፡ ንኣምላኽ መዝሙር ምስጋና ከተቕርብ ምኽኣልካ ዶ ወይስ ኣብ ጭንቅን ፍርሕን ምኣተኻ፣ ንነፍስኻ መርምራ እሞ ኣብ ቃል ኣምላኽ ድማ ተሰረት።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ከም ኣብ ከውሒ ዝተሃንጸ ገዛ እየ። ክርስቶስ ጽኑዕ ከውሒይ እዩ። ኣብኡ ድማ ኣጽኒዐ ተተኺለ ኣለኹ። ብስም የሱስ ፈጺመ ኣይክንነቓነቕን እየ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ገላትያ 4:19

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 3:33-5:22

ረቡዕ፣ 12 ለካቲት

ጸጋ ዘኽብር ዜጋ

ገላትያ 2: 16
ሰብ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ እምበር፡ ብግብሪ ሕጊ ኸም ዘይጸድቅ ካብ ፈለጥና ግና፡ ኵሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቅ ስለ ዝኾነ፡ ንሕና ኸኣ ብግብሪ ሕጊ ዘይኮነስ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ኽንጸድቅ ብክርስቶስ የሱስ ኣመንና።

ከም ዜጋ ናይቲ እትነብረሉ ሃገር መጠን ክትነብረሉም ዝግብኣካ ስነ-ምግባራት ኣለዉ። ንዝኾነ ካብኣቶም እንተጥሒስካ፡ ብኣመሓደርቲ ሰበስልጣን መቕጻዕቲ ዝተወሰነሉም ኣብ ባይታ ዝወዓሉ ሕግታትን ስርዓታትን ኣለዉ። ሕጂ ግና ንስኻ ናብ ከረን ጽዮን ኢኻ መጺእካ ዘለኻ። ንስኻ ትነብረሉም ሕግታት እምበኣር ካብ ናይ ሃገርካ ዝተፈልዩ እዮም።

እታ ካብ ላዕሊ (ሰማይ) ዝተወለድካላ ህሞት ካብ መንግስቲ ጸልማት ናብ መንግስቲ ብርሃን ኢኻ ተሰጋጊርካ። ኣብዚ፡ ብሕጊ ንክትጸድቕ ኢልካ ኣይትጽዕርን ኢኻ። ስለ ዘይክኣል። ምኽንያቱ ሕጊ ባዕልኻ ንነፍስኻ ከተጽድቕ ከም ዘይትኽእል ንኽርእየካ እዩ መጺኡ። ንሕጊ ሞይትካ ኢኻ፡ እዚ ሕጂ ትነብሮ ዘለኻ ህይወት ድማ፡ ብእምነት ክርስቶስ ኢኻ ትነብሮ ዘለኻ። ሕጂ ኣብ ትሕቲ ጸጋ እምበር ትሕቲ ሕጊ ኣይኮንካን ዘለኻ። እዚ'ዩ እቲ እንሰብኮ ጥዑም ብስራት።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ምስ ክርስቶስ ተሰቒለ እየ። ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘሎኹ። እዚ ሕጂ ዝነብሮ ዘሎኹ ሂወት ድማ ብእምነት ኣምላኽ እየ ዝነብሮ ዘሎኹ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ገላትያ 3፡10-14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 5፡23-7፡59

ሓሙስ፣ 13 ለካቲት

መንፈሳዊ ጅግና

1ይ ቆረንቶስ 2: 15-16
ንእግዚኣብሄር ኪምህሮ ኢሉ፡ ሓሳቡ ዝፈለጠኸ እንታዋይ እዩ፤ ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና። እምብኣርሲ እቲ መንፈሳዊ ንኹሉ ይምርምር፡ ንሱ ግና ብሓደ እኳ ኣይምርመርን እዩ።

ኣብዛ ጥቕሲ ዝብሃል ዘሎ ክትርድኦ ምስ እትፍትን ኣዝዩ እዩ ዝገርመካ። ሓሳብ እግዚኣብሄር ዝፈለጠ እንታዋይ እዩ፤ ብዝብል ሕቶ እያ ትጅምር። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ከመይ ገይሩ ዝኾነ ሰብ ሓሳብ ናይቲ ንኾሉ ዝርአን ዘይርአን ዝፈጠረ ክርስቶስ ክፈልጥ ይኽእል፡ ኢላ ትሓትት ኣላ።

ኣብዛ ሕቶ ግን ደው ኣይትበል፣ ምኽንያቱ እዛ ጥቕሲ ቀጺላ ኣእምሮ ክርስቶስ ከም ዘለና እያ ትሕብረና። እዚ ሃሌሉያ እንዳ በልካ ከም እትጭድር ክገብርካ ኣለዎ። ናይ ክርስቶስ ኣእምሮ ድሮ ኣለካ። ንኣእምሮ ክርስቶስ ምእንቲ ክትርድኦ ኣይኮንካን ተጽንዕ ዘለኻ፡ ኣይፋልን። ሕጂ፡ ነቲ ዘለካ ዓቕሚ ምእንቲ ክትፈልጥን ክትጥቀመሉን ኢኻ ተጽንዖ ዘለኻ። እቲ ንሰማያትን ምድርን ካብ ዋላ ሓንቲ ዝፈጠረ ኣእምሮ እሞ ሕሰብዎ፣ እቲ ኣብ ልዕሊ ማይ ዝኸደ፣ ዕዉር ኣዒንቲ ዝኸፈተ፣ ኣጋንንቲ ዘውጽኦ፣ ምዉታት ዘተንስኦን፣ ከምኡ ውን ብዙሕ ዝገበረ ኣእምሮ ኣባኻ ኣሎ። ናብዚ ክውንነት ተበራበር እሞ ፈጺሙ ደው ዘይብል ሓያልን፡ መንፈሳዊ ጅግናን ክትከውን ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣእምሮ ክርስቶስ ኣለኒ። ናብዚ ክውንነት ተበራቢረ እየ። ኣነ ደው ዘይብል ሓይሊ እየ። ዝኾነ ኣብ መንገደይ ደው ንዝብል ብድሆ ወይ ዕንቅፋት እንዳ ሰባበርኩን እንዳ ጨፍለቕኩን እየ ዝኸይድ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኢሳይያስ 55:8-11

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 7:60-10:10

ዓርቢ፣ 14 ለካቲት

ሕጉስ ልቢ

ምሳሌ 17: 22
ሕጉስ ልቢ ጽቡቕ መድሃኒት እዩ፣ ስቡር መንፈስ ግና ነዕጽምቲ የንቅጾ።

ኣብ ኣካላትካ ምዕቡል ሕክምናዊ ትካል ሒዝካ ከም እትዘውር ትፈልጥ ዶ? ኩሉ ዘድልየካ ነገር ምሳኻ ኣሎ። ፈውሲ ናይ ዝኾነ ይኹን ክትሓስቦ እትኽእል ሕማም ውን ኣባኻ ኣሎ። ስለዚ፣ ዝኾነ ሕማም ኣለካ ድዩ፧ መጽሓፍ ቅዱስ ሰሓቕ እቲ ዝበለጸ መድሃኒት ምኳኑ ይነግረና ኣሎ። እዚ ግን ዝኾነ ዓይነት ሰሓቕ ጥራይ ኣይኮነን፤ እዚ ሓጐስ እግዚኣብሄር እዩ። እዚ ዓይነት ሓጎስ ኣብ ከባቢኻ ዝፍጸም ፍጻመታት ዝምርኮስ ዘይኮነስ ካብ መንፈስካ ዝምንጨ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ እውን "ሓጎስ እግዚኣብሄር ሓይልኹም እዩ" (ነህምያ 8፡10) ይብል። ሓይልኻ ካብቲ ካብ ጎይታ ዝምንጨ ሓጎስ ኢኻ ትረክብ። ከምኡ'ውን "ብጐይታ ወትሩ ተሓጐሱ፡ ደጊመ ድማ ተሓጐሱ እብል ኣለኹ" (ፊልጵ 4፡4) ይብል። መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ግዜ ንሂወትካ ኣዝዩ ኣገዳስን ጽቡቕን ስለ ዝኾነ ክንሕጎስ እምበር ክንጭነቕ ከም ዘይብልና ይነግረና። ልክዕ ከም ፈውሲ'ዩ።

ዲያብሎስ ሓይልኻ ንምድስካል፣ ሓጎስካ ምቕንጣጥ ጥራይ ከም ዘድልዮ ይፈልጥ እዩ። ስለዚ ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ ጸኒዕካ ደው በል፣ ኩሉ ግዜ ተሓጐስ፣ ስጋኻ እናተሓደሰ ድማ ወትሩ ካብ ኩሉ ርድኢት ዝበልጽ ሰላም ክህልወካ እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓጎስ እግዚኣብሄር ሓይለይ እዩ። ኣብዛ ዓለም ሓጎሰይ ዝወስደለይ ነገር የለን። ብጐይታ እናተሓጐስኩ ስጋይ ይሕደስ። ሃሌሉያ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ተሰሎንቄ 5፡16

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 10፡11-13፡16

ቀዳም፣ 15 ለካቲት

ንነፍስኻ ኣተባብዓያ

ፊልሞን 1: 4-7
ኣታ ሓወየ፡ ልቢ እቶም ቅዱሳት ብኣኻ ስለ ዝቐሰነ፡ በታ ፍቕርኻ ብዙሕ ሓጐስን ህድኣትን ረኺበ እየ እሞ፡ እተን ንጐይታና የሱስን ንኹሉም ቅዱሳንን ዘለዋኻ ፍቕርን እምነትን ምስ ሰማዕኩ፡ ነቲ ብክርስቶስ ኣባኻትኩም ዘሎ ኹሉ ሰናይ ነገር እናፈለጥካ፡ እቲ ሕብረት እምነትካ ምእንቲ ኼስልጥ፡ ኣብ ጸሎተይ እናዘከርኩኻ፡ ኩሉ ሳዕ ንኣምላኽይ ኤመስግን አሎኹ።

ምስ ገዛእ ነብስኻ እትዘራረበሉ ግዜ ምስራዕ ጽቡቕ'ዩ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ኣሰልጣኒ፡ ተጻዋታይን ኣተባባዕን ንስኻ ኢኻ። ንነብስኻ ዕዉት ከም ዝኾንካ፡ ሃብታም ከም ዝኾንካን፡ መለከታዊ ጥዕና ከም ዘለካን ኣገዳሲ ሰብ ምኴንካን ንገራ።

እዛ ኣብ ላዕሊ ዘለ ጥቕሲ ኣዝያ ሓያል ስለ ዝኾነት ዝቀልጠፈ ኣቃልቦ ትሓትት ። ነቲ ድሮ ብክርስቶስ የሱስ ኣባኻ ዘሎ ኩሉ ሰናይ ነገር እንዳኣላለኽን እንዳተረዳእካን ምስ ከድካ፣ እምነትካ ውጽኢታዊት ከም ትኸውን ይነግረና። ሓንቲ ደቂቕ ምሳይ ጽናሕ። እታ 'ሕብረት' እትብል ቃል koinonia እያ፣ ትርጉማ ድማ ሕብረት፣ ተሳትፎ፣ ቅርበት ማለት እዩ። 'ኼስልጥ' እትብል ቃል energēs ከይና፡ ጸዓት ምሃብ ማለት እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ እታ 'እናፈለጥካ' እትብል ቃል epignōsis ከይና፡ እቲ ምሉእን ልክዕን ዝኾነ ዝተገልጸ ፍልጠት ማለት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ኣብታ ዳግማይ ዝተወለድካላ ህሞት ኣባኻ ዝተቐመጠ ነገር ምሉእ ብምሉእ ምስ እትእመኖ፣ እምነትካ ክትዓዩ ትጅምር።

ስለዚ፡ እቲ ቃል ብዛዕባኻን ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ ኩነታትካን እንታይ ከም ዝብል ንነብስኻ ክትነግራ ጀምር። ናብ መስትያት ጠሚትካ ንነብስኻ ኣእምሮ ክርስቶስ ከም ዘለካ ንገራ። ኣእምሮ ናይቲ ፍሉይ ስትራተጂስት ከም ዘለካ ንገራ። ኣእምሮኻ ወይ ሓሳባትካ ኣብ ዘውደቅካሉ ነገር ፈጺምካ ክትፈሽል ኣይትኽእልን ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብክርስቶስ ኣባይ ዘሎ ኩሉ ሰናይ ነገር እእመኖን እቕበሎን ኣለኹ። እምነተይ ድማ ብትብዓት ይጥቀመሉን የንቐሳቕሰን ኣለኹ። ዓቢ ስለ ዝኾንኩ ዓበይቲ ነገራት እየ ዝዛረብ። ኣሰጋጉማይ ድማ ዓቢ እዩ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጲ 4፡8-9

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 13፡17-15፡21

ሰንበት፣ 16 ለካቲት

ነቲ ዝተኣከበልካ እትግብተሉ ግዜ እዩ

ምሳሌ 13: 22
ደጊ ሰብ ንደቂ ደቁ የውርሶም፡ ሃብቲ ሓጥእ ግና ንጻድቕ ይዕቈረሉ።

እዛ ጥቕሲ ጽቡቕ ስእሊ እያ ተርእየና ዘላ፣ ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ግን፣ ንብዙሓት መነባብሮኦም ተጸጊሞም ዝመርሑ ዘለዉን ገሊኦም ውን መነባብርኦም ክመርሑ ዘይክእሉን ዘሰክፍን ተስፋ ዘቕርጽን መልእኽቲ እዩ። መን እዩ ከም ንፉዕ ሰብኣይ (ወይ ሰበይቲ) ክበቅዕን፣ ንደቁን ደቂ ደቁን ኣብ ህይወት ፈጺሞም ከምዘይሸገሩ ከግብር ዘይደሊ፤

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ መልሱ ዘይፈለጦ ሓሳብ ምዝራብ ኣየልዕልን እዩ። እዛ ዘንበብናያ ጥቕሲ ሃብቲ ሓጥእ ንጻድቕ ከም ዝዕቆበሉ ትነግረና። ንክርስቶስ ምስ ተቐበልካዮ ስለ ዝጸደቕካ፡ ሃብቲ ሓጥእ ክትወስዶ ተኣኪቡልካ ኣሎ። ብትብዓትን ብድንዓትን ከም ቡል ዶግ ከልቢ (Bulldog) ወጺእካ፣ ንኹሉ ንዓኻ ከም ውሉድ ኣምላኽ ዝብጽሓካ ነገራት ውሰዶ።

መንግስተ ሰማያት ብሓይሊ ትደፍእ ኣላ፡ ደፋእቲ ድማ ብሓይሊ ይዛረፍዋ ኣለዉ (ማቴ 11፡ 12)። ስለዚ እቲ ሃብቲ ኣብ ሕቑፍካ ክወድቕ ኮፍ ኢልካ ኣይትጸበ። ንጡፍ ኩን፣ ወጺእካ ነቲ ድሮ ተኣኪብልካ ዘሎ ሃብቲ ንምውሳድ መጻወድያታት ምትካል ጀምር። ሃብትኻ ምእንቲ ክትእክብ ንግዲ ወይ ገለ ነገር ግበር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ከም ውሉድ ኣምላኽ መሰለይ ተጠቂመ ነቲ ዝዓበየ ናይ ሃብቲ ምስግጋር ተመዝጊበ ኣለኹ። ንግደይ ይዕንብብ ኣሎ። ብዙሓት ሓደስቲ ወሓዚ ኣታዊታት ብስም የሱስ ናብ መንገደይ ይመጹኒ ኣለዉ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ነገ 7፡5-8

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 15፡22-16፡50

ሰኑይ፣ 17 ለካቲት

ኣብ ከረን ዘላ ከተማ

ወንጌል ማቴዎስ 5: 14
ንስኻትኩም ብርሃን ዓለም ኢኹም። ኣብ ከረን ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ።

ድሮ እኹል ናይ ገዛእ ርእስኻ ሽግራት ክትፈትሓሉ ሐርከትከት እትብለሉ ኣብ ዘለኻሉ እዋን፡ ሰባት ኩሉ ግዜ ጸገማቶም ከተተዓራርየሎም፡ ወይ ገንዘብ ክለቅሑ፡ ወይ ምኽሪ ክሓቱ ናባኻ ምምጽኦም ከገርመካን ካብኡ ሓሊፉ ውን ከም እተማርር ክገብረካን ይኽእል እዩ።

ካልኣይ ክፋል ናይዛ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ክትጥምቱ እደሊ። ምስታ ክትክወል ዘይትኽእል ኣብ ከረን እትርከብ ከተማ እያ እተመሳሰለና። በረኽት ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ክግለጽ ምስ ጀመረ ክትሕባእ ኣይትኽእልን ኢኻ። “እንዳ ወሰኽካ እትኸይድ ከም ዘለኻ ኣብ ኩሉ ምእንቲ ክግለጽሲ...” (1ይጢሞ 4፡15)። ከተማ ከም ማእከል ንግዲ፡ ምንጪ መዓልታዊ ድሌታት ወዘተ ኮይና ትሰርሕ። ሰባት ናብ ከተማታት ብምኻድ መነባብሮኦም ክረኽቡ እዮም ዝኸዱ። ናበይ ከም ንኸይድ ዘለና ዶ ትርኢ ኣለኻ፧

ሰባት ሓገዝ ንምርካብ ናባኻ ክመጹ ከለዉ ኣይትገረም፤ ኣብቲ ቀንዲ ምንጪ ብርሃንናን መነባብሮናን ዝኾነ ክርስቶስ ተሰኹዕካ ስለ ዘለኻ፣ ንዓኣቶም ልክዕ ከም ከተማ ኢኻ። ከም ማእኸል መፍትሒ ገይሮም እዮም ዝሪኡኻ። ስለዚ ዮሴፍ ናይ ስድራኻ ኩንካ፣ ካብ ድኽነት ኣውጽኣዮም።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ብርሃን ዓለም እዩ። ኣነ ማእከል መፍትሒ እዩ። ኣነ እዩ ንወለዶይ ካብ ድኽነት ንኽወጹ ዝመርሖም ዘለኹ፡ ብሳላ እቲ ኣብ ሂወተይ ዝርእይዎ ዘለዉ ምስክር ድማ ናብ ኣምላኽ ከመጹ እዮም። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዮሃንስ 7፡38

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 17-20

ሰሉስ፣ 18 ለካቲት

እቲ ዝበለጸ መቐመጢ

ወንጌል ሉቃስ 12: 33-34
...ጥሪትኩም ሽጡ ምጽዋትውን ሃቡ፡ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፡ ነቐዝ ኣብ ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፈዳን ዘይጐድል መዝገብን ኣብ ሰማይ ዕቈሩ።

ነዛ ጥቕሲ እም ተገንዘብዋ፣ ኣብቲ ዝዓበየን ብምንቁልቋል ቁጠባ ክጽሎ ዘይክእልን ባንክ መሰል ኣለካ። ዝኾነ ሰራቒ ክኣትዎ ክሳብ ዘይደፍር ድማ ስልጡን ቴክኖሎጂን ምዕቡል ናይ ጸጥታ ሓለዋን ኣለዎ። ኣብ 2008፣ ዓቢ ዓለማዊ ቁጠባዊ ምንቁልቋል ኣጋጢሙ ነይሩ። ሰባት ድማ ዓቢ ክሳራታት ኣጋጢምዎም፣ እዚ ድማ ምስቲ ምሉእ ሂወቶም ኣብ ባንክ ዘዋህለልዎ ገንዘብ ኣጠቓሊልካ እዩ።

ንሕና ግን ናይዛ ዓለም ኣይኮንናን። ንሕና ንሃብትና ኣብቲ ኣዝዩ ውሑስ ዝኾነ ሰማያዊ ፋይናንሳዊ ትካል ክንከዝን ፍሉይ ፍቓድ ኣለና። እዚ ሃብቲ ድማ ንዕዮ መግስቲ ኣምላኽ ብምሃብና እዩ ዝኽዘን። ኣዝዩ ልዑል ረብሓ ዘለዎን ካብቲ በላዒ ውሕስነት ዘለዎን ወፍሪ እዩ። ልዑል ረብሓ ትረክብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ልብኻ ምስቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ሃብትኻ ከም ዝነብር ትገብር። እዚ ማለት ድማ ብኡ ንብኡ ልብኻ ምስ ሃብትኻ ኣሕቢርካ ንኣምላኽ ሂብካዮ ኣለኻ ማለት እዩ። ልብኻ ምስ ኣምላኽ ምስ ዝኸውን፡ ካብ ሓሳብካ ንላዕሊ ብዝኾነ መንገዲ መልሲ ንክህብ ከም ዝደፈፋእ ትገብሮ። ስለዚ ሃብትኻ ኣብ ሰማይ ምዕቑብ ልምድኻ ግበሮ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ፕላቲኒየም ካርድ ዝሓዘ ኣባል ባንክ ሰማይ እየ። ኣነ ዕሉል ኣጠራቃሚ ገንዘብ ኢየ። ምሃብ ድማ ልምደይ እዩ፤ ሓሳባተይ ኩሉ ግዜ ብመንግስቲ ኣምላኽ እዩ፣ ገንዘብ ከውጽእ ከለኹ ድማ መጠን ዘይብሉ ኢየ ዘውጽእ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ቆሮንቶስ 9፡7-8

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሉሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 21-23

ረቡዕ፣ 19 ለካቲት

ናይ ቃል ኣምላኽ ምሁር ኩን

2ይ ጢሞቴዎስ 2: 15
ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፡ ንኣምላኽ ከተርእዮ ጽዓር።

ከም ዳግማይ ዝተወልደ ውሉድ ኣምላኽ መጠን፣ ድሮ ዜጋ ጽዮን ኩንካ ኢኻ። እዛ መንግስቲ'ዚኣ ብኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ገዛእ ርእሳ ሕግታት እያ እትሰርሕ። መጽሓፍ ቅዱስ ነቶም ዜጋታት ዘይኮኑ ሰባት ዕሽነት'ዩ ኮይኑ ዝረኣዮም ይብለና። እዚ ማለት ብዛዕባ እዛ ሓዳስ መንግስቲ ብዙሕ ክንመሃሮ ዘለና ኣሎና ማለት እዩ።

ነቲ ምስኡ ዝመጽእ ረብሓታት ምሉእ ብምሉእ ምእንቲ ክንጥቀመሉ፣ ነቲ ስርዓተ-ምሕደራ ክንመሃሮ ግድን እኳ እንተኾነ፡ ምስ መምርሒታት እዛ መንግስቲ፡ ብኸመይ ከም እትሰርሕን ስለምንታይከ ዜጋ ከም ዝኾንናን ኣርጊጽና ክንርድኦ ኣለና። እዚ ፍልጠት እዚ ነዚ ህዱጽ ዝኾነ መልእኽቲ ከተካፍልን ንእምነትካ ኣብ ዝተፈታተነሉ ቦታ ክትዕውትን የኽእለካ። ካብታ ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝተቐበልካላ ህሞት፣ ካብቶም ናብ ዓለም ክኸዱ ዝተላኡ ንክትከውኑ ተሓሪኻ ኢኻ። ስለዚ ንቃል ኣምላኽ ብዕምቆት ምጽናዕ ኣዝዩ ኣግዳሲ እዩ። ናይ ቃል ምሁር ክትከውን ኣለካ። ከምኡ እናገበርካ ነቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓይሊ ከም ዝግለጽ ክትከብር ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ናይ ቃል ኣምላኽ ምሁር እየ። ንቃል ኣምላኽ ቅጡፍ ናይ ምርዳእ ክእለትን፣ ንካልኦት እዚ ጥዑም ብስራት ንኽነግር ድማ ብሉጽ ዝኾነ ክእለት ኣለኒ። ኣብ ቃል ብዕምቆት እናኣተኹ ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን ክልለይ ይሰፍሕ ኣሎ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ጢሞቴዎስ 4:2

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 24:1-26:34

ሓሙስ፣ 20 ለካቲት

ናይ ህድኣት ግዜ

ወንጌል ማቴዎስ 14: 23
ነቶም ሰብ ኣሳናቢቱ፡ ኪጽሊ ናብ ብሕት ዝበለ ኸረን ደየበ። ምድሪ ምስ መሰየ ኸኣ፡ ኣብኡ በይኑ ነበረ።

ኣብ ግዜ ኣገልግሎት ጐይታ የሱስ ኣብዛ ዓለም፡ ኣብ ጸሎት ግዜ ምእንቲ ከሕልፍ፡ ሰላምን ጽምዋን ንምርካብ ናብ ኣኽራን ከም ዝኸይድ ዝነበረ ከተስተብህል ኢኻ። ንርእሱ ካብቲ ኣብ ከባቢኡ ዝነበረ ዕግርግርን ረበሻን ሰባት ብምርሓቕ ቻርጅ (charge) ክመልእ ይኽይድ ነበረ። ብሓይሊ ተመሊኡ ይምለስ እሞ፣ ዘገርም ተኣምራት ይፍጽም፣ ኣጋንንቲ የውጽእን፣ ህቡብላታት ከቋርጽ ይእዝዝን ድማ ነበረ።

ክንደይ ግዜ ኢኻ ንመንፈስካ ቻርጅ ትገብሮ ዘለኻ፡ እቲ ምስ መንፈስ ቅዱስ ህዱእ ሕብረት እትሕልፈሉ ህሞት ኣብ መንፈሳዊ ዕብየትካ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ ውን ምስኡ ንክትላለን ክትፋለጥን የኽእለካ። ብዛዕባ ልማኖ ዝመልእ ናይ ጸሎት ግዜ ኣይኮንኩን ዝዛረብ ዘለኹ። እዚ ንሕብረት ጥራይ እዩ። መዝሙር ዳዊት 46፡10 “ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምኳነይ ኣስተውዕሉ” ይብል። ብካብ ምስትውዓል ዝዓቢ ሰላም ኣምላኽ ክትሸፈን ኢኻ፣ ሽው ድማ ንከባቢኻ ንክሃድእ ክትእዝዝን ልክዕ ከምቲ ጎይታ የሱስ ዝገበሮ ድማ ንማዕበል ደው ከተብል ኢኻ። ምኽንያቱ ካብቲ ኣባኻ ዘሎ፣ ስሒብካ ከተውጽእ ስለ ዝኾንካ። ኣብ ጸሎት ቐጻሊ ናይ ጽን ምባል ግዜ ይሃልውካ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ህይወተይ ሰላምን ቅሳነትን እእዝዝ ኣለኹ። ኣብ ከባቢየይ ዘሎ ህውከት ብዘየገድስ፡ ጸኒዐ፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ሱር ይሰደደ፡ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ድማ ጸዓት ይረክብ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1ይ ቆሮ 14፡2-4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 26፡35-28፡31

ዓርቢ፣ 21 ለካቲት

ኣጽደቕቲ ፍቓድ ኣምላኽ

ግብሪ ሃዋርያት 12: 5
ጴጥሮስ ከምዚ ኹይኑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይሕሎ ነበረ፥ እታ ማሕበር ግና ምእንትኡ ኹሉ ሳዕ ናብ ኣምላኽ ትጽሊ ነበረት።

እግዚኣብሄር ንኣዳም ምስ ፈጠሮ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣብዛ ዓለም ዘሎ ክገዝእን ክዕብልልን ስልጣን ሃቦ። ሽዑ ጎይታ የሱስ መጺኡ ኣብ ሰማይን ምድርን ዘሎ ስልጣን ኩሉ ንዕኡ ከም ዝተዋህቦ ነገረና። ሽዑ ድማ ናብ ኩሉ ዓለም ክንከይድ ኣዘዘና፣ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ንኽንገዝእ ድማ ኩሉ ሓይሊ ሃበና።

ኣምላኽ እንተኾነ፣ ኣብዛ ዓለም ንክንዕብለል ዘድልየና ኩሉ ሓይልን ስልጣንን ሂብና ከምዘሎ እዩ ዝፈልጥ። ቅሩብ ጥቕስታት ንላዕሊ ኬድካ እንተ ኣንቢብካ፡ ሄሮድስ ንያእቆብ ከም ዝቐተሎን፡ ቀጺሉ ድማ ንጴጥሮስ ምእንቲ ክቕትሎ ኢሉ ከም ዝኣሰሮ ትዕዘብ ኢኻ። እታ ቤተ ክርስቲያን ግን ሽዑ ካብ ድቃሳ ተበራቢራ ብዘይ ምቁራጽ ክትጽሊ ጀመረት። ኣብ ልዕሊ እቲ ኩነታት ክጽልዩን ምስ ፍቓድ እግዚኣብሔር ክሰማምዑን ዝተዋህቦም ስልጣን ክጥቀሙሉን ጀመሩ። ፍቓድ ኣምላኽ ናብ ግብሪ ከምዝውዕል ምግበር ሓላፍነካት እዩ። ልክዕ ከምቲ እታ ቤተ ክርስቲያን ንጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ንምድሓን ሓይልታት መንግስተ ሰማይ ብጸሎት ከም ዝልቀቕ ዝገበረት፡ ብጸሎት ሓይልታት መንግስተ ሰማይ ኣብ ህይወትካ ከም ዝልቀቕ ግበር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ልዕሊ ህይወተይ ፍቓድ ኣምላኽ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወተይ ንኽዕብለል ስልጣነይ እጥቀመሉ ኣለኹ። ንኣካላተይ ብፈውሲ ከገልግሉን ገንዘባዊ ጸጋታት ንኽምጽኡለይን መላእኽቲ ኣዋፍር ኣለኹ። ብስም የሱስ፣ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራውያን 1:14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 29:1-31:47

ቀዳም፣ 22 ለካቲት

እቲ ቀዳማይ ፍቅርኻ

ራእይ ዮሃንስ 2: 4
ግናኺ ነታ ቐዳመይቲ ፍቅርኻ ሐዲግካያ ኢኻ እሞ እዚ ረኺበልካ አሎኹ።

በቲ ስራሕ ኣምላኽ ኣዚኻ ብምትሓዝካ ነቲ እቲ ስራሕ ዝሃበካ ኣልምላኽ ክትርስዖን ሽለል ክትብሎን ቀሊል ምኳኑ ትፈልጥ ዶ፡ ዋላ ንፉዕ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ምኳንካ ክትኣምንን ብኡኡ ድማ ክትሕበንን ትኽእል ኢኻ፣ ኩሉ ግዜ ንጥፈታት ቤተ ክርስቲያን ትውጥን፣ ናብ ማሕበረሰባት ትኣቱ፣ ንኣረጋውያንን ዘኽታማትን ትበጽሕ፣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ተገልግል፣ ካልእን ትገብር ትኸውን።

ኣብዛ ጥቅሲ ግና ናይ ኣምላኽ ኣረኣእያ ኢና ንረክብ። ነቲ እታ ቤተ ክርስቲያን ትሰርሖ ዘላ ዓቢ ስራሕ ነኣዶ፣ ቀልጢፉ ግን ኣብ ምስ ጎይታ ዘለዎም ጉዕዞ ዘሎ ዓቢ ጉድለት ኣመልከተሎም። ንሳ ድማ "ንዓይ ነቲ ቀዳማይ ፍቅርኻ ረሲዕካኒ" እያ ነይራ። ሕሰብዎ እሞ፡ ጎይታ ባዕሉ "ረሲዕካኒ ተመለስ" ክብል ከሎ። ንስኻኸ ትዝክሮ ዶ፡ ወላስ ነቶም ብስጋ መሓዛኻ ወይ ዓርክኻ ዝኾኑ ጥራይ ኢኻ እትዝክር።

ሎሚ ደጊምካ ልብኻ ናብኡ ኣቕንዕ፤ ናብታ ቀዳመይቲ ፍቅርኻ ተመለስ። እንደገና ምስ ልቡ ብኣምልኾ ጌርካ ፍቕራዊ ርክብ ምግባር ተመሃር። ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ጫውጫውታ ወጺኻ፣ ምስኡ ኣብ ጸሎት ብሉጽ ግዜ ኣሕልፍ። ሎሚ ምስኡ ሕብረት ንክትገብር ግዜ ርኸብ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ልበይ ከም ብሓድሽ ናብ ኣምላኽ ኣቕንዕ ኣለኹ። ነቲ ንንጉስ ነገስታት ዘለኒ ፍቕሪ መሊሰ ኣረጋግጽ ኣለኹ። ምስኡ ተሓዋዊሰ እየ፣ ብእኡ ድማ ኣዝየ እየ ዝፍቀር ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2 ዜና መዋእል 7:14

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 31:48-33:56

ቀዳም፣ 23 ለካቲት

እቲ ቡልዶዘር (Bulldozer)

ግብሪ ሃዋርያት 17: 28
ካብቶም ተቐነይትኹም ድማ ሓያሎ፡ ንሕና ኻብ ዓሌት ኣምላኽ ኢና፡ ኢሎም ከም ዘለዉ፡ ብእኡ ኢና እንነብርን እንዋሳወስን ብእኡ ኸኣ ኢና ዘሎና…

ብዙሕ ግዜ ክርስትያናት ንህይወት ስለ ምንባር ኢዮም ዝነብርዋ ፣ ብድኽነትን ብስእነትን እዮም ሂወቶም ዝሓልፍዎ። ሓንሳእ ግዜ ውን ሓደ ሰብ "ኣብ ትሕቲ'ዚ እቲ ኩነታት ከማርር ኣይክእልን እየ" ክብል ክትሰምዕ ኢኻ። ወይ ድማ ንሓደ ሰብ ከመይ ኣለኻ ኢልካ እንተ ሓቲትካዮ፡ "ኣይከፍእን" ኢሉ ይምልሰልካ። እንተ ደኣ ዘይከፈእካ ሃልዩ ኮይኑ፣ ድቡቕ ኣለኻ ማለት እዩ። ድቡቕ ከም ዘለኻ ምንጋር ገበን ወይ ምጅሃር ኣይኮነን።

ብዝኾነ ናብቲ ንዛረበሉ ዝነበርና ንመለስ። ካብ እዛ ዓለም ስለ ዘይኮንካ ምስ ዋሕዚ እዛ ዓለም ምኻድ ኣቋርጽ። ኣብ ትሕቲ እቲ ኩነታት ምህላው ኣቋርጽ። መን ምኗንካን ናይ መን ምኗንካን ይረድኣካ። ናብታ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ርኣዩ፡ "ብእኡ ኢና እንነብር፡ እንዋሳእን፡ ብእኡ ኸኣ ኢና ዘለና"። ኣብ ክርስቶስ ኢና ንነብር ዘለና። ሓወይ፣ ሓፍተይ፣ ኣብቲ ዝበለጸ ቡልዶዘር ኢኻ ዘለኻ። ከይ ረሃጽካን ከይ ደኸምካን፣ ነቲ ዝኸበደ ኩነታት ክትጭፍልቕ ክእለት ኣለካ። ጸላኢ ሒዝካ ኣሎ ኢሉ ሓሰበ፡ ወይ ዓለማዊ ቁጠባ ክወድቕ ከሎ ወይ ካልእ ለበዳ ምስ መጸ… ብሳላ ኣብ ክርስቶስ ዘለካ መርገጺ ካብ ኩሉ ነጻ ኢኻ። እዚ ጽሑፍ እዚ ኣባኻ ክውን ክሳብ ዝኸውን ከተስተንትኖ ይግብኣካ። ብስም የሱስ ብመንደቕ እንዳ ጨደርካ እንዳ ጎየኻን ክትሓልፍ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ፈጺመ ኣይስዓርን ኣይትንከፍን እየ። ኣብ መንገደይ ዘሎ ብዘየገድስ፣ ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ንጉስ ስለ ዝለኹ ንዝኾነ ዕንቅፋት እናጨፍለቕኩ ንቕድሚት ምጉዓዝ ይቕጽል። ሃሌሉያ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዮሃንስ 15፡4-5

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ኦሪት ዘሁልቅ 34፡-36, ኣሪት ዘዳግም 1፡1-15

ሰኑይ፣ 24 ለካቲት

ዝኸበረ ተጻዋታይ (Most Valuable Player)

ግብሪ ሃዋርያት 9፡36-40
ኣብ ዮጴ ድማ ጣቢታ እትብሀል ተምሃሪት ነበረት፡ ትርጕሙ ድማ ዶርቃስ እዩ። ንሳ ኸኣ ጽቡቅ ግብሪ ዝመልኣ ምጽዋትውን እትምጽውት እያ። ኩነ ኸኣ፡ በቲ ቅነቲ ሐሚማ ሞተት።..ጴጥሮስ ግና ንኹላተን ናብ ወጻኢ ኣውጺኡ፡ ተምበርኪኹ ጸለየ፡ ናብቲ ሬሳኣ ግልጽ ኢሉ ኸኣ፡ ጣቢታ፡ ተንስኢ፡ በላ። ኣዒንታ ጐሕ ኣበለት፡ ንጴጥሮስ ምስ ረአየቶውን፡ ኮፍ በለት።

ንኣብነት ኣብ ሃገራዊ ሊግ ኩዕሶ እግሪ (NFL)፡ ፍሉይ ብቕዓት ንዘርኢ ተጻዋታይ፡ ሽልማት ዝለዓለ ክቡር ተጻዋታይ (MVP) ተባሂሉ ዝፍለጥ ክቡር ሽልማት ይወሃብ። ዓቢ ናይ ገንዘብ ሽልማት ይረኽቡ፣ ንመጻኢ እዉን ናይ ደሞዝ ዋጋኦም ይውስኽ።

ሕጂ እምበኣር ናይ ዶርካስ MVP ርእዩ። ሓሚማ ሞተት፡ ‘ጋንታ’ ድማ ብዘይ ብኣኣ ክትነብር ስለ ዘይከኣለት፡ ንሃዋርያ ጴጥሮስ ጸዊዖም ክመልሳ ለመንዎ። ብዛዕባኻ ከምኡ ምተባህለ ድዩ፣ ሎሚ ኣብ ስድራቤትካን ኣብ ቤተክርስትያንካን ኣብ ክፍልኻን እቲ MVP ክትከውን ጽዓር። ብውህብቶኻን ብኣገልግሎትካን ፍሉጥ ኩን። ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘለካ ዋጋ እናወሰኽ ምስ ከደ፡ መጻኢኻ እውን ውሑስ ትገብሮ ኢኻ፣ ስለዚ ሞት እውን ከይተረፈ ኺትንክፈካ ኣይፍቀደሉን እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ኣብ ዓለመይ MVP ንምኺን ኣብ መንገደይ ተበጊሰ ኣለኹ። ኣብ ሞያይ መተካእታ ዘይብሉን ዘይትካእን እዩ። ብሰንኪ እዚ ድማ መጻኢየይ ብስም የሱስ ኣዝዩ ብሩህ እዩ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ግብሪ ሃዋርያት 10፡1-4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘዳ 1፡16-3፡29

ሰሉስ፣ 25 ለካቲት

ሓላዊ ሓውኻ ኩን።

እብራውያን 10:24-25 (KJV)
ንፍቅርን ንሰናይ ግብርን ንምንቅቃሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል።እዚ ኸኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ፡ ኣጸቢቕኩም ትርእዩ አሎኹም እሞ፡ ንሓድሕድና ንመዓዓድ እምበር፡ ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገብርዎ፡ ኣኼባና ኣይንሕደግ።

መብዛሕትኡ ግዜ ሰባት ብዛዕባ ጸቕጢ መዛኑ ካብ ፈተውትን መሳርሕትን ብኣሉታዊ መንገዲ ይዛረቡ፡ ናይ ሎሚ ጥቕሲ ግን ኣብ ዝሃለናዮ ፍቕርና ክንገልጽን ኣወንታዊ ጽልዋ ክንገብርን ንሓድሕድና ክንጻላለውን ክንተባባዕን የተባብዓና። መጽሓፍ ቅዱስ "ሓጺን ንሓጺን የስሕሎ፡ ከምኡ ድማ ሰብ ንገጽ ፈታዊኡ ይስሕሎ" (ምሳ 27:17) ይብል።

ስለዚ ድማ እዩ ኣካል ናይ ሓደ ዋህዮ ጉጅለ ምኺን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን፣ ኣብቲ ንእሽቶ ጉጅለ ተመሳሳሊ ኣተሓሳስቦ ዘለዎም ሰባት፣ ነቲ ቃል ክትምርምር ትረኽቦ ብርሃን ኣብ ውሽጢ እታ ጉጅለ ትለማመዶ። ንኣብነት ንፈውሲ ዝኸውን ጥቕስታት ትትንክፍ፡ ድሕሪኡ ንሕሙማት ክትጽሊ ወጺእካ ውጽኢትካ ከተካፍል ተመሊስካ ትመጽእ። እቲ ክፍሊ ቀጺሉ ካብ ቤተክርስትያን ከይተርፍ ነንሕድሕድኩም ተተባባዑ ይብለና! ስለዚ፡ ናብ ኣገልግሎት ቤተ ክርስቲያን ምምጻእ ከይንድፍ ከተተባብዕ ንመን ኢኻ ትጽውዕ ዘለኻ? ሎሚ ሓላዊ ሓውኻ ኩን፤ ሎሚ ሓውኻን ሓፍትኻን ርአ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ሓላዊ ሓወይ እየ። ኣሕዋተይን ኣሓተይን ብክርስቶስ ዝዓበየ ቁመትን መዓሙቕን ክበጽሑ የተባብዕ፣ ከምቲ ንዓይ ዉን ዘበራትዑኒ። ብስም የሱስ! ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ግብሪ ሃዋርያት 2:46-47

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘዳ 4:1-6:15

ረቡዕ፣ 26 ለካቲት

ፍሉይ ምዝመዛ

ዳንኤል 11፡32
ነቶም ነታ ኪዳን ብረሲእነት ዝበደሉስ እናቃባጠረ ኬስሕቶም እዩ፣ እቲ ንኣምላኹ ዚፈልጥ ህዝቢ ግና ኪብርትዕን ኪገብርን እዩ።

ብመዐቀኒ ዓለም ፍልጠት ሓይሊ እዩ ንብል ብዛዕባ እቲ ትሰርሓሉ ዘለኻ ዓውዲ ብዝፈለጥካዮ ትኽፈል።እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ እቶም ኣምላኾም ዝፈልጡ ክሕይሉ እዮም ይብል፤ መንፈሳውያን ቡርቱዓት ክኾኑን ምዝመዛ ክገብሩን እዮም! መጽሓፍ ቅዱስ ኣብዚ ኣብ ምምራጽ ቃላት ኣዝዩ ኪነ ኢልካ እዩ። ‘exploits’ ይብል፡ ማለት ፍሉይ ጽልዋ ዘለዎ ፍሉይ ስራሕ ክትሰርሕ ኢኻ!

እዘም ደረጃታት እዚኣቶም ብቓል ኣቢልካ ንኣምላኽ ክትፈልጦም ቀሊል እዩ። ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ዝነበሮ ትራክ ሪከርድ ምስ ረኣኻዮ፡ ኣብ ዝኾነ ውግእ ተሳዒሩ ከም ዘይፈልጥ ክትግንዘብ ኢኻ። ብሓቂ መጽሓፍ ቅዱስ ኣንጻሩ ደው ዝበሉን ፍጹም ዝተሳዕሩን ሰባት ዝሓዘ እኩብ ዛንታታት ምኺኑ ክትዕዘብ ኢኻ። በቲ ክብረወሰን ተዓጢቕካ፡ ብሓደ ዘይሰዓር ከም እትድገፍ ፈሊጥካ ዝኾነ ብድሆ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ከምቲ ክፉእ መንፈስ ከይተረፈ “ንጻውሎስ ንፈልጦ” (ግብ 19፡15) ኢሉ ዝተናዘዘሉ ጻውሎስ ብመንፈስ ብርሃን ክሳብ እትኸውን ንጸላኢ ከተሸብር ኢኻ። ኣዕሚቕካ ኮሚትካ ንኣምላኽካ ብምግላጽ ፍለጦ፡ ንበዓል ልደት እንታይ ከም እትረክብ ድማ ክትዕዘብ ኢኻ!

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ናብ ፍልጠት እቲ ዘገልግሎ ኣምላኽ ኣዕሚቕ ክኾዕት ከለኹ፡ ይሕይል ኣለኹ። ነቲ ዘይተለምደ ናይ ምግባር ዓቕመይ ብስም የሱስ ይውስኽ! ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራውያን 13፡5-6

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘዳ 6፡16-9፡21

ሓሙስ፣ 27 ለካቲት

እቲ ስርዓት ምትላል እዩ።

2ይ ቆሮንቶስ 5፡7
ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና።

ኣብዛ ዓለም ምጉዓዝና ንረብሓና ኣዝዩ ዝተሓብአ ስለ ዝኾነ ንጸላኢ እውን ፍትሓዊ ኣይኮነን! ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ ብእምነት እምበር ብምርኣይ ኣይንመላለስን ይብል እዚ ኣዝዩ ሓቂ እዩ፡ ጻድቅ ብእምነት ይነብር እዩ እሞ። እንሆ ግና ሓዱሽ ዜና።ኣብ ትሕቲ እዚ ትንቢታዊ ኣገልግሎት ብምህላውካ፡ ኣብ ትንቢታዊ ሃዋህው ኢኻ ትኸይድ ዘለኻ። ብቴክኒካዊ መዳይ ዕዉር ኣይኮንካን ናብ ዘይትፈልጦ መጻኢ ኣይትኸይድን ኢኻ፤ ኣይፋልን ድሮ ዓመት ምሉእ ተጓዒዝ ጽቡቕ ምኺኑን ብልጽግና ከም ዝጽበዮን ርእየ ኣለኹ።

ምሳይ ብምትእስሳር ድማ ተኻፋሊ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ህይወተይ ዘሎ ጸጋ ኮይንካ ኣለኻ። ኣብ ህይወተይ እትርእዮ ኩሉ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። እዚ እኹል ከም ዘይኮነ፡ ፍጥረት ምሉእ ድምጽኻ ክሰምዕን ትእዛዛትካ ክሰምዕን ተኣዚዙ። ዘርኢ ኣብ መሬት ምስ ኣእተኻዮ ክባዛሕ ፕሮግራም ተገይሩሉ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ድምጽኻ ነቲ እትዛረቦ ንምፍጣር ፕሮግራም ተገይሩሉ ኣሎ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ክትዕወት ኩሉ ተዳልዩልካ ከሎ ከመይ ጌርካ ትፈሽል!?

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ሎሚ ጀሚረ ኣብ ኢደይ ዘሎ ኩሉ ብልጫታት እየ ዝጥቀመሉ። ነቢይ ኡበርት ኣንጀል ብልጫይ እዩ። ምስኡ ክሻረኽ ከለኹ፡ ካብቲ ኣብ ህይወቱ ዘሎ ጸጋ እካፈል። ኣነ ውን ከምቲ ንሱ ዘፍርዮ ውድኢት ብስም የሱስ የፍሪ! ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጵ 1፡7

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘዳ 9፡22-12፡32

ዓርቢ፣ 28 ለካቲት

ነቲ መስርሕ ተኣማመን

እብራውያን 4፡11
ስለዚ ሓደ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ወሲዱ ኸይወድቕ፡ ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ክንኣቱ ንጋደል።

ንዓመታት፡ ነዛ ናትካ ማንዋል መኪና ክትዝውራ ጸኒሕካ፡ ኣብኡ ክትመርሕ፡ ማርሻ ክትቅይር፡ ፍሬኖ ክትቅይርን ፍጥነት ክትቅይርን ነይርካ። ሽዑ ሃንደበት፡ ናብ ሓደ መለክዒ በረኸት ኣምላኽ ትበራበር፡ ሕጂ ድማ ቴስላ ሳይበርትራክ ኣለካ። እዚኣ ኮፍ ኢልካ ሻሂ እናሰተኻ ባዕላ ትዝውር። ኣብ መጀመርታ እዚ ብድሆ ክኸውን እዩ ምኽንያቱ ዝለመድካዮ ክትገብር ክትደሊ ስለ እትርከብ።

ነዚ እዩ ናይ ሎሚ ጽሑፍ ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ክንጽዕር ዝብለና። እቲ ክትገብሮ ዘለካ ጸዕሪ፡ ኣእምሮኻ ካብ ጽቡቕ ክትገብር ካብ ምፍታንን ቅኑዕ ክትነብር ምፍታንን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቀኒዕካ ምርካብን እዩ። ንሕና ክንሰርሕ ዘይኮነ ኣብኡ ክንዓርፍን ነቲ ንሱ ዝሃበና ጸጋ ክንጥቀመሉን ጥራይ እዩ ዝንገረና ዘሎ። ናብ ዕረፍቱ ምስ ኣተኻ ድሕሪ ደጊም ነቲ ስራሕ እትሰርሖ ንስኻ ኣይኮንካን ሕጂ ጸጋ ኣምላኽ ብኣኻ ኣቢሉ ንኣእምሮኻ ብዘደንቅ መንገዲ ይሰርሕ። እዚ ኢዩ ጥዕም ብስራት።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ብዓቕመይ ነገራት ክገብር ካብ ምፍታን ኣቋሪጸን ኣቋሪጸን ኣለኹ። ናብ ዕረፍቱ እኣቱ። ካብ ሕጂ ዝገብሮ ኩሉ ብመንፈስ ቅዱስ ብስም ኢየሱስ ዝሰርሕ እዩ! ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጵ 2፡13

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ ዘዳ 13፡1-16፡8

ቀዳም፣ 1 መጋቢት

ሓንቲ ምጉናፍ

ግብሪ ሃዋርያት 9:3
ኪኸይድ ከሎ ኸኣ፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ ብድንገት ጸዳል ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ

ብዙሓት ሰባት ናብ ኣገልግሎትና ኺውሕዙ ኽርኢ ኸለኹ ኮሉ ሳዕ እየ ዝድነቕ። ገሊኦም ኻብተን ፈደላተን ንምድማጽ ወይ ውን ንምጽሓፍ ዜጸግማኒ ሃገራት እዮም ዚመጽኡ። ነዚ ኹሉ ኽርእዮ ኸለኹ ናብታ ቄልዓ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ቺቫምባ ኣብ ዚብሃል ግሉል ዞባ ዚምባብወ ዘጓነፈኒ ፍጸም መዓልቲ እየ ዝዝክር ። ስለዚ ኮሎም እቶም ናብ ኣገልግሎትና ዚውሕዙ ሰባት ውጽኢት እቲ ዜጋጠመኒ ምጉናፍ እዮም ።

ሓንቲ ምጉናፍ (encounter) ጥራይ ኢያ ተድልየካ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ራእይ ኪኽሕዶ ኸም ዘይክእል ተዛረበ ። እቲ ራእይ ሓያል ድራኽ ስለ ዝነበሮ እዩ ኼገልግል ዝደረኾ ። እቲ ናብ ደማስቆ ኣብ ዚጐዓዘሉ ዝነበረ እዋን ዘጋጠሞ ነገር ኢዩ ንኹሉ ዝቐየሮ ። ሎሚ ነዚ ትንቢታዊ መልእኽቲ እዚ ኸተንብቦ ኸለኻ፣ሓደ ዘጓንፈካ ዘሎ ኣጋጣሚ ነገር እዩ ንዓኻ ። ንኹሉ ጭንቀትን፣ ሓጢኣትን፣ ጌጋታትን፣ ድኽመትን ረስዓዮ። ኣምላኽ ንዓብዪ ነገር የዕጥቕካ ኣሎ ፣ ብስም የሱስ ምስኡ ፈጺሙ ዘይከኣል ነገር የልቦን፣

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሎሚ ናይ ምጉናፍ መዓልተይ ኢያ ። ህይወተይ ምሉእ ብምሉእ ተቐዪሩ እዩ። ነውርን ድፍኢት ሓጥያትን ምምካንን ካብ ሂወተይ ፍጹም ተነቂሉ ኢዩ፣ ብስም የሱስ ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር ዳዊት፣ 126፣ 1

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 16፣9-19፣21

ሰንበት 2፣ መጋቢት

ኣብ ጽዮን ዝተወልደ

መዝ 87:5
ብዛዕባ ጽዮን ድማ፡ እዝን እትን ኣብኣ ተወሊዶም፡ ኪበሀል እዩ፡እቲ ልዑልውን ባዕሉ ኼጽንዓ እዩ።

ብዙሓት ሰባት ድኻመቶም ብሰንኪ ኣተዓባብያኦምን ፍጥረቶምን ከም ዝኾነ ገይሮም እዮም ዚርእይዎ። ስለዚ ገና ሓድሽ ክውንነት ኣብ ኣእምሮኦም ክመጽእ የድሊ። መጽሓፍ ቅዱስ እቶም ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ዘለዉ ኣብ ጽዮን ከም እተወልዱ ይገልጽ እዩ ። ምስክር ወረቐት ልደትካ ኣብ ከምዚኣ ዝኣመሰለት ከተማ ወይ ቍሽት ከም እተወለድካ ይገልጽ ይኸውን፣ እንተኾነ ግን እዚ ሓድሽ ልደትካ ካብታ ናይ ቀደም ቕሽት ስለ ዘይኮነ እቲ ናይ ቀደም ምስክር ወረቀት ኣየገድሰካን ኢዩ። ሰነዳት መንነትካ እኳ ከምኡ እንተ በሉ፣ንስኻ ግና ዜጋ ጽዮን ኢኻ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ እዚ ቕኑዕ መንነትካ እዩ።

ካብ መስመር ደምካ ዚመጽኡ ኣሉታዊ ሓይልታት ደው ኬብሉኻ ኣይክእሉን እዮም። ንስኻ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ ኩሉ ድማ ሓድሽ ኮይኑ ኢዩ ። ህይወት ክርስቶስ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ ። ኣብ ህይወትካ ምዝንባዕ ኮነ ውድቀት የለን ። ሰማያዊ ዜጋ ስለ ዝኾንካ፣ ካብ ላዕሊ ኻብቲ ዘይሓልፍ ዘርኢ ስለ እተወለድካ ካልኦት ክገብርዎ ዘይከኣሉ ኽትገብር ኢኻ። ሎሚ ወጺእካ ንኾሉ እቲ ዘይነቓነቕ ዚመስል ኣኽራን ብድሆ ኣግዕዘ፣ ኩሉ ድማ ጐልጐል ኪኸውን ከሎ ብርግጽ ክትርእዮ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ላዕሊ እየ ተወሊደ፣ ናይ ሓቂ ዜጋ ጽዮን እየ። ድኽነት ኮነ ወይ ስእነት ወይ ስቓይ ኣብ ህይወተይ ኣይርከብን እዩ ። ብስም የሱስ ካብ ኣጋንንቲ ሓራ ኢየ ብስም የሱስ ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጵ 3፣20-21

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 20፣1-23፣14

ሰኑይ፣ 3 መጋቢት

ንጥረ ነገር ኣምላኽ

1 ይሃ 4:4
ኣቱም ደቀይ፡ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዚዐቢ ስለ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም ኣሎኹም።

ሓደ ነገር "ኣቅሓ ወርቂ ኢዩ" ኽንብል ከለና፣ እቲ ነገር ካብ ወርቂ እተሰርሐን ብወርቂ ዝመልአን ምኳኑ የመልክት። ብተመሳሳሊ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ኺገልጽ ከሎ ካብ ንጥረ ነገራት ኣምላኽ ወይ ካብ መለኮታዊ ተዋጽኦታቱ ከም እተፈጥረካ እዩ ዚሕብር። ካብ ርእስኻ ኽሳዕ ኣእጋርካ ምስሊ ኣምላኽ ኢኻ፣ ኩሉ እቲ ብዛዕባኻ ዚገልጽ ኣምላኽ እዩ ። ብእግርኻ ኽትከይድ ከለኻ፣ ዝንቀሳቀስ ኣካል ከም ዝኾንካ ጥራይ ጌርካ ኣይትሕሰብ። መንፈሳዊ መራሒ ጥራይ ኣይኮንካን ።

ኣብ ኣምላኽ ብርሃን ጥራይ እምበር ፣ጸልማት ስለ ዘየሎ ሕማምን ድኽነትን ወይ ውድቀት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ኣምላኽ ምስ ድያብሎስን ጭፍራታቱን ኣብ ሓደ ቦታ ኺነብር ኣይክእልን እዩ። እዚ ሕማም ድኽነት ወይ ጭንቀት እዚ ሎሚ መዓልቲ ክስነግ ምኳኑ ኻባኻ ኺሰምዕ ኣለዎ ። ድሕሪ ደጊም ኣብ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኪእከቡ ኣይክእሉን እዮም። ናብ ቤት ጽሕፈትካ ወይ ቦታ ስራሕካ ኽትኣቱ ኸለኻ እግርኻ ጥራይ ዘይኮነስ ኣምላኽ ባዕሉ ምኳኑ ፍለጥ። ሕጂ ወጺእካ ዶባትካ ኣግፍሕ!

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ መንፈሳዊ ዓርሞሸሽ እየ ብኩሉ ንብረተይ ከኣ ኣምላኻዊ እየ። ኣብ ዓወት እየ ዝነብር ዘለኹ ፣ ምስክርነት መዓልታዊ እንጌራይ እዩ ። ንከባቢየይ ድሮ ወሪሰዮ እየ ። ኣብ ኩሉ ህይወተይ ኣምላኽ እዩ ዚግለጽ ። ብስም የሱስ ንኽስዕር ተዓጢቕ እየ!

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2 ጴጥሮስ 1 3-4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 23፣15-27፣10

ሰሉስ፣ 4 መጋቢት

ኤምባሲ ኣምላኽ

2ቆረ 5:20
ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዐረቕ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።

ብዙሓት ሰባት ናይ ሓቂ ትርጉም ኤምባሲ ኣይርድእዎን እዮም። ኤምባሲ እቲ ኣምባሳደር ዚጥቀመሉ ህንጻ ወይ ቤት ጽሕፈት ከም ዝኾነ ገይሮም እዮም ዚሓስቡ። ኤምባሲ እቲ ኣምባሳደር ኣብ ውሽጢ እንተሎ ጥራይ እዩ ኤምባሲ ዝኸውን። ኣብቲ ህንጻ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ቆንስል ይበሃል ። ንሓደ ህንጻ ኤምባሲ ዚገብሮ እቲ ኣምባሳደር ምህላዉ እዩ። ብተመሳሳሊ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኣብ ሄሊኮፕተር ምስ ዝስቀል እታ ነፋሪት ሓይሊ ኣየር ቁጽሪ ሓደ ትበሃል ። እቲ ንድፊ እታ ሄሊኮፕተር ዘይኮነስ ሓይሊ ኣየር ቁጽሪ ሓደ ዚገብራስ እቲ ኣብኣ ተሳፈሩ ዘሎ ሰብ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኣምባሳደር ሰማይ ኢሉ ኺጽውዓካ ኸሎ ዝኾነ ይኹን ንስኻ እትኣትዎ ቦታ ኤምባሲ ኣምላኽ ከም ዝኸውን የመልክት። ከም ውሉድ ኣምላኽ መጠን ህላውነትካ ንኹሉ ዙርያኻ ብህላውነት ኣምላኽ ይመልኦ ማለት እዩ ። ኣብ ህላውነት ኣምላኽ ድኽነት ስእነት ወይ ጸበባ የለን። ሎሚ ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ኣምባሳደር ሰማይ ስለ ዝኾንካ ኣወንታዊ ፍረ ጥራይ ኢኻ እትርኢ ህላወኻ መሎኮታዊ ሃዋሁ እዩ ይፈጥር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣምባሳደር ሰማይ እየ። ህላወይ ህላወ ኣምላኽ እዩ። ኣብ ህይወተይ ዝጐድለኒ ዘሕምመኒ ወይ ዘታርፈኒ ቦታ የብለይን
ብስም የሱስ ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
1 ዮሃንስ 4 ፣17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 27፣11-28፣68

ረቡዕ፣ 5 መጋቢት

ኣፍረይቲ ሓዊ

ማር 1:35 ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወጸ። ናብ ጽምዊ ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ።

ዓለም ብኸም ምግብን ተክኖሎጅን ጠበንጃን ዝኣመሰለ እተፈላለየ ፍርያት ዘፍርዩ ትካላት ዝመልኦት እያ ።ሓደ ነገር ግን ኣሎ፣ብዓለም ዘይተተንከፈ ንዓና ክርስትያናት ጥራይ ዝተሓዝአ ቦታ። መጽሓፍ ቅዱስና የሱስ ምስ ሰባት ቅድሚ ምርኻቡ ንግሆ ተንሲኡ ይጽልይ ከም ዝነበረ ይገልጽ። ኣንጊሁስ እንታይ ኢዩ ዝገብር ነይሩ? ሓዊ የፍርን ይጽዕንን ነበረ ። ሓዊ ኸይጸዓነ ነቲ መዓልታዊ ሂወቱ ኪገጥሞ ኣይደለየን ነበረ ። ኣብ ውሽጥኻ ሓዊ ኸይጸዓንካ ንመዓልትኻ ኽትቃዕበበላ ምውጻእ ሓደገኛ እዩ።

ክትጽሊ ኸለኻ ኣብ ቅድሚ ድያብሎስን ጭፍራታቱን ምእንቲ ኸይትሰዓር ኣብ ኣካላትካ ሓዊ ኢኻ እተፍርን እትጽዕንን ዘለኻ። ንሓዊ ክስዕሮ ዝኽእል ነገር የሎን ። ንዝተዓርደ ነገር ከጥፍእን ክድምስስን ይኽእል ኢዩ። ነዚ ትንቢታዊ መልእኽቲ እዚ ኸተንብቦ ኸለኻ ምሉእ ብምሉእ ብሓዊ ምእንቲ ኽትመልእ ከተማልድን ክትጽልን ጀምር። ጸሎት እኩብ ሓዊ እዩ ። ሎሚ ዜጋጥመካ ዘሎ ዃነታት ብዘየገድስ ኣብ ጸሎት ኣይትሓለል። ብጸሎት ተጸዒንካ ነቲ ኽትዕወተሉ ዘይትኽእል ኩይኑ እተሰምዓካ መዳያት ክትቃለሶ ውጻእ። ብስም የሱስ ንዓኻ ኹነ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበካ ዕላማ ዚዓግቶ የልቦን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣፍራዪ ሓዊ እየ። ክጽሊ ኸለኹ ኩሉ ነገር ይንቀሳቐስ እዩ ። ኩሉ ኸረን ብስም የሱስ ጐልጐል ኪኸውን እእዝዝ ኣለኹ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ይሁዳ 1፣20

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 29፣1-32፣14

ሓሙስ፣ 6 መጋቢት

ቅብኢ

1ሳሙ 16:13
ሽዑ ሳሙኤል ናይ ዘይቲ ቐርኒ ወሲዱ ኣብ ማእከል ኣሕዋቱ ቐብኦ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ዳዊት መጸ። ሳሙኤል ከኣ ተንሲኡ ናብ ራማ ኸደ።

ሳሙኤል ንዳዊት ምስ ቀብአ እቶም ዝረኣይዎ ኣብ ርእሱ ዘይቲ ጥራይ ከም ዘፍሰሰ ገይሮም እዮም ዚሓስብዎ። እንተኾነ ግን ካብ ዘይቲ ንላዕሊ ኢዩ ነይሩ ። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ዝተቀበሎ ጸውዒት ኣምላኽ ኻብ ኣሕዋቱ ክፈልዮ ከኣለ ። ኣብ ዓውዲ ኹናት ጸብለል ከብሎ ዝጀመረ እቲ ናይ ዘይቲ ወይ ቅብኢ ሓይሊ ኢዩ ። እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ቅብኣት ኣምላኽ ንዘልኣለም ዝነብር ከይኑ ካብ ተራ ዝኾነ ሂወት ድማ ይፈልየካ። ነዚ ዘይቲ ኣምላኽ እዚ ኻብ ሎሚ ጀሚርካ ተጠቐመሉ ። ኩሉ ውሉድ ኣምላኽ ዘይቲ ኣምላኽ ኣለዎ፣ ንፆስተራት ጥራይ ኣይኮነን ።

በቲ ቓል ኣቢልካ ጸጋ ኣምላኽ ክትረክብ ከለኻ እዚ ቅብኣ እዚ ኣብ ስራሕካን ኣብ ስድራ ቤትካን ኣብ ጥዕናኻን ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትካን ይዝርጋሕ እዩ። ቅብኢ ስለ ዘሎካ ደው ከብለካ ዝኽእል ሓይሊ የሎን፣ ጸጋ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ሓያል እዩ። የሱስ እውን እንተ ኾነ መንፈስ ጐይታ ኣብ ልዕሊኡ ኸም ዘሎን ብስራት መንግስቲ ኣምላኽ ኪሰብኽ ከም እተቐብአን ገለጸ ። ነቲ እተዋህበ ዕዮ ዘፈጽም ቅብኢ ነበሮ ። ሎሚ እቲ ኣብ ህይወትካ ዘሎ ዘይቲ ትንቢታዊ ለውጢ የምጽእ ኣሎ ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቅብኣ ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ኣሎ። ክብልጽግን ክዕብልልን ቅብኢ ኣሎኒ። ንዅሉ እቲ ንህይወተይ ዚትንክፍ ነገራት ክስተኻኽል ብስም የሱስ እእዝዝ ኣለኹ ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኢሳይያስ 10፣27

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - ዘዳግም 32፣15-34፣12, እያሱ 1፣1-9

ዓርቢ፣ 7 መጋቢት

ብርቱዕ ሓይሊ

2ቆረ 3:18
ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።

መንግስቲ ኣምላኽ ደረቕ ኣይኮነትን። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ኸም እንሰጋገር የረጋግጽ እዩ ፣ እዚ ኸኣ ንኣምላኽ ናይ መጨረሽታ ኽብሪ ዝበሃል ከም ዘይብሉ ኢዩ ዘረድእ ። ዘየቋርጽ ኽብሪ ኽትርእይ እዩ ዚብህግ ። እቲ ኣምላኽ ዝገበረልካ ነገር እቲ ዝለዓለ ክእለቱ ኸም ዝኾነ ጌርካ ትሓስብ ትኸውን፣ እንተኾነ ግን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደቂቕ ኸይደጋገመ ኼገርመካ ይኽእል እዩ። ኣብ ቤትካ ሓድሽ ነገር ኪገብር ይኽእል እዩ ።

ኣብዛ ትንቢታዊት ቃል እዚኣ ምስ እትትከል ኣኽናፍ ህይወትካ ከተዕብይ ኢኻ ። ኣብ ህይወትካ ብስም የሱስ ምድንጓይ ኣይኪህሉን እዩ። ካብ ሓደ ደረጃ ኽብሪ ናብ ካልእ ትሰጋገር ኣለኻ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ዝዓብይ ስለዝኾነ ንድሕሪት እትምለሱሉ ምኽንያት እውን የብልካን። ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ዶባትካ ተግፍሕ ኣለኻ። ብተኣማማንነት ወጺእካ እቲ ዅሉ ዚኽእል ኣብ ህይወትካ ሓድሽ ነገር ኪገብር ከሎ ርኣዮ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ሓድሽ ነገር ይገብር ኣሎ ። ኣብ ህይወተይ ንስእነት ኮነኔ ንሓጢኣት ወይ ንድኽነት ዚኸውን ቦታ የብለይን። ኣነ ዘርኢ እቲ ልዑል እየ፣ ህይወተይ ከኣ ካብ ክብሪ ናብ ክብሪ ትግዕዝ ኣላ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤፌሶን 3፣20

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስካ፡- እያሱ 1፣10-4፣24

ቀዳም፣ 8 መጋቢት

ናይ ቃል ውግእ

ማቴ12:37
ኣነ ግና፡ ብዘረባኻ ኢኻ እትጸድቕ፡ ብዘረባኻውን ኢኻ እትኹነን እሞ፡ ሰብ ዚዛረብዎ ዘበለ ዘይጠቅም ኩሉ ቓል ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ኪህቡሉ እዮም፡ እብለኩም ኣሎኹ።

ኮሉ እትዛረቦ ቓል ኣይመውትን እዩ። ከይዱ ነቲ ዝበልካዮ ኽሳዕ ዚፍጽሞ ይጽበ። እቲ እተዛረብካዮ ሓቂ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ እቲ ቓል ባዕሉ ናብ መፈጸምታ ንኽብጽሖ ደው ኢዩ ዝብል ።ሂወት ከቢድ ኢዩ ትብል እንተኴንካ፣ እቲ ቃል ኮሉ እቲ እትትንክፎ ነገራት ከም ዚኽብደካ እዩ ዝገብር። ኮሉ ሰብ ይጸልኣኒ ኢዩ እንተ ኢልካ እቲ ቓል ኮሉ ኸም ዚጸልኣካ ክገብር ኢዩ። ቃልካ ክፍጸም ክትርእይ ኸለኻ ነብያት ኸም ዝኹንካ ትሓስብ ትኾውን እንተኹነ ግን ንገዛእ ርእስኻ ኢኻ ትጥንቑልን ንህይወትካ ድማ ትሓላልኾን ዘለኻ ማለት ኢዩ።

ምስ ኣሉታዊ ቓል ክትቃለስ እትኽእለሉ ቐሊል መገዲ ብኣወንታዊ ቓል ምትካእ እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢሳ 54:17 ነቲ ንፍርዲ ዚትንስኣኪ ኹሉ ልሳን ክትረትዕዮ ኢኺ ይብል።ንዝኹነ ይኹን ኣብ ልዕሌኻ ዚለዓል ቃል ከም እትኾንኖ እዩ ዚገልጽ ዘሎ። እዚ ማለት ኸኣ ቃላት ኣብ ልዕሊ ሓደ ሰብ ኪለዓል ከም ዚኽእል የመልክት። ቃላት ብቓላት እዩ ዚፈርስ ። ቅድሚ ሕጂ ብዛዕባ ርእስኻ ኣሉታዊ ዘረባ ተዛረብካ ክትኸውን ትኽእል ሎሚ ግን ኣወንታዊ ዘረባ ኽትዛረብ ምረጽ ። ንስኻ ሕሩይ ናይ ኣምላኽ ኢኻ እቲ እትዛረቦ ድማ ህያው ኪኾነልካ እዩ። ብስም የሱስ ብልጽግና ስልጣን ዕቤት ከምኡውን ጽቡቕ ጥዕና ኣውጅ። እዚ ቃላት እዚ ክትእውጅ ከለኻ ዕጫኻ ኣብ ባህ ዜብል ቦታታት ይወድቕ ኣሎ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብዛዕባ ህይወትን ሰላምን ብልጽግናን ጥራይ እየ ዝዛረብ ። ዕጫይ ኣብ ባህ ዜብል ቦታታት ይወድቕ ኣሎ። ብርግጽ ሳህልን ምሕረትን ኣብ ኮሉ መዓልትታት ህይወተይ ክስዕባኒ ኢየን ብስም የሱስ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 18:21

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እያሱ 5 1-8 23

ሰንበት፣ 9 መጋቢት

ነቲ መፍትሒ ኣውጆ

ዮሃ 7:38
ብኣይ ዚኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ።

ኣብ ኣገልግሎት ኣካይ ሓትኖይ ሓለቓይ ወይ ዓርከይ ምእንቲ ኺዝክረኒ ምእንታይ ጸልዩለይ ዝብሉ ብዙሓት ሰባት ኣጋጢሞምኒ እዮም። ካልእ ሰብ ካብ ቅልውላው ኬድሕኖም ከም ዘለዎ ብጽኑዕ ይኣምኑ እዮም ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ከብድና ርባታት ማይ ህይወት ከም ዚውሕዝ ይገልጽ እዩ። እዚ ርባ እዚ ኻብ ኣምላኽ ወይ ካብ ካልእ ሃገር ኣይመጽእን እዩ፣ ካብ ውሽጥኻ እዩ ዚመጽእ ዘሎ። ክርስቶስ ኣባኻትኩም ተስፋ ኽብሪ እዩ። ድቃስ ዘይብሉ ለይቲ ዘሕድረካ ዝኹነ ይኹን ብዘየገድስ መልሲ እቲ ሕቶ ኣብ ውሽጥኻ እዩ ዘሎ።

ማይ ኣብ ዝበጽሓሉ ዘበለ ህይወት ከም ዝምንጩ ኣይትረስዕ። ማይ ኪውሕዝ ከሎ እቲ ዝነቐጸ ቦታታት እውን ከይተረፈ ኢዩ ሂወት ዝዘርእ ። ኣብ ህይወትካ ንቐጽን ህይወት ዘይብሉን ቦታ ይህሉ ይኸውን ሎሚ ግን ነዚ ማይ ህይወት እዚ ብኣዋጅ ከናፍርካ ኣውጽኣዮ። መልሲ እቲ ንኹሉ ሕቶታት ህይወትካ መፍትሒ ዝኸውን ካብ ውሽጥኻ ንኽወጽእ ይጽበ እዩ ዘሎ ። ሕጂ ካብ መንፈስካ መፍትሒ ይወጽእ ስለ ዘሎ ኩነታትካ ብስም የሱስ ይቕየር ኣሎ ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኩሉ እቲ ኣብዚ ህይወት እዚ ዜድልየኒ መልስታት ኣብ ውሽጠይ እዩ ዘሎ ። ኣብ ስራሐይ ሓዳረይ ጥዕናይ ትምህርተይ ከምኡውን ኣብ ህይወተይ ንዘሎ ኹሉ ነገራት መፍትሒ እእዝዝ ኣለኹ ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ቈሎሴ 1 27

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እያሱ 8 24-11 9

ሰኑይ፣ 10 መጋቢት

ልምዲ ኣወግድ

ማር 7:13
ምእንቲ እቲ ዝሰራዕኩምዎ ስርዓትሲ ቓል ኣምላኽ ትስዕሩ፡ ነዚ ዚመስልውን ብዙሕ ትገብሩ ኣሎኹም።

ንባህሊ ምድኑጓይ ዓወት ጥራይ ኢለ ኢየ ትርጉም ዝህበ ። እቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝዓይይ ዝነበረ ሜላታት ሎሚ ኣይዓዩን ይኸውን ። ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ሓደ ዝጎደሎ ክልተ ኣይከኣልን ኢዩ ኢና ንብል ዝነበርና። ኣብ ዝቅጽል ደረጃ ትምህርቲ መልሲ እዛ ሕቶ እዚኣ ኣሉታ ሓደ ምኺኑ ኢኻ ትፈልጥ። እቲ ቐዳማይ መልሲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዘይኰነስ ኣብ እተወሰነ ደረጃ እዩ ዚዓዪ ነይሩ ። ንኣምላኽ ከምቲ ኣቐዲምካ ትፈልጦ ዝነበርካ ገይሩ ኺዓዪ ብምግዳድ ኣብ ሳጹን ኣይትዕጸዎ። ሓድሽ ነገር ክገብር ይኽእል ኢዩ ኣብ ህይወትካ ኣብ ስድራቤትካ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓዲሽ ነገር ክገብር ይኽእል ኢዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ንቓል ኣምላኽ ብስርዓታቶምን ብዘይምእማኖምን ዋላ ሓንቲ ጽልዋ ኸም ዘይገብር ገይሮሞ ይብል ። እቲ ማርያም ተሰኪማቶ ዝነበረት ወዲ ተኣምራትን ምልክታትን ዜደንቕ ነገራትን ኪገብር ከም ዚኽእል ኪኣምኑ ኣይከኣሉን። ብእምነቶምን ስርዓታቶምን ክመላለስ ደለዩ ንሱ ግና ንኹሉ ኣይተቀበሎን ። ሎሚ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ሓድሽ ነገር ይገብር ኣሎ ። ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ነገር ብስም የሱስ ናባኻ ይመጽእ ኣሎ ። እመን ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንቓል ኣምላኽ ብዘይምእማነይ ሓሳዊ ኣይገብሮን እየ ። ኩሉ ኸረን ኣብ ህይወተይ ጎልጎል ከም ዝኹነ እየ ዝኣምን። ነቲ ኣቦታተይ ዘይገበርዎ ብስም የሱስ ኽገብር እየ ተመዲቡ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ሮሜ 15፣4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡- እያሱ 11፣10-14፣15

ሰሉስ፣ 11 መጋቢት

ውጽኢት መስቀል

2ቆረ 5:17
ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኩሉ ሓድሽ ኰይኑ።

ንገሊኦም ሰባት ጠንቂ መስቀል የሱስ ክርስቶስ ንሳቶም ከም ዘይኰኑ ኽነግሮም ከለኹ ዘይቅኑዕ ዘረባ እዩ ዚመስሎም። ንስኻ ውላድ ወይ ድማ ውጽኢት ሞቱ ኢኻ። ከም ዚመውት ኣይገበርካዮን፣ ንስኻ ዘይኮንካስ እቲ ኣረጊት ሰብካ ኢዩ ንሞቱ ዘምጸአ። መጽሓፍ ቅዱስ ሓደ ሰብ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ ሓድሽ ፍጥረት ከም ዝኾነ እዩ ዚገልጽ ። እታ ‘ሓድሽ’ እትብል ቃል ብግሪኽኛ kainos ካይኖስ ኢያ፣ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ማለት ኢያ።

ንስኻ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ ። ኩሉ ሓጢኣትን ጌጋታትን እቲ ኣረጊት ሰብካ ኢዩ ገይርዎ። እቶም በቲ ትማሊ ዝገበርካዮ ዝኸሱኻ ሰባት ከምቶም ኪሰርቁኻ ኢሎም ናብ ናይ ቀደም ኣድራሻኻ ዚኸዱ ሰረቕቲ እዮም። ጽድቂ ኣምላኽ ኣባኻ ኣሎ። ነዚ ኽትርድኦ ኽለኻ ኩሉ ነገር ሓድሽ ይኽውን ። ኣጋንንቲ ወይ መርገም ኣብ ህይወትካ ሓይሊ የብሉን፣ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ሓድሽ ህይወት ኣሎካ ። ወዲእካ እቲ ዘደንቅ ክብሩ ኣብ ህይወትካ ኺንጸባረቕ ከሎ ርአ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ሓድሽ ፍጥረት እዩ። ጽድቂ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጠይ ኣሎኒ። ኩሉ እቲ ንህይወተይ ዚትንክፍ ነገራት ብስም የሱስ ክሕደስ እእውጅ ኣለኹ ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ገላትያ 2፣20

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እያሱ 15-17

ረቡዕ፣ 12 መጋቢት

ድልየት መንግስቲ

1ይ ሳሙ 1:11
ዎ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ውርደት ባርያኻ ኣጸቢቕካ ርኢኻ እንተ ዘከርካኒ፡ ንባርያኻውን እንተ ዘይረሳዕካኒ፡ ንባርያኻ ተባዕታይ ውሉድ እንተ ደኣ ሀብካኒ፡ ኣነ ድማ ኩሉ ዘበን ህይወቱ ንእግዚኣብሄር እውፍዮ፡ ናብ ርእሱ ኸኣ መላጸ ኣየሕልፎን፡ ኢላ መብጽዓ ተማባጽዔት።

ካብ ኣምላኽ ረዲኦት ንምርካብ እቲ ዝቐለለ መገዲ ንኣምላኽ ዜድልዮ ነገራት ብምምላእ እዩ ። መብዛሕትና ኣምላኽ እንታይ ከም ዚደሊ ኸይሓተትና ብሕቶታትን ብኽያትን ምጉርምራምን ንሰማይ መሊእናዮ ኢና። ንኣምላኽ ዘድልዮ ነገራት ክትደልይ ከለኻ ኣምላኽ ዜድልየካ ዘበለ ኼማልኣልካ እዩ። ኣምላኽ ኩሉ ዝኽእል እኹል እኳ እንተ ኾነ ህዝቡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኺገብርዎ ዝሓደጎም ነገራት ኣሎ።

ኣብ 1ይ ሳሙኤል ቃል ኣምላኽ ዊሒዱ ነበረ ይብል፣ እዚ ማለት ኸኣ ነብዪ ወይ እትውከሎ ድምጺ ኣምላኽ ከም ዘይነበረ ኢዩ ዚሕብር ። ሃና ንኣምላኽ ዜድልዮ ዝነበረ ስለ ዝፈለጠት “ነቲ መኻንነተይ እንተ ኣርሒቕካዮ ነብዪ ኽመልሰልካ እየ” በለቶ። ልውውጥ ጥራይ እዩ ነይሩ፣ ነቲ ኣምላኽ ዜድልዮ ኸተማልእ ፍቓደኛ ኹነት ንሱ ድማ ንድሌየታ መልኣላ ። ሎሚ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክትገብረላ ዚግብኣካ ሓደ ነገር ኣናዲ፣ እዚ ኸኣ ኣብ ቤት ኣምላኽ ዚግበር ልግሲ ምሃብ ወይ ዝኹነ ይኹን ዓይነት ኣገልግሎት ክኸውን ይኽእል ። ንኣምላኽ ፍታሕ ኣምጽኣሉ እሞ ናይ ገዛእ ርእስኻ መፍትሒ ኽትረክብ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣብ ቤት ኣምላኽ ኣገዳሲ ኣቅሓ ደኣ እምበር ጸር ኣይኰንኩን ። ኩሉ እቲ ዘሎኒ ነገራት ናይ ኣምላኽ ኢዩ ግደይ ድማ ንዕኡ ቀዳምነት ምሃብ ኢዩ። ክሳብ ግዜ ምንጣቅ ዝመጽእ ነፍሳት ክረብሕን ኣብ ቤት ኣምላኽ ከገልግልን ኢዮ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጲ 4፣19

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡- እያሱ 18፣1-21፣12

ሓሙስ፣ 13 መጋቢት

ጉዕዞኻ ቀጽል

ዘጽኣት 14:15
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ስለምንታይ ናባይ እትምህለል፡ ንደቂ እስራኤል ኪጕዐዙ ንገሮም።

ደቂ እስራኤል ነቲ ኣብ ቅድሜኦም ዚጓዝም ዝነበረ ቐይሕ ባሕሪ ምስ ረኣይዎ ንግብጻውያን ከኣ ብድሕሪኦም፣ መወዳእታኦም ኰይኑ ተሰምዖዎም። እቲ ኹነታት ተስፋ ዘይብሉን ሓደገኛን እዩ ዚመስል ነይሩ። ነብዪ ሙሴ ናብ ኣምላኽ ገዓረ፣ ኣምላኽ ግና ነቲ ህዝቢ ንቕድሚት ኪስጉም ኪነግሮ እንተ ዘይኰይኑ ልማኖኡ ኺሰምዕ ድሉው ኣይነበረን። ከመይ ጌርና ኢና ኣብ ቅድሜና ማይ እንከሎ ንቕድሚት ክንጐዓዝ እንኽእል? እዛ ሕቶ እዚኣ ብዙሓት ሓቲቶምዋ ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም ። ነቲ መምርሒ ዝሃቦም ኪኣምኑ ጥራይ እዩ ዜድልዮም ።

ኣብዚ እዋን እዚ ኪፍታሕ ዘይከኣል ዚመስል ኩነታት የጋጥመካ ይህሉ ይኽውን ኣምላኽ ግን ንቕድሚት ክትግስግስ እዩ ዚብለካ ዘሎ። ምጉዓዝ ምልክት እምነት እዩ ። ሕጂ ካብ ድቃስ ተባራበር ስራሕ ዘድልየካ እንተኾይኑ ወረቃቅትኻ ልኣኽ፣ ንእሽቶ ንግዲ ወይ ዝኾነ ይኹን ብእምነት ግበር፣ ኣክራን ክንቀሳቐስ ከሎ ድማ ክትርኢ ኢኻ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኗንካ መጠን ዚዓግተካ ነገር የልቦን ። ጉዕዞኻ ቀፅል.

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጉዕዞይ ክቅጽል ኢየ። ክርስቶስ ኣባይ ተስፋ ክብሪ ኢዩ. ኩሉ ኣኽራናት ኣብ ሂወተይ ጎልጎል ይኽውን ኣሎ። ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዘዳግም 28:12

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 21:13-23:16

ዓርቢ፣ 14 መጋቢት

ኣተኩር

ማቴ 14:30
ብርቱዕ ንፋስ ምስ ረኣየ ግና፡ ፈርሄ። ኪጥሕል ምስ ጀመረ ድማ፡ ጐይታይ፡ ኣድሕነኒ፡ ኢሉ ኣእወየ።

ንሓደ ነገር ንምርካብ ዘድልየካ ሓይሊ ኣብ ምትኳር ወይ ድማ ምሉእ ኣቃልቦኻ ኣብ ምሃብ ኢዩ ተሓቢኡ ዘሎ ። ኣተኩሮኻ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ሸቶኻ ምስ ዚውዕል ንኣካይዳኻን ንምርጫታትካን ንምንቅስቓስካን ክመርሖ እዩ ። ኣብ ኣገልግሎት ኰነ ኣብ ካልእ ነገራት ኣትኩሮ ኣገዳሲ እዩ ። የሱስ ንጴጥሮስ ካብታ ጃልባ ምስ ኣውጽኦ ብማይ ኪኸይድ ከም ዝጀመረ መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጽ። ንሞለክዩላዊ ባህሪ ማይ እንታይ ከም ዘጋጠሞ ኣይፈልጥን እየ፣ ጐይታ ኺጽውዓካ ኸሎ ግና ኩሉ ሕግታት ኣፋ ኢዩ ዝዓጹ። እንተኹነ ግን ጴጥሮስ ነቲ ንፋስ ምስ ረኣዮ ኪጥሕል ጀመረ። ናብ የሱስ ኣብ ዘተኮረሉ ግዜ ጸምበለል በለ ፣ ንድሕሪት ተመሊሱ ንፋስ ምስ ረኣየ ግና ኪጥሕል ጀመረ ።

ንንፋስ ኣይትመልከት፣ ኣብ ሸቶኻ ኣተኩር ። መራኽቢ ብዙሓን ወይ ኣዕሩኽካ እንታይ ከም ዚብሉ ኣይትጨነቕ። እዚ ኹሉ ንፋስ ጥራይ እዩ ። ኣሉታዊ ነገራት ኣቓልቦኻ ኪሰርቕ ኣይተፍቅድ፣ መገድኻ ጥራይ ሓሉ ። ጸላእትን ኣቓልቦ ዚሰርቕ ነገራትን ኣሎ እንተኹነ ግን ካብ ኣትኩሮኻ ከዝብለካ ኣይትፍቀድ። እብ ጽውዓኻን ዕዮኻን ኣቅልብ እታ ሓያል ኢድ ኣምላኽ ከኣ ብስም የሱስ ኣብ ሂወትካ ክትሰርሕ ክትርእይ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣእምሮይ በሊሕ እዩ፣ ናይ ምርኣይ ክእለተይ ከኣ ንጹር እዩ። ካብቲ ኣምላኽ ንህይወተይ ዘለዎ ፍቓድን ዕላማን ኣየስግልን እየ ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 4፣25

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ እያሱ 24፣ መሳፍንቲ 1-2

ቅዳም፣ 15 መጋቢት

ቀሊል መድሃኒት

ምሳ 17:22
ሕጉስ ልቢ ጽቡቅ መድሃኒት እዩ፡ ስቡር መንፈስ ግና ነዕጽምቲ የንቅጸ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብሚልዮናት ዝቕጽሩ ሰባት ብሰንኪ እተፈላለየ ሕማማት ይሞቱ እዮም ። ወላኳ ዝተፈላለያ ትካላት ኣብ ሕክምናዊ ምርምር ብዙሕ ገንዘብ ዘፍስሳ እንተ ኾና ንገሊኡ ሕማማት ግና ኣካላዊ ፈውሲ የልቦን ። ትፈልጥዶ? ፍሽኽ ክትብልን ክትሕጐስን ከለኻ ካብ ሆስፒታል ትሃድም ከም ዘለኻ። መብዛሕትኡ ሕማማት ብሰንኪ ውጥረትን ስምዒታዊ ምምዝባልን እዩ ዚመጽእ ።

ኣብ ሂወት ባህ ክብለካን ክትሕጎስን ከለኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ መድሃኒት ኢኻ እትፈጥር። ኣካላትካ ካብ መዓልታዊ ብዙሕ መድሃኒት ምውሳድ ንላዕሊ ሕጉስ ብምኺን ጥራይ ብቀሊሉ ክፍወስ ይኽእል ። ሓደ ሰብ ጐዲኡካ ኪኸውን ዚኽእል እኳ እንተ ኾነ ክትሕጐስ ምረጽ ። እቲ ዝበደለካ ሰብ ኣብ ልብኻ ብዘይ ክራይ ይነብርን ብቕጥዓ ይመልኦን ኣሎ። ይቕረ በልሎም ሕጉስ ክትከውን ድማ ምረጽ ። ኣብ ማእከል መዓት ፍሽኽ በል ጥዕናኻ ድማ ክኸውን እዩ። መለኮታዊ ጥዕና እውን ኣብ ሂወትካ ይዛሪ ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ፍቕርን ሰላምን ብልጽግናን ናተይ እዩ ። ሕጉስ ክኸውን መሪጸ ኣለኹ ። ሓጐሰይ ቀዳምነተይ ኢዩ ወላ ሓደ ድማ ካባይ ዝወስዶ የለን ብስም የሱስ ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ፊልጵ. 4፣4

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ መሳፍንቲ 3-5

ሰንበት፣ 16 መጋቢት

ጽቡቅ ውግእ

1ይ ጢሞ:18
ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፡ ከምቲ ቐደም እተባህለልካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ፡ ብእኡ ጽቡቅ ውግእ ምእንቲ ኽትዋጋእ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ኤማዕቀቦካ ኣሎኹ። ገሊኦም ነቲ ሰናይ ሕሊናኦም ደርብዮምሲ፡ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ፡

“ጽቡቅ ውግእ” ክትሰምዕ ከለኻ ሕማቕ ውግእ እውን ኣሎ ማለት እዩ። ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ንኹሉ እቲ እተዋህበ ትንቢታት ተጠቒሙ ጽቡቅ ውግእ ኪዋጋእ ኣተባቢዕዎ እዩ ። ትንቢት እንቃለሰሉ ኣጽዋር ውግእ ኢዩ ። በታ ትንቢት እተቀበልካላ መዓልቲ ንኽትዋጋእ ተዓጢቕካ ኣለኻ ማለት ኢዩ። ኣብቲ እትቃለሰሉ ዘለኻ ነገራት እምነት ስለ ዘሎካ ዝኹነ ይኹን ኣጋንንቲ ወይ ካልእ ነገር ደው ኬብለካ ኣይክእልን እዩ ።

መጽሓፍ ቅዱስ ዝዓበየ ርግጸኛ ቓል ትንቢት ስለ ዝኹነ ዋላ ሓደ ኣማኒ ቃል ኣምላኽ ፣ትንቢት ከም ዘይተቐበለ ኺዛረብ ኣይክእልን እዩ። ንነፍሲ ወከፍ መብጽዓ ኣምላኽ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘሎ ንኽትምኮር፣ ወይ ውን ኣብ ልዕሌኻ ንዚዝረብ ዝኹነ ይኹን ኣሉታዊ ቓል ንመቃለሲ ተጠቒመሉ። ብምኽንያት እቲ ዝተዋህበካ ትንቢት ንኣከባቢኻን ንህይወትካ ብዚምልከት ዝኹነ ይኹን ነገራትን ንስኻ ክትሰዓር ዘይትኽእል ምኺንካ ንገሮም ። ብስም የሱስ እዚ ነገር እዚ ኣብ ሂወትካ ክሳዕ ዝርአ ኣይክትምውትን ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ብዛዕባ ኣገልግሎተይ ስድራ ቤተይ ንግደይ ከምኡውን ብዛዕባ ኹሉ ነገራት ቓል ትንቢት ሒዘ ኣለኹ ። ሞት ግደይ ኣይኰነን። እቲ ትንቢታት ኪፍጸም ከሎ ኽርኢ እየ ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤርምያስ 1፣12

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ መሳፍንቲ 6-7

ሰኑይ፣ 17 መጋቢት

ሓይሊ ቃሉ

መዝ 138:2
ንቓልካ ሓለፋ ኹሉ ስምካ ኣዕቢኻዮ ኢኻ እሞ፡ናብ ቅዱስ መቕደስካ ኣቢለ ክሰግድ፡ንስምካውን ስለ ሳህልኻን ሓቅኻን ኢለ ኽመስግኖ እየ።

ብዛዕባ ሓይሊ ክጠቅስ ከለኹ ብዛዕባ እቶም ካብ ግኡዝ ዓለም ወጻኢ ዘለዉ መላእኽትን ልዕለ ባህርያዊ ሓይልታትን ትሓስብ ትኸውን ። እንተኾነ ግን ካብ ስም ኣምላኽ ዝዓቢ ነገር ኣሎ እዚ ኸኣ ቃሉ ኢዩ። ቀሊል ዚመስል እኳ እንተ ኾነ ኣምላኽ ብመሰረት ስርዓታትን ሕጋጋትን ቃሉ እዩ ዚዓዪ ። ካብ ቃሉ ወጻኢ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣይገብርን እዩ። ቃሉ ልዕሊ ስሙ ክብ ዝበለ እዩ፣ ስለዚ ኸኣ ኢኻ ቓል ምስ ዝህልወካ ወትሩ ምስክርነት ሒዝካ እትምለስ።

ነዚ ትንቢታዊ መልእኽቲ እዚ ኸተንብቦ ኸለኻ ብሓይሊ ኣምላኽ ኢኻ እትምላእ ዘለኻ ። ነቲ ቓል ከተንብቦን ክትርድኦን ወስን ። ብቓል ኣምላኽ ብጸጋ ዕበ። ርግጽ ዝኾነ ቓል ትንቢት ንሱ እዩ። ነዚ ቓል እዚ ኸተንብብ ኸለኻ ኣብ ህይወትካ ለውጢ ክኸውን ብስም የሱስ እእዝዝን እእውጅን ኣለኹ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ንቓሉ እየ ዝስዕብ ምስክርነተይ እውን ርግጽ እዩ ። እእውጅ ኣለኹ ብምርሒት ቓል ኣምላኽ ጥራይ ኢየ ናብቲ ክኸዶ ዘለኒ ዝኸይድ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2 ጢሞቴዎስ 3:16-17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ መሳፍንቲ 8-9

ሰሉስ፣ 18 መጋቢት

ድሉው ዓጺድ

ማቲ 9:37
ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ፡ እቲ እክሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም።

ነፍሲ ዘይረብሕ ክርስትያን ስጋዊ እዩ ። ነፍሲ ናይ ምርባሕ ግዴታ ንኣገልገልቲ ጥራይ ዘይኮነስ ንነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ኢዩ ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ "ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ድሮ ንዓጺድ ከም ዝጸዕደወት ርኣዩ" በለ (ዮሃንስ 4,35)። እንተኹነ ግን ብዙሓት ሰባት ኣገልገልቲ እውን ከይተረፉ እታ ምድሪ ንወንጌል ተራር ምኺና እንዳተዛረቡ መመኽነይታታት ይህቡ ኢዮም። የሱስ ንላዕሊ ደኣ እምበር ንምድሪ ኽንጥምትሲ ኣይኣዘዘናን። ንሱ ኸኣ እቲ ዓጺድ ተዳልዩ ኸም ዘሎ ተዛረበ፣ ግዴታኻ ነቲ መልእኽቲ ብከናፍርካ ምክፋል ወይ እውን ነዚ ጽሑፍ እዚ ምዝርጋሕ እዩ ።

ነዚ መልእኽቲ ኣይተባኽኖ። ካብዛ ሰዓት እዚኣ ኣትሒዝካ ነዚ መልእኽቲ እዚ ንኻልእ ኣካፍሎ ። ሓውኻ ወይ ሓብትኻ ንክርስቶስ ኪቕበሎ ደግፎ ። መሳርሒ ነፍሳት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምምጻእ ኩን ። ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ክንደይ ነፍሳት ከም ዘምጻእካ ጸብጻብ እስከ ግበር። ነዚ መልእኽቲ ኣካፍሎ ኣይተባኽኖ!

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ኣነ ኣገልጋሊ ዕርቂ እየ፣ ህይወተይ ንመንግስተ ሰማይ ብነፍሳት ክትመልእን ገሃነም እሳት ከኣ ጥርሓ ከተትርፋን ኢያ ። ክሳዕ ምንጣቕ rapture ወንጌል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክዝርግሕ ቃል እኣቱ ኣለኹ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ምሳሌ 11፣30

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ መሳፍንቲ 10-13

ረቡዕ፣ 19 መጋቢት

ናይ ክርስቶስ ሰዓብቲ

ግብ 15:25
ምእንቲ ስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ህይወቶም ኣሕሊፎም ዝሀቡ ሰባት፡ ናባኻትኩም እንሰዶም ሰባት ክንሐሪ ሰሚርና ብሓደ ኼንና መደብና።

ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ እቲ ኣብ ቤት ጐይታ ዚገብርዎ ነገራት፣ ምእንቲ ኣምላኽ ብዙሕ መስዋእቲ ኸም ዚገበሩ ኺዛረቡ ሰሚዐ እየ። ህይወትካ ናትካ ኸም ዘይኮነት ዘክር፣ ናይቲ ፈጣሪኻ ስለ ዝኾነት ምሉእ ብምሉእ ክትውፍያ ይግበኣካ። ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ብዛዕባ እቶም ምእንቲ ስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘእተዉ ሰባት እዛረብ ኢዩ። ምእንቲ ወንጌል ኢሎም ኩሉ ነገር ኪስእኑ ድሉዋት እዮም ነይሮም ።

ንወንጌል ኢልካ ዝኾሰርካዮ ነገርዶ ኣሎ? እቲ ክርስቶስ ዝተኸተሎ መገዲ ምረጽ ንመልእኽቱ ድማ ብዘይ ምድራት ኣበርቲዕካ ዘርግሓዮ። መስጐግትን ተንኰልን ጸርፍን ኬምጽእ ዚኽእል እኳ እንተ ኹነ ኣብ መወዳእታ ግና ዝያዳ ዓስቢ ኣለካ ። መልእኽቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንኽትዝርግሕ ዓቢ ጻውዒት ኣሎካ ። ነዚ መልእኽቲ እዚ ኸተንብቦ ኸለኻ ንየሱስ ተቐቢልካዮ ክትኸውን ትኽእል፣ እቲ ቐጺሉ ዘሎ ግዴኻ ንኻልእ ምክፋል ኢዩ ። ናብ ዕዮ መንግስቲ ኣምላኽ እቶ፣ ክሳዕ ምጽኣቱ ነፍሳት ርባሕ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ወጺአ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብዙሓት ነፍሳት ክረብሕ ዘኽእል ጸጋ ኣምላኽ ኣሎኒ ። እቶም ገና ዘይጻሓኑ ኣሕዋተይን ኣሓተይን ብሳላይ ኪድሕኑ እዮም። ስለቲ ነፍሳት ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታው ዝሃብካኒ ጸጋ ጐይታና የሱስ ኣመስግነካ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ግብሪ ሃዋርያት 17፣6

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ መሳፍንቲ 14-16

ሓሙስ፣ 20 መጋቢት

መጕልሕ መነጸር

መዝ 69:30
ንስም ኣምላኽ ብመዝሙር ከመስግኖ፡ብምምሳው ከኣ ልዕል ከብሎ እየ።

ንሓደ ነገር ብዝበለጸ ክትርእዮ እንድሕር ደሊኻ ዜጕልሕ መነጸር ምጥቃም ጽቡቅ ኢዩ። ንጸጸ ብዜጕልሕ መስትያት እንተ ትዓዚብካዮ ቅድሚኡ ኣስተብሂልካሉ ዘይትፈልጥ ዝርዝር ነገራት ክትርኢ ኢኻ። መጽሓፍ ቅዱስ ንኣምላኽ ኣዕብዮ ኽብል ከሎ ንኣምላኽ ብዝበለጸን ዝሓሸን ኣረኣእያ ክትፈልጦ ማለት ኢዩ። ጸገማትካ ኽቢድ ኰይኑ ኺስምዓካ ኽሎ ብዛዕባ እቲ ንምድሪ ብዘይ ገለ ነገር ዝፈጠራ ዝዓበየ ኣምላኽ ማለት ብዛዕባ እቲ በይኑ ዘይተፈጥረ ፈጣሪ ዩኒቨርስ ኣዘክሮምሪ።

ንኣምላኽ ብዛዕባ ጸገማትካ ትነግሮ እኳ እንተ ነበርካ ሎሚ ግና ንጸገማትካ ብዛዕባ እቲ ዓብዩ ኣምላኽካ ኽትነግሮም ምረድ። ዝኾነ ይኹን ብዘየገድስ ጸበባ እናኣጋጠመካ ወላ ኣዕብዮ። ንሕማምካ ብዛዕባ እቲ ንኹሉ ዓይነት ሕማም ዜሕዊ ኣምላኽ ስበኮ ። ድኽነት ግደኻ ኣይኰነን፣ ነቲ ኣብ ኸሕ ኣኽራናት ዘለዋ ከብቲ ዝውንን ኣምላኽ እተምልኽ ሰብ ኢኻ። ነቲ ድቃስ ዘይብሉ ለይቲ ኽም ዚህልወካ ዝገብረካ ስበኮ እሞ ሎሚ ብስም የሱስ ኪሰግድ ከሎ ርኣዮ ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ኣምላኽይ ዚዓቢ ኽረን የልቦን። ኵሉ እቲ ንህይወተይ ዘድልይ ነገራት ብስም የሱስ ብምልኣት እውንኖ ኣለኹ። ኣሜን ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
መዝሙር 34፣1

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ ፡- መሳፍንቲ 17፣1-20፣11

ዓርቢ፣ 21 መጋቢት

ኣልፋን ኦሜጋን

ራእ 22:13
ኣልፋን ኦሜጋን፡ ቀዳማይን ዳሕራይን፡ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ።

ብዛዕባ ስነ-ሃይማኖት መሰረታዊ ፍልጠት ምስ ዚህልወካ እቲ ናይ ጥንቲ ቋንቋታት መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ጸጋም ናብ የማን ዘይኰነስ ካብ የማን ናብ ጸጋም ከም ዚንበብ ክትርዳእ ኢኻ። እዚ ኸኣ እታ "ኣልፋን ኦሜጋን" እትብል ሓረግ "ኦሜጋን ኣልፋን" ትንበብ ማለት ኢዩ። እቲ እነምልኸ ኣምላኽ ነቲ መጀመርታስ ብመወዳእታ ዚጅምር እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ክርስቶስ ቅድሚ ምስራት ዓለም ኸም እተሰቕለ እዩ ዚገልጽ ፣ እዚ ማለት ኸኣ ገና ካብ ማርያም ቅድሚ ምውላዱ እቲ መወዳእታ ኸም እተዘዘመ ዚሕብር እዩ ። ኣምላኽ ብዛዕባኻ ኹሉ ነገር ኣቀዲሙ ወዲእዎ እዩ ፣ ቅድሚ ምፍጣርካ ብኩሉ ኣካላውን መንፈሳውን በረኸት ተባሪኽካ ኢኻ ።

ኣምላኽ፣ እቲ እትደልዮ ዘለኻ ሚልዮናትን፣ ብሉጽ ጥዕናን ድሮ ከም ዝተዋህበካ እዩ ዝፈልጥ። ጥዕናኻ ውን እንተኾነ ናይ ጥንቲ ጉዳይ ኢዩ ኣብ ቅድሚኡ ። ሎሚ መንፈሳዊ ኣዋጅ ክትእውጅ ኸለኻ በረኸታትካ ከምዝረኸብካዮም ጌርካ እመን ። ኣምላኽ ምሉእን ጽቡቕን ህያባት ሂቡካ ኢዩ ብስም የሱስ ዝጐደለካ ወይ ዝሰእነካ ድማ የልበን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ገንዘበይ ጥዕናይ ዕቤት ኣብ ስርሐይ ዝተረፈ ኩሉ ካልእ ውን ብስም የሱስ ረኺበዮ ኢየ ። ኩሉ ህያባተይ እቅበሎ ኣለኹ ። ብስም የሱስ ዚጐድለኒ የብለይን። ኣሜን

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2 ጴጥሮስ 1:3

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ - መሳፍንቲ 20፣12-21 25፣ ሩት 1፣1-2 13

ቀዳም፣ 22 መጋቢት

ውሩያት መንፈሳውያን

ግብ 19:15
እቲ ርኹስ መንፈስ ድማ፡ ንየሱስ እፈልጦ፡ ንጳውሎስውን ኣይስሕቶም እየ፡ ንስኻትኩምከ እንታዎት ኢኹም፤ ኢሉ መለሰሎም።

እዚ ግኡዝ ዓለም ብእተፈላለየ ምኽንያታት ህቡባት ብዝበሃሉ ሰባት ዝመልአ ኢዩ። ኣብ ግኡዝ ዓለም ህቡባት ሰባት ኣለዉ እንተኾነ ግና ኣብ ምድሪ እኳ ውሩያት እንተኾኑ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ግን ዘይክፍለጡ ይኽእሉ ኢዮም። ነዛ ናይ ሎሚ ጥቅስና ንርኣያ፣ ደቂ ኣስቄዋ ኣቦኦም ፓስተር ካብ ዚኸውን ኣትሒዞም ኣብ ቤተ-ክርስትያኖም ህቡባት ነይሮም ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም፣ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ግና ኣይፍለጡን እዮም ነይሮም።

እቲ ኣጋንንቲ "ንጳውሎስ እፈልጦ" ኪብል ከሎ እታ 'እፈልጦ' እትብል ቃል ብተሞኩሮ ጽቡቅ ጌርካ ብዛዕባ ሓደ ሰብ ፍልጠት ክህልወካ ከሎ እያ እተመልክት። ጳውሎስ ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ኣዝዩ ህቡብ ካብ ምኺኑ እተላዕለ ኣጋንንቲ እውን ከይተረፉ ይፈልጥዎ ነበሩ እሞ ኣብ ግኡዝ ዓለም እውን ከይተረፈ ምስኡ ክከራኸሩ ኣይክእሉን ኢዮም ነይሮም። ብመንፈስ ተፈላጥነት ክሳዕ እትረክብ ቃል ኣምላኽ ተመገብ ጳሎት ድማ ኣዘውትር። መንፈሳዊ ውሩይ ኹን ብመንፈስ እትፍለጥ እንተደኣ ኼንካ ኸኣ ዝኹነ ይኹን ግኡዝ ሓይሊ ኣብ ቅድሜኻ ደው ክብል ኣይክእልን ኢዩ። ብስም የሱስ ተሳጋሪ ሾላታ ኢኻ እትኸውን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቃል ኣምላኽ መለክዒ ሂወተይ ኢዩ። ብሓይሊ ቃል ኣምላኽ ብጸጋ እንዳ ወሰኽኩ እኸይድ ኣለኹ። ኣብቲ መንፈሳዊን ኣብዚ ግኡዝ ዓለምን ብስም የሱስ ዓብላልነት ኣለኒ።ኣሜን

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ሮሜ15:17

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቅሲ: ሩት 2:14-4:22; 1ይ ሳሙኤል

ሰንበት፣ 23 መጋቢት

ዓለም ለኻዊ ተዓዘብቲ

ማቲ 28:19-20
የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኩሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ ኣሎ። ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።

ጽልዋ ኺበሃል ከሎ ንሓደ ሰብ ወይ ኣካል ዝትንክፍ ኩነታት ማለት እዩ ። እቲ ትካል ክሳዕ ክንደይ ዝርግሑነት ከም ዘጠቓልል ዘርኢ ንግዲ ክኸውን ይኽእል እዩ ። እዛ ሎሚ ዘለ ጥቕሲ ኣምላኽ ንዓለምለኻዊ ጽልዋ ኸም ዝጸውዓና ትሕብር ። ናብ ንኣሽቱ ኣጕሻትን ጕጅለታትንን ዋህዮታት ጥራይ ዘይኰነስ ንሃገራት ናብ ደቀ መዛሙርቱ ክንልውጠን እውን ኢዩ ጸዊዑና ። ንዅሉ ኣመሪካ፣ ኣፍሪቃ፣ እስያ፣ ከም ዋህዮታት ቤተክርስትያን home cells ክንገብረን እዩ ዚደልየና ።

ዓለምለኻዊ ካብ ምኺንካ ዝተላዕለ ኣብ ሓደ ኸባቢ ጥራይ ክትድረት ኣይትኽእልን ኢኻ። በቲ ግዝያዊ ኩነታትካን ቦታኻን ኣይትደረት ካብዚ ዚዓቢ ነገር ክትረክብ ኢኻ ተጸዊዕካ።ብዛዕባ ዅሉ ነገር ኣተሓሳስባ ኣምላኽ ዝመልኦ ኣረኣእያ ይሃሉኹ፣ ። እቲ ዘለካ ራእይ ዓለምለኻዊ ደኣ እምበር ኣብቲ ኸባቢ ጥራይ ከም ዝውሰን ኣይትግበሮ ። ነቲ ደረት ኣልቦ ኣምላኽ ኢኻ ተገልግል ዘለኻ ፣ ንዅሉ ነገራት ይቈጸጸሮ እዩ ጐይታ ዅሉ ድማ እዩ ። ሎሚ ወጺእካ ብስም የሱስ ብዙሕ ቦታታት ገብት።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ዓለማት ንዓይ ይጽበያ ኣለዋ።ሎሚ ንኽብሪ ኣምላኽ ክግለጽ ኢየ። ወላሓደ ዝዓግተኒ የሎን።ብስም የሱስ ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤር 1:10

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ: 1ይ ሳሙ 2-4

ሰኑይ፣ 24 መጋቢት

ፍሉይ ስትራተጂስት

ዮሃንስ 14፡26
እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኾሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።

ዓበይቲ ኩባንያታት ወይ ኣህዛብ ውድኢት ዓበይቲ ስትራተጂታት እዮም። ግቡእ ስትራተጂታት ነቲ ዓቢ ካብቲ ተራ ዝፈልዮ ባእታ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብ ኩነታትካ ክትወጽእ ዘድልየካ ፍጹም ስትራተጂ እዩ። ሕቶኻ ደኣ እንታይ እዩ እቲ ዓቢ ስትራተጂ፡ ወይስ እቲ ስትራተጂ ካበይ ክረኽቦ ይኽእል?

መጽሓፍ ቅዱስ ንመንፈስ ቅዱስ ድንቂ ኣማኻሪ ኢሉ ክገልጾ ከሎ እቲ ፍጹም ትርጉም ፍሉይ ስትራተጂስት እዩ፤ መንፈስ ቅዱስ መን ምኳኑ ንሱ እዩ። ካብ ኩነታትካ ዘውጽኣካ ኩሉ መገድታት ኣለዎ። ምስ መንፈስ ቅዱስ ንምርድዳእ ጸልዩን ግዜ ወሲድኩምን፤ ንሱ ኣብ ኩሉ ብጻይካ እዩ፡ ኣብ ኩሉ ድማ ክመርሓካ እዩ። ኣብ ኩሉ ክትምራሕ ናብ ኣምላኽ ጸሊ ንመንፈስ ቅዱስ ተወከስ። ዓወትን ዓወትን ብስም ኢየሱስ ናትካ እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

መንፈስ ቅዱስ ብጸየይ እዩ፤ ኩሉ መዓልታት ህይወተይ ብግቡእ እየ ዝምራሕ። ንግደይ ብስም ኢየሱስ ክዕንብብ ክቕጽል እዩ። ዓወት ናተይ እዩ፣ ዕቤት ድማ መዓልታዊ ምስክርነተይ እዩ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዮሃንስ 16፡13

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 5፡1-9፡10

ሰሉስ፣ 25 መጋቢት

ሓድሽ ወይኒ

ሉቃስ 5፡37
ንሓድሽ ወይኒውን ኣብ ኣረገውቲ ኣሕርብቲ ዜዕርቆ የልቦን። እንተ ዘይኰነስ፡ እቲ ሓድሽ ወይኒ ነቲ ኣሕርብቲ ይቐዶ፡ ንሱውን ይፈስስ ኣሕርብቲ ድማ ይባላሽ።

ኣምላኽ ብርቱዕ ስለ ዝኾነ ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ዜገርመካ ሓድሽ ነገር ኣለዎ ። ብዙሓት ሰባት ኣምላኽ ኣብ መንጎኹም ሓድሽ ነገር ከም ዚገብር ከይፈለጡ ኣብ ናይ ቀደም መገድታትን ስርዓታትን ጠቢቕም እዮም ዚነብሩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ሓድሽ ወይኒ ኣብ ዝኣረገ ኣጉዶ ወይኒ ኸተእቱ ኸም ዘይትኽእል ይገልጽ፣ እንተ ዘይኰይኑ ግን ኪፍንጀር እዩ። ኣምላኽ በረኸቱ ቅድሚ ምውዳቕ ንኽትቅበሎ ዜኽእለካ ኽእለት ክትፈጥር ኣሎካ ። ንኹሉ እቲ ኣቐዲምካ ዝሓሰብካዮ ናይ ቀደም መገድታት ብመንፈስካ ኣውጺእካ ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ሓድሽ ነገር ኪገብር ፍቐደሉ። ነቲ ሓድሽ በረኸት ንምርካብ እቲ ሓድሽ ቁርበት ወይኒ ኹን።

ኣረጊትካ ትህኪትን ሓፋርን ክትከውን ትኽእል ኢኻ ሎሚ ግን ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ንቡር ለውጢ ግበር። ነዛ ቓል እዚኣ ኽትቅበላ ኸለኻ ነቲ ሓድሽ በረኸት ጐይታ ምእንቲ ኽትረኽብዎ ኣብ መንፈስኩም ምምሕያሽ ይግበር ኣሎ። ከም ካልኦት ዘይኰነስ ተራ ሰብ ኣይኰንካን፣ ንኹሉ ዓይነት ዓለማዊ ስርዓታት ተቓዊምካ ንመለኮታዊ ቦታ ሃበካ። ሎሚ ኣምላኽ ኣብ ህይወትኩም ሓድሽ ነገር ከም ዚገብር እወጅ እወጅ እወጅ ኣለኹ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሓድሽ ወይኒ ንምሓዝ ሓድሽ ዕትሮ እዩ። ንብረትን ንግዲን ኣገልግሎትን ኩሉን ብስም የሱስ ክወስድ ጸጋ ኣሎ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤፌሶን 4፡23-24

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1 ሳሙኤል 9፡11-12፡18

ረቡዕ፣ 26 መጋቢት

መንፈሳዊ መንነት

1ይ ቆሮንቶስ 13፡12
ሕጂስ ብመረጸን ዋግዋጎ ንርኢ አሎና፡ ሽዑ ግና ገጽ ንገጽ ክንርኢ ኢና እሞ፡ ሕጂ ምቃል እፈልጥ አሎኹ፡ ሽዑ ግና ከምቲ ኣነ እተፈለጥኩ ኽፈልጥ እየ።

መንነትካ ካልእ ኩሉ ስቕ ምስ በለ ማዕጾ ዝኸፈተልካ ሓይሊ እዩ። ፕረዚደንት ሃገርካ ብመኪና ኣብ ጽርግያ ክዝውር ከሎ፡ ኩሉ ካብ ምንቅስቓስ ደው ክብል ዝገብሮ መንነት ናይቲ ዝመጽእ ዘለ ብምፍላጥ እዩ። ልዕሊኡ ሰብ ይመጽእ ከምዘሎ ምፍላጥ ብቐሊሉ ብዝተወሰነ መንገዲ ክትመላለስ ክገብረካ ይኽእል እዩ። ከም ደቂ እግዚኣብሔር ዘለና መንነት እዩ ንመንፈሰውን ስጋውን ዓለማት ክንቆጻጸሮ ብመንፈስ ሓይሊ ዝህበና።

ብቅዱሳት መጻሕፍትን ብስብከትን ቃል ኣምላኽ ብዝመገብና መጠን ናብ ምስሊ ኣምላኽ ከም እንልወጥ መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጸልና። ብኣምሳል እግዚኣብሔር ካብ ዝተፈጠርና ጀሚርና መበቆላዊ መንነትና ንረክብ። ንውድቀት ዝኸውን ቦታ የለን፤ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መን ምኳንካ ትፈልጥ ኢኻ። ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን፤ ንስኻትኩም እተፍቀርኩም ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎውን እቲ ኣባኻ ዘሎ ይዓቢ። ተንስእ እሞ ንህይወትካ ሓላፍነት ውሰድ። ንስኻ ብስም የሱስ ኣፕል ዓይኒ ኣምላኽ ኢኻ። ኣሜን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ካብ ላዕሊ እየ ተወሊደ፡ ልዕሊ ኩነታት ድማ እየ ዝነብር። ውድቀት ናተይ ግደ ኣይኮነን፤ ብስም የሱስ ብብዝሒ ክነብር እየ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
2ይ ጴጥሮስ 2፡9

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 12፡19-14፡42

ሓሙስ፣ 27 መጋቢት

ብሰማይ ዝተደገፈ

1ይ ሳሙኤል 17:45
ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጥኤማዊ በሎ፡ ንስኻ ብሴፍን ብኾናትን ብመዝረቕን ትመጸኒ አሎኻ፡ ኣነ ግና ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ንስኻ እተባጭዎ ዘሎኻ ኣምላኽ ጭፍራ እስራኤል እመጸካ አሎኹ።

ሓንቲ ንእሽቶ ፖሊስ ኣብ መፈተሺ ነጭጣ ምስ ረኣኻያ ብቐሊሉ ደው ከተብለካ ትኽእል ኢያ፡ ንስኻውን ብርግጽ ክትእዘዝ ኢኻ። እቲ ትእዘዘሉ ምኽንያት መኮነን ስለ ዝኾነት ዘይኮነስ እቲ ብድሕሪኣ ዘሎ እዩ። ብቐመታ ንእሽቶ ክትከውን ትኽእል እያ፡ ብድሕሪኣ ግን ምሉእ መንግስቲ ምስ ኩሉ ስርዓተ-ስልጣኑ ኣሎ። እዚ ኹሉ ብዛዕባ እቲ ብድሕሪኻ ዝድግፈካ ነገር እዩ። ዳዊት ምስ ጎልያድ ክነጻጸር ከሎ ብቐመቱ ኣዝዩ ንእሽቶ እኳ እንተነበረ፡ ሰማያዊ ደገፍ ግን ነይርዎ።

ንስኻ እውን በቲ ኻብ ላዕሊ ዚመጽእ ሓይሊ ትድገፍ ኢኻ፣ እቲ ኣባኻ ዘሎ ድማ ይዓቢ። ንኹሉ ብድሆታትን ሓይልን ብስም የሱስ ተቓወሞ ። ብብቕዓት ወይ ብኣካላዊ ሓይሊ ዘይኮነስ ብሰማያዊ ደገፍ ስለ እትድገፍ ብቐሊሉ ኽትዕወት ትኽእል ኢኻ ። ወጺእካ ስዓር።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

መንግስተ ሰማይ መተካእታይ እዩ። ኣነ ኣንጻር ዝኾነ ናይ ኣሉታዊ ሓይሊ እየ ዝመጽእ። ማዕጸይ ብሓይልን ቅብኣን መንፈስ ቅዱስ ተኸፊቱ ኣሎ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራውያን 13:5

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 14:43-17:25

ዓርቢ፣ 28 መጋቢት

ካብ ሰዓርቲ ንላዕሊ

ሮሜ 8፡39
በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።

እዚ ኸኣ ምድላው ንውግእ ከምኡውን ድሕሪ ውግእ ወይ ዓወት ኣብ ዝህልወሉ ደረጃ ኢዩ ዘሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ወረርቲ ንላዕሊ ኸም ዝኾንና ኪገልጽ ከሎ ሓድሽ ስፍሓት እዩ ዜፋልጥ። ሰዓርቲ ኽሳዕ ሕጂ ምስ ጸላኢ ይዋግኡን ይዋግኡን እኳ እንተ ኣለዉ ካብቶም ሰዓርቲ ንላዕሊ ግን ተዓዊቶም ኣብ ዓወት ተቐሚጥዎም እዮም ። ካልኦት ክበኣሱ ኸለዉ ይርእይዎም ኢዮም ከመይሲ ካብ መጠን ውግእ ሓሊፎም ኢዮም ።

ጸላኢ ቕድሚ ኣሽሓት ዓመታት ኣብ መስቀል ተሰዕረ ። ሕጂ በቲ ምርኮ ውግእ እንሕጐሰሉ እዋን እዩ። ሰይጣንን ጭፍራታቱን ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና እዮም ዘለዉ። ብስም የሱስ ኣብ ዓወት ስለ እትቕመጥ ኪጻረረካ ዚኽእል ነገር የልቦን ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ጸላኢ ናይ ምቅላስ ደረጃ ሓሊፈ ኣለኹ። ድሮ ብስም የሱስ ስዒረዮ። ዓወተይን ምዕባይን ምዕባይን ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ርግጸኛ እዩ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ዮሃንስ 19፡30

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 17:26-19:24

ቀዳም፣ 29 መጋቢት

ግዝኣታዊ ምቁጽጻር

ግብሪ ሃዋርያት 9፡10
ኣብ ደማስቆ ኸኣ ሃናንያ ዚብሀል ወደ መዝሙር ነበረ። ንእኡ ጐይታ ብራእይ፡ ሃናንያ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ ጐይታይ፡ በለ።

ሓደ መራሒ ሃገር ናብ ሓደ ቦታ ክጓዓዝ ከሎ፡ እቲ ከባቢ ልዑል ጸጥታ ዘለዎ ዞባ ይኸውን። ፖሊስን ኩሎም ኣባላት ጸጥታን ኣብ ኩሉ ቦታ ክህልዉ እዮም። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋህው ምስ ኣተኻ፡ ሓደ ጽልዋ ዘለዎ ሰብ ኣብ ቀረባኻ ከም ዘሎ ብኡንብኡ ይስምዓካ። እዚ ኣብ ልዕሊ ሓደ ግዝኣት ኣካላዊ ዕብለላ እዩ፣ ግን ከም ውላድ ኣምላኽ ክህልወካ ዝኽእል መንፈሳዊ ዕብለላ እውን ኣሎ።

ጳውሎስ ብጸሎት ሃናንያ ናብ ዚቄጸጸሮ ዞባ ክኣቱ ምስ ፈተነ፡ በርቂ ወቕያ። ከም ውላድ ኣምላኽ ህይወትካ ንሰይጣንን ንመሻርኽቱን ዘይከይድ ዞባ እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ዓውዲ ጸሎት ባንክ ብምግባር ኣንጻር ተንኮል ጸላኢ መከላኸሊ ምፍጣር። ሎሚ ኣብ እትጽልየሉ ዘለኻ እዋን ኣንጻር ዲያብሎስን ኩሉ ተንኮላቱን ዕርዲ ትፈጥር ኣለኻ። ብስም ኢየሱስ ብዓወትን ብሓይልን ክትመላለስ ኢኻ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ህይወተይ ንዲያብሎስን ንመሳርሕቱን ዘይከይድ ዞባ እያ። ብስም የሱስ ንህይወተይ ዒላማ ዝገበረ ኩሉ ናይ ጸልማት ስራሕ እቃወሞ። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኤርምያስ 1፡10

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 20-22

ሰንበት፣ 30 መጋቢት

ዘይተበከለ ከባቢ

ማር 5፡10
ካብታ ሃገር ከየውጽኦም፡ ብዙሕ ለመኖ።

የሱስ ነቶም ኣጋንንቲ (ሰራዊት) ካብቲ ኣጋንንቲ ከውጽኦም ምስ ቀረበ ካብቲ ዘባ ከይስደዱ ለመኑ። ኣብቲ ሰብኣይ ክጸንሑ ከምዘይክእሉ ዘይደራደር ክኸውን ከሎ፡ ኣብቲ ዘባ ክጸንሑ ምስ የሱስ ክርስቶስ ክዘራረቡ ፈቲኖም። ነቲ ሰብ ክገድፍዎ ፍቓደኛታት እምበር ነቲ ከባቢ ግን ክገድፍዎ ድሌት ኣይነበሮምን ። ከም ሰብ ሓራ ወጺእካ ግን ከኣ ገና ኣብ ዝተበከለ ሃዋህው ትሰርሕ ወይ ትነብር ትኸውን። ደቅኻ ነጻ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ግን ገና ኣብ ኣጋንንቲ ዝመልአ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ።

ቃል ኣምላኽን ጸሎትን መርዛም ነገራት ንምውጋድ ዝሕግዝ ኣሰራርሓ መግቢ እዩ። ኣብ ቃልን ኣብ ፍልጠት የሱስ ክርስቶስን ምስ ዓበኻ ኩሉ ከባቢኻ ንነሃዋህውካ ምላሽ ክህብ እዩ። ንእሽቶ ኣይኮንካን ዕርድታት ክትስሕብ ሓያል ኢኻ። ናይ ስራሕ ቦታኻን ገዛኻን ምሳኻ ዝተኣሳሰር ኩሉ ከባቢኻን ብስም የሱስ ነጻ ምኗኑ ኣዋጅን ኣወጅን።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ቤተይ ካብ ኩሉ ዓይነት ኣጋንንቲ ነጻ እያ። ግዝኣተይ ብመንፈስ ኣምላኽ ክምላእ እእዝዝ። ኣብ ዝረገጽኩሉ ኣጋንንቲ ይንቀጥቀጡ። ራድዩሰይ ንኣጋንንቲ ዘይከዱሉ ቦታ እዩ። ሃሌሉያ።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
እብራውያን 4፡12

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፡ 1 ሳሙኤል 23፡1-25፡31

ሰኑይ፣ 31 መጋቢት

ሕሉፍ ገዲፍካ ምኻድ

ዘጸ 14፡29
ደቂ እስራኤል ግና ኣብ ማእከል ባሕሪ ብንቹጽ ከዱ፡ እቲ ማያት ከኣ ብየማነ ጸጋሞም ከም መንደቕ፡ ኮነሉም።

እስራኤላውያን ካብቲ ኣብ ትሕቲ ባርነት ግብጺ ዝነበረ ኣርዑት ምስ ወጹ ጐይታ ንቕይሕ ባሕሪ ብንቹጽ ምድሪ ኸም ዚሰግርዎ ገበረ። ብጭቃ ግብጺ ናብ ከነኣን ኪኣትዉ ኣይደለየን። ባርነትን ድኻነትን ስቓይን ሓዲጎም እዮም ዚኸዱ ነይሮም ። ኣምላኽ ዋላ ሓደ ኻብዚ ነገራት እዚ ናብ ሓድሽ ህይወቶም ኪስዕቦ ኣይደለየን ። ምናልባት ኣብ ዓለም ኔርካ ትኸውን ወይ ከኣ ሕጂ ንክርስቶስ ትቕበሎ ኣለኻ ማለት ንተረፍ ግብጺ ዚኸውን ቦታ ኣይህልወካን ይኸውን። ናብ ህይወት የሱስ ተቐዪርካ ኢኻ ዘለኻ።

ኣብ የሱስ ክርስቶስ ብርግጽ ሓድሽ ፍጥረት ኢኻ ። ሕሉፍ ሓጢኣትካን ጌጋታትካን ቦታ የብሉን። እታ ዝኣረገትካያ ሓጢእካያ እቲ ሓጢኣቱ ኸኣ ካብ ቀደም ሓሊፉ ኣሎ። ጭቃ ግብጻውያን ናብ ከነኣን ኣይኪስዕቦካን እዩ። ሕማምን ድኻነትን ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሕደርካዮ ሓድሽ ህይወት ቦታ የብሉን። ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኽንዕጸን ናብ ሓድሽ ወርሒ ኽንኣቱን ከለና ዋላ ሓንቲ ፍሽለት ምድንጓይ ወይ ምኽሓድ ናብታ ብስም የሱስ እትጽዋዕ ሓዳስ ወርሒ ኣይኪኣቱን እዩ።

ትንቢታዊ ኣዋጅ

ሕሉፍ ህይወተይ ተወዲኡ፤ ሕይወት ክርስቶስ ኣባይ ኣሎኒ። ተስፋ ኩሉ ክብሪ እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወተይ ሓድሽ ነገር ይገብር ከምዘሎ እእዝዝን እእውጅን። ኣሜን።

ተወሳኺ መጽናዕቲ
ኢሳይያስ 43፡19

ናይ 365 መዓልቲ መደብ ንባብ መጽሓፍ ቅዱስ
ናይ ሎሚ ጥቕሲ፣ 1ይ ሳሙኤል 25፡32-30፡10

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ

ጎይታና የሱስ ክርስቶስ እምነ ኩርናዕ ናይ እምነትና ክርስትና እዩ። ህይወቱን ትምህርቱን ኣብ መስርሕ ታሪኽ ብዕምቆት ጽልዋ ኣሕዲሩ እዩ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መዳርግቲ ዘይብሉ ርህራሄኡን፣ ጥበቡን፣ ዝፈጸሞ ተኣምራዊ ተግባራቱን ዝፍለጥ እዩ። መልእኽቱ ኣብ ፍቕሪ፡ ይቕሬታን ከምኡ ውን ኣብ መብጽዓ ዘልኣለማዊ ህይወት ዘማእከለ ኮይኑ፡ ንኹሎም ብእኡ ዝኣምኑ ተስፋን ምድሓንን ዘቕረበ እዩ። ኣብ ኩሉ ኣገልግሎቱ፣ ናብ መላእ ምድሪ ይሁዳ እንዳዘረ፡ ንሕሙማት ፈወሰ፡ ንዝተሳቐዩ ኣጸናንዐ፡ ከምኡ ብዛዕባ ዘለኣለማዊ መንግስቲ ኣምላኽ መሃረ።

ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ ጎይታኻን መድሓኒኻን ምቕባል ማለት ንምህሮኡ ምቕባልን ነቲ ለዋጢ ህላውነቱ ናብ ህይወትካ ምዕዳምን ማለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ እምነትን፣ ፍቕርን፣ ተስፋ ድሕነትን ዝተመስረተ ናብ መንፈሳዊ ዕጋበት ዝወስድ ጉዕዞ እዩ።

ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቢልና ሓይልን፣ ተስፋን ከምኡ ውን ናብ ዘለኣለማዊ ሰላም ዝወስድ መንገዲ ንረክብ። ምሉእ ምኗን ወይ ምድሓን ማለት፣ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽን፣ ነቲ ኣብ ሂወትና ዘለዎ መደብን ዕላማን ምግዛእ ማለት እዩ። ካብቲ ኣረጊት መንገድና ተመሊስና ናብ የሱስ ክርስቶስ ምጥማት እዩ። ካብ ሓጢኣትና ይቕረታ፣ ከምኡ ውን ሓድሽ ህይወት ክህበናን ምሕታት እዩ።

ሮሜ 10:9 ከምዚ ይብል፣

"ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምኗኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።"

ምድሓን ናይ ኣምላኽ ናጻ ህያብ እዩ፣ ብኡኡ ድማ ውልድነት ንረክብ። ምድሓን፣ ካብ ስድራቤት ኣምላኽ ከም ዘይትወጽእ ዝገብር፣ ከምኡ ውን ንኹሉ ፍጥረት ኣምላኽ ንምግላጽ ፣ሂወትካ ብብርትዐ ንኽትነብር ዘዕጥቅ ሓይሊ ኢዩ።

ንየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሂወትካ ተቐቢልካዮዶ፡

ነዛ ጸሎት እዚኣ ብምጽላይ ንየሱስ ክርስቶስ ኰይታ ህይወትካ ኽትገብሮ ንዕድመካ ኣለና።

ኦ ኰይታይ ኣምላኽ፣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ናባኻ ይመጽእ ኣለኹ። ብምሉእ ልበይ ኣብ ወዲ ህያው ኣምላኽ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ይኣምን እየ። ምእንታይ ከም ዝሞተን ኣምላኽ ካብ ሞት ከም ዘተንስኦን እኣምን እየ። ሎሚ ብህይወት ከም ዘሎ እኣምን እየ። የሱስ ክርስቶስ ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኣትሒዙ ኰይታ ህይወተይ ምኳኑ ብኣፈይ እእመን ኣለኹ። ብእኡን ብስሙን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣሎኒ፣ ዳግም ተወሊደ እየ። ኰይታይ ንነፍሰይ ስለ ዘድሓንካያ አመስግነካ። ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ እየ ። ሃሌሉያ!

እንቋዕ ሓጐሰካ! ካብ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ ኩንካ ኢኻ።

To receive more information on how you can grow as a Christian, please get in touch with us on

UK: +44 3333 448 612 / USA +1 240 781 6942
RSA +27 51 004 0209

www.uebertangel.org | www.goodnewsworld.com

ንሓለዋ ዝኸውን ጥቕሲ

ትንቢት ኢሰያስ 54

14 ኣነ ጽኑዕን ኣብ ጽድቂ ዝተሰረትኩን እየ። ካብ ዝኾነ ይኹን ሽግር ዝረሓቕኩ፣ ዝፈርሆ ነገር የብለይን። ራዕዲ ካባይ ርሒቕ እዩ፣ ጥቓይውን ፈጺሙ ኣይቐርብን።

15 ዝኾነ እንተ ኣጥቂዕኒ፣ ብፍጹም ካብ ኣምላኽ እዩ ተላኢኹ ኢለ ኣይሓስብን። ዝኾነ ዓይነት መጥቃዕቲ እንተመጸ፣ ንዓይ ግን ኣይክጎድኣንን እዩ።

16 ነቲ ሂወት ንምንጽናት ኢሉ እተሰርሐ ኣጽዋር ዝሰርሕ ሰብ እግዚኣብሄር እዩ ፈጣሪኡ። ነቲ መጥፍኢ እውን ንሱ እዩ ፈጢርዎ።

17 ንዓይ ኪጐድኣኒ ዚኽእል ኣጽዋር ግና ተሰሪሑ ኣይፈልጥን። ዝኾነ ሰብ እንተ ደኣ ኸሲስኒ፣ ከም ሓሳዊ ክንጸግ እዩ። ኣነ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ስለ ዝኾንኩ፣ እዚ እዩ ርስተይ። እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ነገር ንጹቡቕይ ከም ዝሰርሕ ከረጋግጽ እዩ።

እቲ ኣምላኽ ዝብለኒ እዚ እዩ
ብስም የሱስ ፈጺሙ ኣይክፈሽልን እዩ!

TRANSLATED FROM THE MESSAGE BIBLE IN ENGLISH

መዓልታዊ ትንቢታዊ ምርሒትካ

ኣብዚ እዋን እዚ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ (Good News Daily) ንመንእሰያትን ንቜልዑን ከምኡውን ነቲ ብቕጥታ ካብ ልቢ ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ዝብገስ ናይ መዓልታዊ ትንቢታዊ ኣዋጅ ሒዛ ተዘርጊሓ ኣላ። እዚ ናይ ጥዑም ብስራት ማዓልታዊ ትሕዝቶ እዚ ህያውነት ቃል ኣምላኽ ንኹሎም ኣባላት ስድራ ቤትካ ንምህናጽ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ ። እቲ ንህጻናት ዝተዳለወ ሕታም ንቜልዑ ፣እምነት፣ ፍቕሪ፣ ከምኡ ድማ መብጽዓታት ኣምላኽ ብዘሐጉስን መሳጥን ኣገባብ ክቀርብ ከሎ፣ እቲ ናይ መናእሰይ ሕታም ከኣ ኣብ ህይወቶም ብመንፈሳዊ ጥበብን ብርታዕን ንኽምርሑ ዓሚቕ ምስትውዓል ዝህብ ኢዩ። ዕድመኻ ብዘየገድስ መዓልታዊ ምስቲ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ጉዕዞ ዚሰማማዕ ትንቢታዊ መምርሒ ተቐበል! እዚ ኣጋጣሚ እዚ ኣየምልጥካ።ሎሚ ብናጻ ቕዳሕካ ውሰድ።

SCAN ME

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ዓለምለኻዊ ባጀት ይሓትት

ናይ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ መሻርኽቲ (ለጋሲ) ኩን

ብሳላ ልግስኹምን፣ምትሕብባርኩምን ፋይናንሳዊደገፍኩምን ነዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ከነካፍልን ብዛዕባ እቲ ዘይተነግረክንነግርን ክኢልና ኣለና።

እዚ መልእኽቲድማ እቲ ብስራት ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ክቡር ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ዝምህሮ እዩ።

ነዚ መጽሓፍ ክንትርጉሞን ክንሓትሞንከምኡ ውን ብመንገዲ ናይ ተልእኾ መገሻታትና፡ GoodNews On-The-Go Campaign፡ ከምኡ'ውን Adopt a Nation/Language ክንዝርግሑክኢልና ኣለና።

ነዚ ወንጌል ብዝያዳ ንምዝርጋሕተሓባበሩና፡፡ ኣብዚ ዓለምለኻዊ ራእይ፣ ተሓባበርትን መዳርግቲኣካላትን ብምኳን ነዚ መሎኮታዊመልእኽቲ ብመልክዕእዛ መጽሓፍ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ ናብ መላእ ዓለም ንምብጻሕ ተሓባበሩና፡፡

ብነብይ ዩበርት ኤንጅል

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

PARTNER AT: WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

ፈውሲ ቀሊል እዩ

ነብዩ ዩበርት ኤንጅል ነቲ ብፍሉይ ምግላጽ ምስ ጐይታ ኣብ እተጓነፈሉ እዋን እተኻፈሎ መለኮታዊ ትእዛዝ ንምፍጻም ብኣምላኽ እተመርጸ ኣቕሓ ኢዩ። ኣብዚ ምግላጽ እዚ ኣምላኽ በቲ ናይ ምፍዋስ ውህበት ንኣህዛብ ዓለም ከገልግልን ክዝርግሖን ኣዘዘ። ነብዩ ዩበርት ኤንጀል በዚ ትእዛዝ እዚ ኣቢሉ ነቲ ናይ ፈውሲ ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ዓለም ከም ዝፍለጥ ናይ ምግባር ሓላፍነት ተዋህቦ ። ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ብዜደንቕ መገዲ ፈውሲ ኣገልጊሉ እዩ። እዚ ኸኣ ንሰባት ኣካላዊ ምሕዋይ ጥራይ ዘይኰነስ ነቲ ዘይከሓድ ክብርን ሓይልን ኣምላኽ ኣብ ሂወቶም ንክርእዩ ገይሩ ኢዩ ።

ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ኣብ ርእሲ እቲ ትንቢታዊ ጸውዒቱ፣ ነቲ ዓለምለኻዊ ናይ ምፍዋስን ነፍሳት ምድሓንን ምንቅስቓስ ኣብ ምምራሕ ዓቢ ተራ ይጸወት ኣሎን ። ኣብ ትሕቲ ኣገልግሎቱ ብዙሓት ነፍሳት ዓሚቕ ኣካላውን መንፈሳውን ለውጢ ረኺቦም እዮም። ብዙሓት ሰባት ካብ ሕማሞም ኪፍወሱ ኸለዉ፣ ብዙሓት ካልኦት ውን ብፍቕሪ ኣምላኽ ተደሪኽም ድሕነት ነፍሶም ረኺቦም እዮም። ነብዩ ዩበርት ኤንጀል ንምርሒት ጐይታ ብምእዛዝ ንዝገጥምዎ ዕንቅፋታትን መናድቕን ብሓይሊ ኣምላኽ እንዳፍረሰ ኣብ መላእ ዓለም ህይወት ሰባት ይቅይር ኣሎ ።

ብነብይ ዩበርት ኤንጅል

FOR MORE VISIT: WWW.HEALINGINSTITUTE.ORG

ቋንቋ መውል

ኣብዚ መስተንክር ዝኾነ ጉዕዞ፣ ነዚ መልእኽቲ ብምምዋልን ምስ ካልኦት ብምክፋልን ናብ ልቢ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሚሊዮናት ነፍሳት ንክንበጽሕ ተሓባበሩና።
ብሓባር ኮይንና ነቲ ጥዑም ብስራት ጸጋ ኣምላኽ ናብ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከባ ከተማታት፣ ጎደናታትን ኣባይትን ከነብጽሖ ኢና።
ነፍሲ ወከፍ ወርሒ, ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡ . ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡ ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

SPONSOR AT: WWW.GOODNEWSDAILY DEVOTIONAL.COM

ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ተቶርጕማ ትርከብ

ዝተጠርነፁ ሓቅታት ካብ ጥዕም ብስራት መዓልታዊ

ሎሚ ቅዳሕካ ዓድግ!

ምርሒት ካብ ቓል ኣምላኽ ንምርካብን፣መንፈሳዊ ሃብቲ ንምኽዕባትን፣ ኣብ ክርስቶስ ሱር ዝሰደደ ህይወት ንምህላውን ንቃል ኣምላኽ ዘየሻሙ ሂወት ንምምራሕን፣ እዛ ዝተጠርነፁሓቕታት ካብ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ good news daily compendium ዝሓዘት ጽሕፍቲ እምኒ መኣዝን ኮይና ኣላ። እዛ 1ይቲ ሕታም ነዚ ጕዕዞ እዚ መወዳድርቲዘይብሉ ምንጪ ኢያ እትህብ ።ንወንጌላት ብቐሊሉንብዝዓመቄ መገድን ንምጽናዕ ተባሂሉ ውን ብኣርእስትታት ዝተኸፋፈለ መልእኽትታትዝሓዘትት ኢያ።

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

እንቋዕ ናብ ናይ ኦንላይን ማእከልና ብደሓን መጻእኩም! ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

ነፍሲ ወከፍ ወርሒ፡ ውፉያት ተሓባበርትና ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ መዕቆቢ ዘኽታማት፡ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ሆስፒታላት፡ ኣባይቲ ኣረጋውያን፡ .
ኣብያተ ትምህርትታትን፡ መንግስታዊ ትካላትን ኣብ መላእ ዓለም ንዝርከቡ ማእለያ ዘይብሎም ቦታታትን ብናጻ ይዝርግሑ ኣለዉ።
ከም ውጽኢት ናይዚ ዓለምለኻዊ ስርሓት ድማ ብዙሓት ምስክርነት ናይ ድሕነት፣ ፈውስን መለኮታዊ ቀረብን ተቐቢልና ኢና።
ንሓደ ሰብ ናይ ሓድሽ ምጅማር ዕድልን ተስፋን ብምሃብ ኣካል ናይዚ ክቡር መስርሕ ኣምላኽ ኩን።

For more information visit: www.goodnewsdailydevotional.com
You can also send an email to: gnd@goodnewsworld.com
Or Call At: **USA: +1 (240) 781-6942 UK: +44 333 344 8612**
ZW: +263 773 195 955 RSA: +27 (51) 004-0209



ኩሉ ግዜ ኣብ

Spotify

ምስቶም መዓልቶም ብጥዑም ብስራት መዓልታዊ ዚጅምሩ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ሰማዕትና ሕበር
። ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ኣብ **SPOTIFY** እንዳ ሰማዕካ፣
ናብ ጉዕዞ መንፈሳዊ ዕቤትካን ምግላጽ ሓቅታት ቃል ኣምላኽን ብመሰረት ትምህርትታትን መግለጺታትን
ነቢ ዩበርት ኤንጅል ኣብ ሂወትካን ኣብ እትኸደሉ ዘለኻ እዋን፣ ነዛ መጽሓፍ መሳንይትኻ ግበራ።



ኩሉ ግዜ ኣብ

Youtube

Ꭵእዛ መዓልታዊ ጥዑም ብስራት እትብለ ሕታም፣ኣብ መላእ ዓለም እተምጽኑ ዘለ ዓቢ ጽልዋ
ናይ ሂወት ምስክራት ውን ሒዛ ኣብ **YouTube channel** ትዝርጋሕ ኣላ።
ናይ ተስፋን ፍቅርን እምነትን መልእኽትታትሒዛ፣ ማእለያ ዘይብሉ ቁጽሪ ሂወት
ሰባት እንዳ ተንከፈትን እንዳለወጠትን፣ብልጽትን ቀዳመይትንዕለታዊ ንባብ
ኮይና ኣላ ። ጥዑም ብስራት መዓልታዊ፣በቲ ዓሚቕ ትምህርትታት ነብዪ ዩበርት ኤንጀል ዝተደረሰት ኮይና፣
ንውልቀ-ሰባትን፣ስድራቤታትን ፣ ህጻናትን ብምልዋጥ ከምኡ ውን ብዕላማንዕጋበትን
ንኽመላለሱ ብምግባርን ሓያል መሳርሒት ኮይና ኣላ።

ብነብይ ዩበርት ኤንጀል

SUBCRIBE NOW

@GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL

WWW.GOODNEWSDAILYDEVOTIONAL.COM

TheGoodNewsWorld Helplines

USA: +1 (240) 781-6942

UK: +44 333 344 8612

ZW: +263 773 195 955

RSA: +27 (51) 004-0209

www.goodnewsworld.com